ወይን

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1073 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

ዘለናሉ ተኺሳሓይን ዘይተገማታይን መድረኽ ንምስጋር፤ ጠንካራ ብሄራዊ ሓድነት ከምዘድሊ ተደምዲሙ፡፡

ህዝባዊ ኮንፈረንስ ዞባ ደቡብ ትግራይ ተሳሊጡ

ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ጉዳይ ዝውሰነሉ ተኣሳሓይን ዘይተገማታይን መድረኽ ንምስጋር ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ምጥንኻር ከምዘድሊ ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ትግራይ ብውሳንኦም ደምዲሞም፡፡

እቶም ተሳተፍቲ ነዚ ዝገለፁ፤ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ነሓሰ 2017 ዓ/ም ላዕለዎት ኣመራርሓ ውድብን መንግስትን ንዘካየድዎ መድረኽ “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት” ስዒቡ፤ ናብ መላእ ትግራይ ብተመሳሳሊ መንገዲኣብ ዝተዳለወሉ መድረኻት እዩ፡፡ ንብሄረሰብ ኩናማን ኢሮብን ሓዊሱ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ወረዳታት፣ ጣብያታትን ከተማታትን ትግራይ ዝተወከሉ ኣመራርሓ ብሄራዊ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ትካላት ሃይማኖት፣ ስቪል ማሕበራት በብኣካሎም ድሕሪ ምምይያጥ፤ ብድምር 3067 ተሳተፍቲ ኣብ ዝተረኸብሉ ካብ 24 ክሳብ 25 መስከረም 2018 ዓ/ም ክልላዊ መጠቓለሊ መድረኽ እዩ፡፡

እቲ “ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ንኽልተ መዓልቲ ዝተኻየደ ብሄራዊ ኮንፈረንስ፤ ህዝቢ ትግራይ ኣንፀላልይዎ ዘሎ ሓደጋን መፅኣታቱን ዝድህስስ፤ ቀፃሊ ኣንፈታት ዝሕብር፣ ውዕውዕ ተሳትፎ ኮንፈረሰኛታት ዝተርኣየሉ መድረኽ እዩ ነይሩ፡፡

ኣብ መዕፀዊ መድረኽ ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ህዝቢ ትግራይ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ኣቦ መንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል፤ እቲ ዝተኻየደ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ህዝቢ ትግራይ ንመሰሉ፣ ንመንነቱን ንኽብሩን ክሳብ ክንደየናይ ብፅንዓት ጠጠው ዝበለ ህዝቢ ከምዝኾነ ዘመስከረሉ መድረኽ ምዃኑ ሓቢሮም፡፡

ዶ/ር ደብረፅዮን ብተወሳኺ ከምዝበልዎ፤ እዚ መድረኽ ንህዝቢ ትግራይ ካብቲ ሐዚ ዘለዎ ሓሳረ መከራ ንምውፃእ ጥራሕ ዘይኮነስ ናብቲ ዝግበኦ ልዑል ብራኸ ዕብየት ንምብፃሕ ልዕሊ መስዋእቲ ዝኸፈል ነገር እንተዝህሉ እውን ከፊልካ ኣብቲ ዝግበኦ ቦታ ንምብፃሕ ዘኽእል ወነን ሕራነን

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ኣብ ንኡስ መሬት ልዑል መፍረያይነት ብምርካብ ብምግቢ ዓርሰ ምርኮሳ ንምርግጋፅ ይስራሕ ኣሎ፡፡

ቀንዲ መዋፅኦ ህዝብና ብምግቢ ዓርሰ ምርኮሳ ምርግጋፅ ከምዝኾነን ነዚ ድማ ንኡስ መሬት ተጠቒምካ ልዑል መፍረያይነት ንምርካብ ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝቢ ኣይተ ሚኪኤለ ምሩፅ፤ ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ተመዛባላይ፤ ልዕሊ ክልተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ህዝቢ ድማ ህፁፅ ሓገዝ ምግቢ ዝጠልብ ከምዝኾነን እዚ ከቢድ ፀገም ድማ ካብ ገበርቲ ሰናይ ዝርከብ ሓገዝ ጥራሕ ተፀቢኻ ዝፍታሕ ዘይኮነስ ብምግቢ ዓርሰ ምርኮሳ ምርግጋፅ ወሳኒ እዩ ኢሎም፡፡

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ፤ ቀንዲ መዋፅኦ ህዝብና መፍረያይነት ብምድንፋዕ ብምግቢ ዓርሰ ምርኮሳ ምርግጋፅ ከምዝኾነ ብምርዳእ ሕርሻ ትግራይ ድሕሪ ኲናት እንታይ ክመስል ከምዘለዎ ዓርሱ ዝኸኣለ ስትራተጂ ነዲፉ ምስ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ (ዩኒቨርሲቲታት)፣ ዝተፈላለዩ ምሁራትን ዝምልከቶም ኣካላትን ምርድዳእ ብምግባር ትልሚ ሓንፂፁ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣይተ ሚኪኤለ ሓቢሮም፡፡

ኣይተ ሚኪኤለ ብዘይካ እዚ፤ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ኩሉ ግዜ ብህፁፅ ሓገዝ ምግቢ እናረድኡ ካብ ዝነብሩ ዘላቒ ለውጢ ዘምፅእን ዓርሰ ምርኮሳ ዘረጋግፅን ንሓረስታይ ብምሩፅ ዘርኢ፣ ዘመናዊ ድኹዒ /ማዳበርያ/፣ ኣብ ፓኬጃት ምርባሕ ደርሁን ጠለ በጊዕን ንኽሕግዙ “ግብሪ ሓይሊ ልምዓት ሕርሻ” ብዝብል ፕላትፎርም ተፈጢሩ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘለው ገበርቲ ሰናይ ትካላት ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ ዕለት ሮቡዕ እናተራኸቡ ይዝትዩ ምህላዎም እዚ ድማ ዓርሰ ምርኮሳ ኣብ ምጥንኻር ዝለዓለ ግደ ከምዘለዎ ኣገንዚቦም፡፡

ኣቲ ሕብረተሰብ ብዋናነት ኣብቲ ገባር መዋፅኦኡ

*ሎሚ ዘበን 16 ሚልዮን ኩንታል እቶት ክርከብ ተገሚቱ፤

ዑደት መፍረያይነት ንምስሳን ካብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ፤ ወረዳ እምባ ኣላጀ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጎ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

15 ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1073
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ኩሉ መዳይ ምድላውና ንሓድነትን ዘላቒ ሰላምን!

“ብሄራዊ ሓድነት!” ንህዝቢ ትግራይ ወሳኒ ዝኾነሉ ምኽንያት ምንጪ ጥንካርኡን ዓወታቱን ብምዃኑ እዩ። ፀላእትና ካብዘፃውዱልና ሓደጋ መውፅኢ መንገዲ ጥራሕ እንተይኮነ ቀፃሊ ጉዕዞናን መፃኢ ባህግታትናን ክነሰላስል ዘኽእለና ቁፅሪ ሓደ ኣጀንዳ ስለዝኾነ እውን እዩ። ካብዚ ብተፃራሪ ፀላእትና ኩሉ ግዘ ሓድነትና ክበታተንን ንፋስ ክኣትዎን ዝሰርሕሉ ምኽንያት፣ “ሓደ እንተኾይኖም ክጥንክሩ እዮም፤ ነዕኦም ከምህዝቢ ናይ ምጥፋእ ትልምና ከበርዕንዎ እዮም፤”... ካብ ዝብል ንዘመናት ዝተኸተልዎ ግጉይ ስነ...ሞጎት እዩ። ኣብዚ መዋእል እዚ ዝረአ ዘሎ ሓደጋ እውን ካልእ እንተይኮነ “ተዳኺሞም እዮም፣ ተኸፋፊሎም እዮም፣ ብቐሊሉ ናብ ውሽጦም ኣቲና ክንብትኖም ንኽእል ኢና፣” ወዘተ ካብ ዝብል ግጉይ መበገስን መደምደምታን ምዃኑ ንሪኡን ንሰምዖን ኣለና።

ፀላእቲ፤ ንምንታይ እዮም ህዝቢ ትግራይ ክዳኸምን ክበታተንን ዝብህጉ?... ካብ ሕሉፍ ተሞክሮታቶም ከይተምሃሩኸ ነዚ ህዝቢ ንምጥፋእ ተደጋጋሚ ፈተነ ዝገብርሉ ምኽንያት እንታይ ይኸውን? ዝብሉ ሕቶታት ዕሙቆት ብዘለዎ ምርምር ክምለሱ ዝግበኦም እኳ እንተኾኑ ድምር ኣቢልካ እንትረአ ግና ኣብ ውሽጥና ዘጋጥሙ ንሓድነትናን ጥንካረናን ዝፈታተኑ ሽግራት ጐሊሁም እንትወፁ ዝፍጠሩ ደጋዊ (ከምቲ ስርዓት ዓብይ ዝገብሮ ዘሎ) ከምኡ እውን ውሽጣዊ (ከምቲ ጠላም ጉጅለ ዝፍፅሞ ዘሎ ተግባር ባንዳነት)፤ ድኹዒ ኮይኖም ስግኣትን ሓደጋን ክፍጠር ስለዝዕድሙ እዩ። እምበር ህዝቢ ትግራይ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ መሬት እንዳማቱ ጐቢጡ ኣይፈልጥን፤ ኣፈ-ሙዝ ኣልዒሉ ዝወግእ ህዝቢ ኣይነበረን፤ ብሰላም ተኸባቢሩ ክነብር ድልየትን ተበግሶን ዘለዎ ህዝቢ እምበር ተፃብኦታት ዝዕድም ህዝቢ ኣይኮነን፤ ኣይነበረን እውን። ይኹን'ምበር፤ ውሽጣዊ ኩነታትና ብምጥቃም ብኣውርኡ ኣንፃር ብሄራዊ ሓድነትናን ህልውናናን ይወፍሩ፤ ካብዚ ብዘይንእስ ድማ ከምህዝቢ ብመንነቱ ክናሾ፣ ክዳነይ፣ ክስደድ፣ ብኻልኦት ክወሓጥ፣ ክጭፍጨፍ፣ ወዘተ ዘግብር ስነ-ልቦናዊ፣ ፖለቲካውን ወታደራውን መፍሪ ንምክያድ ይሕነዩ፤ ዕድል እንተረኺቦም ድማ ከምቲ ክሳብ ቀረባ እዋን ኣብ ልዕሌና ዘካየድዎ ፅንተታዊ ኲናት ከፊቶም ከጥፍኡና ዘሎን ዘየሎን ዓቕሞም ተጠቒሞም ይወፍሩ።

ኣብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ውሽጥና ዝነበረ ሕማቕ ፖለቲካዊ ኩነታት፣ ብዋናነት ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ብዝፈፀሞ ታሪክ ዘይርስዖ ጥልመት ምኽንያት ቾሰብ ስትራተጂካዊ መሪሕነትናን ዓቕምታትናን ዝተፈጠረ ሓደጋ ሳላ ውዑይ ቓልሲ ውድብናን ህዝብናን በርዒኑ ኣብ ዝሓሸ ጥንካረን ሕውየትን ንርከብ። እዚ ክረጋገፅ ዝኽኣለ ድማ ውድብን ህዝብን ኣብ መትከላትና ፀኒዕና ሓድነትና ክረጋገፅ ብምግባር እቲ ነዚ ዝፃባእ ሓይሊ ብቓልሲ ክመሓው ስለዝገበረ እዩ። በቲ ንቡር መትከላዊ መስርሕና ናብ ውሽጥና ሳላ ምርኣይናን ህዝብና ሒዝና ዘይንፈትሖ ፀገም የለን ኣብ ዝብል እምነትና ብምፅናዕናን እቶም ዝተለመዱ ፀላእትናን ናይ ውሽጥና ባንዳታትን ርእሶም ከድንኑን ኣብ ደምበኦም ክስለፉን ክኢሎም እዮም።

ይኹን'ምበር፤ እቲ ተፈጢሩ ዝፀንሐ በሰላታት፤ ብፍላይ ድማ ውዕሊ ፕሪቶሪያ በቲ ዝተፈራረመ ኣካል (ፌደራል መንግስቲ) ክትግበር ዘይምኽኣሉ ኣብ ህዝብና ዝበፅሕ ዘሎ ስቓይ፣ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ካሊእ ደበና ጥፍኣት ንምእዋጅ ዝድሰኾ ዘሎ ነጋሪት ኲናት፣ እቲ ጠላም ጉጅለ ፈጢርዎ ዝኸደን ሕዚ'ውን ኣጠናኺሩ ዝቕፅሎ ዘሎን “ተዘይበላዕኽዎ ክብትኖ” ዝዓይነቱ ትግራይ ማእኸል ዕግርግር ናይ ምግባር ልኡኽ፤ ኣብ ውሽጥና ዝረአ ዘሎ ገና ዘይፀረየ ደምበርበርን መሊኡ ዘይተሰገረ ናይ ድሕነት ቓልስን ተደማሚሩ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብሓድነትን ሕብረትን ኣፍቲ ዝድለ ብራኸ ክበፅሑ ኣይከኣሉን።

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኻየደን ሎሚ እውን ብሰላሕታ ዝቕፅል ዘሎን ፅንተታዊ ሓደጋ፤ ማለት እውን፡- ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስምብራት፣ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላዋት ወዘተ ከቢድ ስግኣት ዘምፅእ ዘሎ ካብ ምዃን ብዝሓለፈ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን ሕቶ ዘስዕብ ኮይኑ ይርከብ። ነዚ ተኳሳሓይን ዘይተገማታይን ንኡስ መድረኽ ምዃኑ ብሄራዊ ሓድነትና ካብ ሕሉፍ ዝያዳ ብምጥንኻር ከምኣርቃይ ረቢብና ብምቕላስ ጥራሕ እንምክቶን ነቲ ሓደጋ ክተርፍ እንገብሮን ምዃኑ ምርዳእ ኣገዳሲ ይኸውን።

ካብዚ ብምብጋስ “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት!” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብዝተኻየዱ ናይ ውድብ፣ መንግስትን ህዝብን ፅዑቕ መድረኻት፤ ዝተልዓሉ እዋናዊ ኣጀንዳታትን ዝተበፅሑ መደምደምታታትን ብውነ ተቓሊስካ ምትግባር ዘለዎ ትርጉም ህልውናን ድሕንነትን ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ምውሓስን ዘለቒ ዕድልና ከምህዝቢ ምውሳንን ምዃኑ ንፃት እውን ክንዝንግዕ የብልናን። ብመሰረት እዚ፤ ኣንፈት ቀፃሊ ትልምና ነቶም ኣርባዕተ ቀንዲ ስትራተጂክ ዓቕምታት፤ ማለት እውን፤ ውድብና ህወሓት፣ ግዚያዊ ምምሕዳርና፣ ሰራዊትናን ህዝብናን ዘዳሉን ናብ ተግባር ዘውፍርን ኮይኑ ናብ ባይታ ወሪዱ ኣሎ።

ቁልፊ መደብ ወይ ድማ መበገስን መዛዘምን ምድላውን ተግባርን ምዕራፍ ትልምታትና ኣብ ኩሎም ናይ ውድብ፣ መንግስቲ፣ ሰራዊትን ህዝብን ስራሕቲ ብሄራዊ ሓድነትና ምርግጋፅ እዩ። በዚ መዳይ ፖለቲካዊ ህንፀት ኣመራርሓና ብኹሉ ገፅ ብብቕዓት ምክያድ፣ ሓይልታት መኸተ ሓድነት ኣረኣእያ ክህልዎም ምግባር፤ በዚ ኣቢልካ እውን ንህላወናን ድሕንነትናን ዋሕስ ዝኸውን ጥንኩር ሓድነት ምህናፅ፤ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ክንፍፅሞም ዝግባእ መደባትና እዮም። ምስዚ ጐድኒ ንጐኒ ንብሄራዊ መኸተና ዝፃብኡ ኣረኣእያን ተግባርን ብፅንዓት ምቅላስ ኣካል ትልምና ኮይኑ፤ ብፍላይ ኣብዚ ህልው ኩነታት ብዝገደደ ኩነታት ኣንሳእሪሩ ዘሎ ኣተሓሳስባን ተግባርን ክራይ ኣካብነት ንምክልኻል ብቖርፀኝነት ምስራሕ የድሊ። ብዘይካ እዚ፤ ሓድነትና ዝዘርጉ፣ ሽም መሪሕነትናን ሰራዊትናን ዘፀልሙ፣ ክብርታት ህዝቢ ትግራይ ዝሸርሽሩ ተግባራት ተሸኪምና መንፈስ ቓልሲ ህዝብና እናተዘረገ ክቕፅል ፍፁም ኣግባብነት ስለዘይብሉ ኣብዚ መዳይ ጠንካራ ፖለቲካውን ሕጋውን ቃልሲ ብምክያድ ሓድነትና ክብርኽ፣ ሓይልታት መኸተና ሞራሎም ክነቓቕሕ፣ ፀላእትና ክሓፍሩ፣ ብፍላይ እቲ ጠላም ጉጅለ ድማ መሊኡ ክሰዓር ዘግብር ናይ ተግባር ምንቅስቓስ ክካየድ በብደረጅኡ ተወሲኑ ናብ ተግባር ተኣትዩ እዩ።

ብኻልእ መዳይ፤ ኣብ መሓውራት ውድብን መንግስትን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ጠንካራ ቐመና ምፍጣርን ብኣተሓሳስባ ይኹን ብኣወዳድባ ብሄራዊ ሓደነትና ንምውሓስ ብዘኽእል ኣግባብ ተቓንዮም ክኸዱ ዘኽእል ምትዕርራይ ክግበር እውን ተተሊሙ እዩ። በዚ እውን ኩሉ ኣካል ሰስርሑ ብምስራሕ ህዝቢ ግቡእ ኣገልግሎት ዝወሃበሉ፣ እቲ ህዝቢ እውን ሓድነቱ ኣብ ምጥንኻር ኣብ ጐድኒ ውድብን መንግስትን ኮይኑ ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ዘበርክተሉ ናይ ሓባር ትልሚ ኮይኑ ናብ ተግባር ተሰጋጊሩ ኣሎ። ኣብዚ መዳይ ህዝብና ዝተጐድኦ ስነ-ልቦንኡን ወነ ቃልሱን ናብ ንቡር ክምለስ፣ ኩሉ በብድረጅኡ ዝግበኦ ረብሓ ተጠቃሚ ክኸውን ዘግብሩ ዕማማት እውን ክፍፀሙ እዮም። ብዘይካ እዚ ደጀንና ሰላሙን ፀጥታኡን ክሕሎ፣ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሙ ንምዕባይ ማእቶት ከድንፍዕን ብኽነት ዘወግድ መደባት ምትግባርን ንዓርሰ ምርኮሳና ወሰንቲ ብምዃኖም ብውነ ምፍፃምን ትልምታትና ምሉእ ብምሉእ ክዕወቱ ምግባርን ይግባእ።

ንምጥቕላል፤ ከምህዝቢ ሓድነትና እንተሓሊና እንተጠናኺርናን፣ ኩሉ መዳይ ምድላውና ድማ ብቑዕ እንተኾይኑን፣ ኣብ ተግባር እውን ብፅንዓት ተቓሊስና ንምፍፃም እንተቖሪፅና ሰላምና ዘላቒ ይኸውን፤ ስግኣት ኲናት ይቕንጠጥ፤ ፀላእትና ፈኸረኦም ገዲፎም ሰጋእ ክብሉን ተጐቲቶም ናብ መኣዲ ሰላም ክምለሱን ይገብሮም፤ ሕውየትናን ዳግመ ህንፀትናን ይገሃድ። ስለዚ ድማ በብኣካልና፤ ምድላውና ምቅልጣፍ፣ ምፅፋፍን ናብ ተግባር ኣሰጋጊርካ ምፍፃምን ቀንዲ ዋኒንና ገይርና ኣበርቲዕና ንቃለስ!!

ትብፃሕ

ሓድነትና- ሰረት ህላወና!

ዝኸበርኩም ኣሰናዳእቲ ጋዜጣ ወይን፤ ሰላም ከመይ ቀኒኹም እናበልኩ ንሎሚ ናብ ዝሓረኹዎ መበገሲ ፅሑፈይ ክኣቱ።

ከምዝፍለጥ ቅድሚ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ከባቢ ብሰንኪ ኣብ ላዕለዎት ኣመራርሓ ትግራይ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ስዒቡ ፖለቲካውን መንግስታውን መሪሕነት ትግራይ ኣብ ጓል መንገዲ ደው ኢሉ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ተሸርሺሩ ሃለዋትን ቀፃልነት ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ሓደጋ ኣንፀላልይዎም መላገዒ ፀላእቲ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ።

“ክምብል በለ እሞ ኣይፈሰሰን” ከም ዝበሃል ነቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ናይ ህልውና ሓደጋ ናብ ዝኸፍአ ብርኪ ቅድሚ ምስግጋሩ እቲ ብጉጅለ ክሕደት ብቑሸትን ኀጥን እናተሓመሰ ሸለው ላጋ ከብልዎ ዝፀነሐ ህዝቢ ዞባ ደቡብ ትግራይ ናብ ንቡር ምሕደርኡ ክምለስን ናይ ህዝቢ ሓድነት ክጠናኸርን ምትዕርራይን ዓብይ ስራሕ እዩ ተወጊኑ። ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምጥንኻር ከም ውድብ ህወሓት፣ ግዚያዊ ምምሕዳርን ሰራዊት ትግራይን እቲ ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ህልውናን ምሽርሻር ሓድነትን መበገሲኡን መፍትሒኡን ብዕቱብ ገምጊሞም ትካላዊ ውሳነታት ክህልዉ ገይሮም እዮም። ብመሰረት እዚ “ብሄራዊ ሓድነትን ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነት ትግራይ!” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ በቢ ውዳብኡ ኣብ ኩለን ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ መስከረም 2018 ዓ.ም ዝተኻየዱ መድረኻት ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነትን መጠቓለሊ ኮንፈረንስን ድማ ወሰንቲ መድረኻት ኮይኖም ተኻይዶም እዮም።

ኣብቲ ዝተሳለጠ ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ኣብ ህሉው ኩነታት ትግራይን ሓድነትን ኣመልኪቶም ፖለቲካዊ፣ መንግስታውን ላዕለዎት ኣመራርሓን ተወከልቲ ሰራዊትን ዘትዮም እዮም። ቀንዲ ትኹረት እቶም መድረኻት ድማ ህሉው ኩነታት ትግራይ፣ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶርያን ምንቅስቓስ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይን ምስ ህዝቢ ብዕምቆት ዝተዘተየሉ ነይሩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ዕላማ ፀላእቲ ዝሓዘ ጉጅለ ክሕደትን ናይ ውሽጢ ባንዳታትን ሓድነት ህዝቢ ትግራይን ሰራዊት ትግራይን ናይ ምሽርሻር፣ ሰላም ናይ ምዝራግን ካልኦት ዓበይቲ ሽርሒታትን ተሰኪሞም እኩይ ስራሕቲ እናተሰርሑ ከም ዝፀንሑ ህዝቢ ትዕዝብቱ ገሊፁ እዩ። ብምዃኑ እውን ህዝቢ ትግራይ በቲ ዝተፈጠረሉ መድረኽን ብሄራዊ ኣጀንዳን መሰረት ብምግባር ብፀላእቲ ዝሕሰበሉ ዘሎ ሽርሕን ሳዕቤናቱን ብዝግባእ ተረዲኡ ሓድነቱ ከጠናኽር፣ ኣብ ውሽጥን ደገን ዝተሰለፉ ፀላእትን ክራይ ኣከብትን ብሓድነት ክቃለሶም ይግባእ። ብዋናነት ግን ቀፃሊ ህላወና ኣብ ሓድነትና ዝምስረት ስለ ዝኾነ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ናብ ሓደ ኣምፂእና ብሔራዊ ሓድነትና ከነስጥም ዝተበታተነ ሓይልና ብምትእኽኻብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብሙሉእነት ክትግበርን ኣብ እንገብሮ ሰለማዊ ቃልሲ ዘለና ዕድል ፀንቂቕና ክንጥቀምሉ ይግባእ።

ካብዚ ወፃእ እቶም ብጉጅለ ክሕደት ብኸባብያውነትን ካልኦት ግዚያዊ ጥቕማ ጥቕምን ተታሊሎም ኣብ ክልል ዓፋር ከይዶም ዝስልጥኑ ዘለዉ ነባራት ተጋደልትን መናእሰይን ትግራይ ንጉጅለ ከሓድቲ፣ መድሓርሐርትን ሰበ ስልጣንን ክብሉ ሓሽከራት ስርዓት ብልፅግና ክኾኑን ኣይግባእን። ስለዚ ናብ ህዝቢ ትግራይ ቅድሚ ምትኺሶም ደጊሞም ክሓስቡን ናብ ውኒኦም ክምለሱ ኣለዎም። እዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ኣብ ውሽጥና ሓድነትና ንክልሕልሕ ዝፀልዉ ጉዳያት ሰናይ ምምሕዳር፣ ዘይፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዳይነት፣ ስእነት ፍትሒ ዝንጉዕ ኣወሃህባ ግልጋሎት ኣብያተ ዕዮታት፣ በለፅተኝነት፣ ግበረለይ ክገብረልካን ካልኦት ዘይሕጋዊ ኣሰራርሓን ብትረት ክንቃለሶምን ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ እውን ቁርፀኛ ኮይኑ ክሰርሕ ይግባእ።

ኣስረስ ኣረሩ
ካብ መቐለ

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፤ ፅንዓትን ዓወትን!

እዋናዊ ዛዕባ

‘ብሄራዊ ሓድነት’ ኣማራፂ ዘይብሉ መዋፅኦ!!

“ሓድነት” ሓደ መግለፂ ህዝቢ ትግራይ እዩ። እዚ ህዝቢ፤ ውሑድን ስሙርን እዩ። ስሙር ሓድነት ስለዘለዎ ድማ ልዕሊ ቐፅሩ ዘሕድሮ ፅዕንቶ ጎሊሁ ይርአ። ሳላ ወናኒ ጠንካራ ሓድነት ዝኾነ፤ ኣብ መዋእሉ ከበድቲ ፈተናታት እንተጋጥምዎ ንዕኦም እናሰገረ ኣብዚ ደረጃ ክበፅሕ ክኢሉ እዩ። ይኹን እምበር እቲ በብመዋእሉ ከበድትን ዝተሓላለኹን ሓደጋታት እናጋጠምዎ ክቡር መስዋእቲ ብምኽፋል ህልውንኡ እናረጋገፀ ዝመፀ ህዝቢ፤ ሕዚ እውን ካብ ፈተናታትን ሓደጋ ህልውናን ኣይተናገፈን። እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈፀመ ፅንተት ከይኣክል፤ ውሽጣዊ ሓድነቱ ንምዝራግ ብዝተዋደደ መንገዲ ይስራሕ ኣሎ። እዚ ድማ “ሓድነት ህዝቢ ትግራይ እንተተዘሪጉ ቐፃሊ ህልውንኡን ድሕንነቱን ኣብ ሓደጋ ንምእታው እቲ ዝቐለለ መንገዲ እዩ” ዝብል ስልሒትን ውዲትን ናይ ውሽጥን ደገን ፀላእቲ ምኺኑ ምግንዛብ የድሊ። ምኽንያቱ ሓድነትና ዋሕስ ህልውናናን ድሕንነትናን ምኺኑ ቑልጭ ኣቢሎም ይፈልጥዎ እዮም። ካብዚ መሰረታዊ ነጥቢ ተበጊስካ ክርአ እንተሎ፤ ኣምር ስጡም ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ብመንፅር ረብሓ ውልቀ ሰብ፣ ጉጅለ፣ ውድብ ይኹን መንግስቲ ዝርአ ዘይኮነስ ሰረት ህልውና ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ምኺኑ ግልፂ እዩ። ብመሰረቱ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስን ብዝበለፀ ንምጥንኻርን ቁልፊ በዓል ዋና ህዝቢ ትግራይ እዩ። ነዚ ዘምፅኡ ኩሎም መንገድታትን ኣገባባትን ምጥቃም ድማ ግድን ይኸውን። እቲ ፀገም ዝፍታሕ፣ እቲ ሓድነት ናብ ንቡር ዝምለስን ዝጠናኸርን እውን ብህዝቢ ትግራይ ምኺኑ ምርዳእ የድሊ።

ኣብ ጉዳይ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ፤ ደጋዊ ሓይሊ ነቶም ሕዚ ብጭቡጥ ዘጋጥሙና ዘለዉ ፀገማት ካብ ምግዳድ ሓሊፉ ካልእ ግደ ክህልዎ ኣይኽእልን። ስለዝኾነ ንሓድነትና ተፃባእቲ ዝኾኑ ኣተሓሳስባታትን ተግባራትን ብምውጋድ ኣብ ሓድነትና ካብ ምዕሳል ወፃእ ካልእ ኣማራፂ ክህልወና ኣይኽእልን። ኣብዚ ዘለናሉ ኩነታት ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ናብ ንቡር ምምላስን ምጥንኻርን ዘድልየሉ ቀንዲ ምኽንያት፤ ኣብናይ ህልውና ሓደጋ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ ንምድሓን እዩ። ምኽንያቱ ፀላእትና ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ንምጥፋእ ዝሓዝዎ “ፕላን” ሕዚ እውን ኣይተቐየረን። ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። የግዳስ መልክዓት ጥፍኣት እናቐያየሩ ብዝተዋደደን ዝተተለመን ኣገባብ ቀትርን ለይትን ይንቀሳቐሱ እዮም ዘለዉ። ዋላ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ እውን እንተኾነ፤ ብዙሕ ዝተቐየረ ኣከያይዳ ከምዘየለ ምርዳእ የድሊ። እቲ ኩነታት እናሓመቐ፣ እናገደደን ካልኦት ከበድቲ ፈተናታት እናወለደን ይኸይድ ከምዘሎ ብጭቡጥ ዝርአ ዘሎ ሓቂ እዩ። ብርግፅ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ተኹሲ ደው ኣቢሉ እዩ። ህዝብና ተነፃፃሪ ሰላም ረኺቡ እዩ። ከምኡ እውን ዝተወሰኑ ኣገልግሎታት ጀሚሮም እዮም።

ይኹን እምበር ናብ ምሉእ ሰላም ከሰጋግር ትፅቢት ዝተገበረሉ ውዕሊ፤ እቶም ስምምዕ ዝተበፅሓሎም ነጥብታት ክትግበሩ ብዘይምኽኣሎም መልክዑ ዝቐየረ ፅንተት ይቕፅል ኣሎ። በዚ ምኽንያት እቲ ንሓሙሽተ ዓመት ተመዛቢሉ ክርፋሕ ናብራ ዘሕልፍ ዘሎ ህዝብና ናብ መረበቱ ኣይተመለሰን። ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ሉኣላዊ ግዝኣትና ናብቲ ቅድሚ 2013 ዓ.ም ክምለስ እናተገበአ ክሳብ ሕዚ ክትግበር ኣይኸኣለን። ወረርቲ ሓይልታት ካብ መሬት ትግራይ ኣይወፁን። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ፖለቲካዊ ልዝብ ክጅመር ኣይከኣለን። ቐፃሊ ኣከያይዳ ዝምልከት ምዝርራብን ምርድዳእን ዝበሃል የለን። እቲ በሪ ዝርርብ ብወገን መንግስቲ ፌደራል ዕፅው እዩ ገይርዎ ዘሎ። ብኣንፃሩ ካልእ ሓዱሽ ኩነታት ይፍጠር ከምዘሎ ኹሉ ዝርድኦን ዝርእዮን ዘሎ ሓቂ እዩ። እዚ ህዝቢ፤ ንዝሓለፉ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ኣብ ሓደጋ ሃለዋትን ድሕንነትን እዩ ፀኒሑ። ሕዚ እውን ንዕኡ ንምጥንኻር ኩሉ ዓይነት ሽርሒ እንትፍፀም ንርኢ ኣለና። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ድማ ህዝቢ ትግራይ ከምቀደሙ ኣብ ሓድነቱ ክፀንዕን ክረብብን ግድን ይኸውን። ዘፈላልዩ ነገራት ንጎድኒ ገዲፉ ሓደ ኣብ ዝገብሩ ወሰንቲ ኣጀንዳታት ክለዓል ኣለዎ። ከምህዝቢ ተኣኪቡ ክዝቲ፣ ክመክር፣ ክዕረ ዝግብኦ ከዕሪ፣ ሓቢሩን ተሓጋጊዙን ክኸይድ ኣለዎ። ከምዚ እንተዘይገይርኻ እቲ ዝስዕብ ሓደጋ ከቢድ እዩ። እቶም ፀላእትና ሕዚ እውን ዝኸድዎ ዘለዉ ኣከያይዳ ከምህዝቢ ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ህልውና ዘጥሕል ብምኺኑ ነዚ እንምክተሉ ብሕታዊ መንገዲ ሓድነትና ምኺኑ ምግንዛብ የድሊ።

እምብኣር ካብዚ ሓደጋ ንምድሓን እዩ “ህዝባዊ ኮንፈረንስ ንብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ” ብዝብል ዝተሰየመ መድረኽ ቃልሲን “ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ” ብዝብል መሪሕ ሓሳብን ኣብ መላእ ትግራይ መድረኽ ዝተኻየደ። ኣብዚ ኣብ ወርሒ መስከረም ዝተኻየደ መድረኽ ብዙሓት ኣካላትን ትካላትን ተሳቲፎም እዮም። ንኣብነት፤ ካብ ውድብና ህወሓት፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ሰራዊት፣ ህዝቢ፣ ሃይማኖታዊ ትካላትን ማሕበራትን፣ ልኡኻት ውድባት ትግራይ ዝተሳተፍሉ ዓብይ መድረኽ እዩ። እቶም መድረኻት፣ መድረኽ ሓድነት ኢልካ ክድምደም ይከኣል። ቀንዲ ማእኸሉ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ናብ ንቡር ንምምላስን ዝያዳ ንምጥንኻርን ዝዓለመ እዩ። ኣብቶም መድረኻት ብዋናነት ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ምስህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ዝተኣሳሰሩ እዮም። ከምቲ ተደጋጊሙ ዝግለፅ፤ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽና እናጋጠመ ዝመፀ ፍፃመ ኣሎ። ንሱ እውን ሓድነትና እንተልሕልሕ ንናይ ደገ ፀላእቲ ከምእንቃላዕ እዩ። ኣብ መንጎና ናይ ሓድነት ክፍተት እንትፍጠር ንተፃባእቲ ሓይልታት ዓቕሚ እዩ ዝኾኖም። ሓድነትና እንትጥንክር ድማ ንከበድቲ ሓደጋታት ሰጊርና ብዓወት መሰስ ንብል። ሃለዋትናን ድሕንነትናን ይረጋገፅ። ፀላእትና መኪትና ካብ ጥፍኣት ንድሕን።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ፤ ሕዚ እውን እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣንፀላልዩ ዘሎ ድግስ ጥፍኣት ካብቲ ዝሓለፈ እናገደደን እናኸፍአን ዝኸይድ እምበር ዝንእስ ክኸውን ኣይኽእልን። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ህዝቢ ትግራይ ሓደጋ ህልውናን ድሕንነትን ኣጋጢምዎ ከበሃል እንተሎ፤ ፀላኢ “ድሮንን ካልኦት ቴክኖሎጅታት ውግእን ተጠቒመ ከጥፍኣኩም እየ” ብዝብል ጥራሕ ክርአ የብሉን። እቲ ኣብ ስነ-ኣእምሮ ፀላእትና ዝሰፈረ ኣንፃር ህልውና ህዝቢ ትግራይ ዘቕነዐ ኣተሓሳስባ እዩ ክምክት ዝግበኦ። ነዚ እውን ካብ መሰረቱ ዘላቒ መፍትሒ ክግበረሉ ዝግባእ ጉዳይ ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። ኣብዚ ጉዳይ ህዝብና፤ “ንምንታይ ብተደጋጋሚ ኩናት የጋጥመና? መንቀሊ እቲ ፀገም እንታይ እዩ? ከምዚኦም ዝበሉ ኣብ ህልውናና ዘነፃፀሩ ሓደጋታት ዘላቒ መፍትሒኦም እንታይ እዩ?” ወዘተ እናበለ ብተደጋጋሚ ዘልዕል እኳ እንተኾነ ዛጊድ ብቑዕ ምላሽ ዘይረኸበሉ እዩ። እዚ ትኽክልን ብመሰረቱ ክፍታሕ ዝግብኦን መሰረታዊ ሕቶ ኮይኑ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ኩናት ብርሑቕ ብምትራፍ፣ ዘላቕን ውሕስን ህልውናና ንምርግጋፅ ግዘ ከይሃብና ክንሰርሕ ይግብኣና። ዘተኣማምን ሰላም ከየውሓስኻ ዝረጋገፅን ዝመፅእን ልምዓት የለን። ካብ ድኽነትን ድሕረትን ምውፃእ ኣይከኣልን፣ ኣይሕለምን። ብኣንፃሩ እቲ ዝለምዐ ይዓንው ንድሕሪት ይምለስ። ንኣብነት፣ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ኣብ ልምዓትን ዕብየትን፣ ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርን፣ ሰላምን ፀጥታን ኣድማዕቲ ለውጥታት ተመዝጊቦም ነይሮም። ይኹን እምበር ዘላቕነት ክህልዎም ኣይከኣለን። ብኩሉ መዳይ ናብ ድሕሪት ተመሊስና። ኸይዱ ኸይዱ ድማ ናብዚ ከቢድ ሓደጋ ህልውና ክንጥሕል ገይሩና። ብመንፅር እዚ ክርአ እንተሎ፤ ኣገባብ ቓልስና በቲ ዝተለመደ ኣከያይዳን መንገድን ዘይኮነስ ቐፃልነት ህልውና ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ብዝገብር ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ውፅኢታዊ ንምግባር ከምውድብ ምድላው ይግበር ኣሎ። ከም ህዝቢ ድማ ቅድሚ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ኣብ መዋፅኦናን ዘላቒ ህልውናናን ክንረብብ ይግብኣና። ነዚ ብዘላቕነት ንምርግጋፅ እቲ ቕስሚ ፀላእትና ዝሰብር ሓድነትና ዝያዳ ክብርኽን ክጠናኸርን ኣለዎ።

ኣብዚ ክስመረሉ ዝግብኦ መሰረታዊ ጉዳይ፤ “ሓድነት ህዝቢ ትግራይ” እንትንብል ኣብ ህዝቢ ናይ ሓድነት ፀገም ከምዘየለ እዩ። እቲ ፀገም ኣብ ህዝቢ እንተዝህልው ነይሩ ክሳብ ሕዚ ተበቲንና ምሃለና። ምኽንያቱ ህዝቢ ትግራይ “ፋሕፋሕ” ኢሉ ንክብተን ዘይተፈንቀለ እምኒ፣ ዘይተኣልመ ውዲት ኣይነበረን። ሕዚ እውን ይስርሑሉ እዩ ዘሎ። ትግራይ ንምብታንን ንምጥፋእን፣ ህዝቢ ብከባብያውነት ንክጣፋእን ነንባዕሉ ክዋዳእን ዝከኣሎም ካብ ምግባር ንድሕሪት ኣይበሉን። ነዚ ኹሉ ሽርሒ ደው ኣቢልዎ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምዝራግ፣ ንምብታንን ንምሕማስን ብርክት ዝበለ ገንዘብ እናፈሰሰ ሳላ ህዝቢ ይፍሸል ኣሎ። ህዝብና ግና ሕዚ እውን ኣብ ቦትኡ እዩ ዘሎ። እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ውዲት ፀላእቲ ንምፍሻል ሓድነትና ዝበለፀ ምጥንኻር ግድን ስለዘድሊ ቀፃልነት ዘለዎ ቃልሲ የድሊ እዩ። ኣብቶም ዝሓለፉ ህዝባዊ ኮንፈረንሳት ካብ ህዝቢ ዝተልዓለን ዝተደምደመሉን መሰረታዊ ነጥቢ እውን እዚ እዩ።

እቲ ካልእ ክለዓል ዝግብኦ፤ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝምልከት ኾይኑ፤ እዚ ውዕሊ ኣብዚ ሕዚ እዋን ምስመንግስቲ ፌደራል ዘራኽበና ብሕታዊ ሰነድ እዩ። ነዚ ውዕሊ ዝፈረሙ ህወሓትን መንግስቲ ፌደራልን እዮም። ይኹን እምበር ተፈራሪምኻ እንትተብቅዕ “ኣይፈልጠካን” ኢልኻ “ሕጋዊ ኣፍልጦ ኣይህበካን” ምባል ተቐባልነት ክህልዎ ኣይኽእልን። ካብዚ ዝተልዓለ ድማ ህዝቢ፤ “እቲ ስምምዕ ኣበይ ኣሎ? ንምንታይ ዘይትግበር? ፈሪሱ ድዩ?” እናበለ ብተደጋጋሚ የልዕል ኣሎ። እዚ ሓቂ እዩ። ነቲ ውዕሊ ዝፈረመን ዝተደራደረን ብኣውርኡ ድማ ብህዝቢ ትግራይ ዝተፈጠረን ንህዝቢ ትግራይ ዝመርሕ ዘሎን ህዝባዊ ውድብ “ኣይፈልጠካን” ምባል ነቲ ውዕሊ ካብ ምፍራስ ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ክህልዎ ኣይኽእልን። እዚ ስምምዕ ኣብ ቅድሚ ዓለም ዝተፈረመ እዩ። ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝግለፅ ነዚ ውዕሊ ንምትግባር ብወገን ውድብና ህወሓት ብሓፈሻ ድማ ብወገን ትግራይ ኩሉ ክግበር ዝግብኦ እናተፈፀመ መፂኡ እዩ፤ ሕዚ እውን ንተግባራውነቱ ይስራሕ ከምዘሎ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ካልእ ኣይኮነን። እዚ ስምምዕ ሳላ ሓድነት፣ ፅንዓትናን ክቡር መስዋእትናን ዝመፀ እምበር ብዝኾነ ኣካል ዝተተኾበልናን ብሓልዮት ዝተወሃበናን ስለዘይኮነ።

እቲ ሓቂ እዚ እናሃለወ፤ “ኩናት እዮም ዝደልዩ፣ ንኩናት ይዳለዉ ኣለዉ፣ ኣዐግስዎም፣ ምኸርዎም” ወዘተ ብምባል ብዘይሕንከት እንትዛረቡ ይስምዑ እዮም። ካብዚ ሓሊፎም ሸማግለታት ከምዝለኣኹ ይዝከር። ህዝቢ ትግራይ ዝፅበዮ ዘሎ፤ ወረርቲ ክወፁ፣ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ክኽበርን ተመዛበልቲ ወገናት ናብ መረበቶም ክምለሱን ኮታስ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብምሉእነት ክትግበርን ናብ ምሉእ ሰላም ክሰጋገርን እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ብጭቡጥ ዝግበር ዘሎ ሽርሒ ብግልባጡ እዩ። ቅድሚ ሕዚ “ካብ ገፀ ምድሪ ክነጥፍኣም ኢና” ይብሉና ነይሮም። ብተግባር እውን ዝከኣሎም ገይሮም እዮም። ሕዚ እውን ንሳ ይደግምዋ ኣለዉ። ሓድነትና ብምዝራግ ኣቢሎም ሕልሞም ከግህዱ ይፅዕሩ ኣለው። ኹሉ ምንቅስቓሶም እንትርአ ናብ ግልፂ ጥፍኣት የምርሑ ከምዘለዉ ብተግባር ይርአ ኣሎ። እዚ ካብቲ ብሚድያታቶም ኣቢሎም ዘስምዕዎ ነጋሪት ኩናት እውን ምርዳእ ይከኣል እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ድማ እቲ መዋፅኦ ሓድነትኻ ምጥንኻር፣ ዓቕምኻ ምግዋድ፣ ውሽጥኻ ምዕራይን ሰላማዊ ቃልስኻ ምሕያልን የድሊ።

ኣብ ውሽጥና ዘሎ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ትሕቲ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ክርአ ኣለዎ። ምኽንያቱ እዚ ዘለናሉ መድረኽ፤ ጉዳይ ምህላውን ዘይምህላውን፣ ምንባርን ዘይምንባርን ዝውስን ኣዝዩ ተኳሳሓይን ዘይተገማታይን እዩ። ከምህዝቢ ክንህልው ግድን ስለዝኾነ ነዚ ከቢድን ዝተሓላለኸን ኩነታት ክንሰግሮ ግድን ይኸውን። ክንሰግሮ እንተኾይንና ድማ ብሄራዊ ሓድነትና ብምጥንኻርን ኣብ ሓደ ረቢብና ብምቅላስን ጥራሕ ምኺኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ካብዚ መሰረታዊ ሓሳብ ብምብጋስ፤ ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምድልዳል ብዝለዓለ ወነን ፅንዓትን ክንረባረብ ይግብኣና። እቲ ዘሎ ናይ ሓሳብ ይኹን ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ንቡርን ቅቡልን እኳ እንተኾነ፤ እቲ ኣፈላላይ ሕገ መንግስቲ፣ ካልኦት ሕግታትን ክብርታትን ህዝቢ ትግራይ መሰረት ገይሩ ብዝሰልጠነን ሰላማውን ኣገባብ ክኸውን ኣለዎ።

ብተደጋጋሚ ከምዝተገለፀን ይግለፅ ከምዘሎን፤ ሕዚ እውን ሕርያን መትከላዊ እምነትን ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ሰላም እዩ። እዚ ቅድሚ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኣወጀ ኩናት ፅንተት እውን ዝነበረን ዝቕፅል ዘሎን ዘይቕየር መርገፂ እዩ። ኮይኑ ግና ህወሓት ይኹን ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ሰላም ስለዝበሉ ሰላም ክሰፍን ኣይኽእልን። ናይ ኩሉ ደላይ ሰላም ብፅሒት የድልዮ። እዚ ጉዳይ ብጭቡጥ ኣብ ባይታ ይርአ ከምዘሎ ሰላም በቲ ሓደ ወገን ጥራሕ እያ ትዝመር ዘላ። ፀላእትና ድማ ብኣንፃር ሰላም ተሰሊፎም ይረኣዩ ኣለው። እቲ ካብ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ዝተፈፀመ ዕላዊ ወራርን ፅንተትን ከይኣክል፤ ሕዚ እውን ህዝቢ ትግራይ መሊእኻ ንምጥፋእ ውዲታት ይእለሙ ኣለዉ። ካብዚ ሓሊፉ ሃገር ናብ ህውከትን ዕግርግርን ኣትያ ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሰላም ሓሪምዎም ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ሕሱም ናብራ ጥሒሎም ኣለዉ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኩሉ ከባቢ እዛ ሃገር መሰሉ ዝሓተተ ህዝቢ ብወታደራዊ ሓይሊ ንምምብርካኽ ኹሉ ፀረ-ሰላም ኣማራፂ ይጥቀም ኣሎ። ንህዝቢ ትግራይ እውን ካብዚ ዝተፈለየ ኣማራፂ ኣይተርኣየን።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፤ ኣብዚ እንርከበሉ ሕልኽልኽ ዝበለ መድረኽ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምፅናት ፕሮጀክት መልክዑ ቐይሩ ይቕፅል እዩ ዘሎ። ሕዚ እውን ምኽልካል ነዳድን ካልኦት ሸቐጣትን ሓዊሱ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝግለፅ ዕፅዋን ክባን ይቕፅል ኣሎ። እቲ ናብ ሰላም ከሰጋግር ትፅቢት ዝተገበረሉ ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣይተተግበረን። ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ክኽበር ኣይከኣለን። እቶም መሬትና ብሓይሊ ጎቢጦም ዝሓዙ ኩሎም ወረርቲ ሓይልታት ኣይወፁን። ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ኣብ ክንዲ ዝምለስ ንሓሙሽተ ዓመት ኣብ ኬንዳ ከቢድ ስቓይን መከራን የሕልፍ ኣሎ። እዚ ከይኣክል ሕዚ እውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ወራር ንምፍፃም ነጋሪት ኩናት ይጉስም ኣሎ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ነቲ ብሓድነቱ ዝፍለጥ ህዝቢ፤ ኣብ ሓድነቱ ነቓዕ ንምፍጣር ብዝተዋደደን ዝተተለመን መንገዲ እናተሰርሐ መፂኡን ኣሎን። ብዕጥቂ ዝተደገፈ ፀጥታን ሰላምን ህዝቢ ናይ ምዝራግ ተግባራት እውን ይካየዱ እዮም ዘለው። ነዚ ሽርሒ ኣቐዲሙ ዝፈለጠ ህወሓት ኮነ ህዝቢ ትግራይ፤ ንኹሎም ውዲታት እናፍሸለ ሓድነቱ ናብ ንቡር ንምምላስን ዝያዳ ንምጥንኻርን ብዝለዓለ ፅንዓት እናተቓለሰ ይርከብ። ብፍላይ ኣብቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ ህዝባዊ ኮንፈረንስ ንብሄራዊ ሓድነት፤ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ክጠናኸር ከምዘለዎ ተሰሚሮሉን ተደምዲሙን ኣሎ። ንርከበሉ መድረኽ፤ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ሓድነትና እነበርኽሉን መዋፅኦና እነኣንፍተሉን ብምኺኑ ሓድነትና ካብ ምጥንኻርን ህልውናና ውሑስ ካብ ምግባርን ወፃኢ ካሊእ ኣማራፂ የብልናን።

ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

ህዝቢ ራያ፤ ኣብ ቃልሲ ሓደ ክፍለ ዘመን!

ካልኣይ ክፋል

ብመንክር ካብ መቐለ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል እዚ መደብ መንነት ህዝቢ ትግራይ ንምሕቓቕ፣ ክብሪ ህዝብና ንምግፋፍን መሬትና ንምቑራስን ዝሓልሙ ፀላእቲ ብኣንፈት ደቡብ ትግራይ (ራያ) ኣብ ውሽጢ ሓደ ክፍለ ዘመን እንታይ እናሰርሑ ከምዝመፁ ብዝርዝር ርኢና። ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ጉና ዝነበረ ዶብ ትግራይ ኣብ እዋን ራእሲ ወልደስላሴ (1800 ዓ/ም) ኣልውሃ (ኣለውኻ) ከምዝኾነ፤ ኣብ እዋን ሃፀይ ሃ/ስላሴ (1948 ዓ/ም) ክሳብ ዋጃ ዘሎ መሬት ራያ ንወሎ ተሰሊዑ ከምዝተወሰደ ብመረዳእታ ኣደጊፉ ኣብሪሀ እየ። ከምኡ እውን ዝተረፈ መሬት ራያ መሊኦም ንምውሳድ ስያመታት እቶም ከባቢ ከመይ ኣዛቢዖም እናተርጐምዎም ከምዝመፁን እቲ ትኽክለኛ ትርጉሞም እንታይ ከምዝመስልን ብዝርዝር ቀሪቡ እዩ። እዚ ራያታይ ትግራዋይነቱ ንምሕኻኽ ዝግበር ውዲት ስርዓታውያን ብዝተዋደደን መንገዲ ንሓደ ክፍለ ዘመን ዝቐፀለ ኮይኑ፤ ህዝቢ ራያ ግን ብውዲት ፀላእትና እንተይረብረበ ብኸመይ እናመከተ ከምዝመፀ ብዕምቆት ርኢና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ክፋል ድማ ህዝቢ ራያ ኣብቲ ን17 ዓመት ዝወሰደ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀሞ መስደመም ተጋድሎ ናብ ምድህሳስ ክኣቱ።

በብመዋእሉ ዝነበሩ ገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝነበሮም ቅዋም ተመሳሳሊ እዩ። እቲ ዝገርም ነገር ሓደ መራሒ ሓሊፉ ብካሊእ እንትትካእ፤ እቲ ተተካኢ ኣብ ልዕሊ ትግራይ እንትኾን ዝተንጠባጠቡ መደባት ፅንተት ቆፂሩ ሓደ ብሓደ ንምፍፃም "ሀ" ኢሉ ዝጅምር ምዃኑ እዩ። ንኣብነት ሃፀይ ሃ/ስላሴ ኣብ 1948 ዓ/ም መሬት ራያ ቆቦ ሰሊያም ናብ ወሎ ብምውሳድ ነቲ ህዝቢ ልክዕ ሕዚ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ይግበር ከምዘሎ፤ ዝመዛበል እናመዛበሉ ዝጭፍጨፍ እናጨፍጨፉ፤ መንነቱ ብሓይሊ ክቕየር እናገደዱ ካብ በለሳ፣ ብእብናትን ኣምባሰልን ዝበሃሉ ከባቢታት ኣምሓራ ሰፊርቲ ኣምፂኦም ዴሞግራፊ ከምዝቐየሩ ይፍለጥ። ደርግ በትረ ስልጣን እንትሕዝ እውን ምሉእ ራያ ካብ ትግራይ ንምንፃል "ራዛ ዘመቻ" ዝብል ዓብዩ ሓደገኛ ፕሮጀክት እዩ ሒዙ መፂኡ።

ደርግ ብመፈንቅለ መንግስቲ ናብ ስልጣን እንትመፅእ ከምባህጉ ዝእዝዘን ክፍለ ሰራዊታት ሓሙሽተ እየን ነይረን። ስለዝኾነ መሊኦም ኣብ ቁፅፅሩ ዘይኣተዉ ዕጡቓትን ፖላዊስን መሊኡ ንምእታው፣ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ህዝባዊ ዓመፅ ኣጀንድኡ ንምቕያር፣ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጀመረት ህወሓት ገና ካብ ቡቕላ ንምንቃል፣ ህዝቢ ራያ ካብ ኣካሉ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ንምንፃል፣ ብሓይሊ ብረት ህዝቢ እዛ ሃገር ሰጥለበጥ ኢሉ ንክግዛእ ዓሊሙ ፕሮጀክት "ራዛ ዘመቻ" መዚዙ። እዚ ፕሮጀክት ብዝግባእ ንምዕዋት ድማ "ኣብያተ ክርስትያን ዘቃፀሉ፣ መሬትካ ዝወርሩ፣ ኣንሽትኻን ኣሕዋትካን ብጅምላ ዝደፍሩ እስላም ይመፁ ኣለዉ። ነዞም ባዕዳውያን ወረርቲ መንገዲ ዝመርሑ ድማ ወንበዴታት ስለዘለዉ ኩልኻ ዘሚትካ ደምስሶም። ኣብ ወፍርኻ ዝረኸብካዮ ጥሪት፣ ኣፅዋር ይኹን ገንዘብ ንባዕልኻ ይውዕል" ብዝብል ኣዋጅ ልዕሊ 100 ሽሕ ሓረስታይ ኣገው፣ ራያን ወሎን ኣለዓዒሉ።

እቲ ዝገርም ብፕሮፖጋንዳ ፃዕዳ ሓሶት ደርጊ ተደናገሩ ዝወፈረ ሓረስታይ "ዕጥቅን ስልጠናን ኣብቲ ቦታ እዩ ክወሃበካ" ስለዝተብሃለ ዝበዝሕ ጥርሑ፣ቁፅሩ ዘይነዓቕ ድማ ፋስን ጎዞሞን ሒዙ እዩ ዘሚቱ። ንኣብነት ካብ ከባቢ ጨርጨር ተደናጊሮም ካብ ዝወፈሩ 2000 ሓረስቶት እቶም 550 ሓረስቶት ጥራሕ እዮም ናይ ውልቆም ብረት ሒዞም ዝዘመቱን ብዛዕባ ብረት ፍልጠት ዝነበሮምን። እንተኾነ ግን ህወሓት ዕጥቃዊ ቃልሲ እንትትጅምር ገሊኡ ኣባላ ስርዒት ከተማ፤ ገሊኡ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተመኪሮ ዝቐስም ተባሂሉ ተመቒሉ ስለዝነበረ፤ ኣብ

ሃፀይ ሃ/ስላሴ ኣብ 1948 ዓ/ም መሬት ራያ ቆቦ ሰሊያም ናብ ወሎ ብምውሳድ ነቲ ህዝቢ ልክዕ ሕዚ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ይግበር ከምዘሎ፤ ዝመዛበል እናመዛበሉ ዝጭፍጨፍ እናጨፍጨፉ፤ መንነቱ ብሓይሊ ክቕየር እናገደዱ ካብ በለሳ፣ ብእብናትን ኣምባሰልን ዝበሃሉ ከባቢታት ኣምሓራ ሰፊርቲ ኣምፂኦም ዴሞግራፊ ከምዝቐየሩ ይፍለጥ። ደርግ በትረ ስልጣን እንትሕዝ እውን ምሉእ ራያ ካብ ትግራይ ንምንፃል "ራዛ ዘመቻ" ዝብል ሓደገኛ ፕሮጀክት እዩ ሒዙ መፂኡ።

ራያ ብዝነበሩ ኣባላት ስርዒት እቲ ዝተደናገረ ህዝቢ ገና ካብ ገዝኡ እንተይተበገሰ ክምለስ ሰፊሕ ፃዕሪ ገይሮም እዮም። ንኣብነት ኣብ ማይጨውን ከባቢኦን ዝነበሩ ኣባላት ስርዒት ህወሓት እኒ ዘርኣይ ኣስገዶም፣ በዛብህ ፈለቀ፣ ግርማይ ኣማረ፣ ኣልማዝ ኣለሙ፣ ኣሸብር ንርኣዮ፣ ኣለምሰገድ ኣባይ፣ ሰለሞን ተስፋይ፣ ታደሰ ኣስገዶም፣ ፍረ ድምፂ ወያነ፣ ዘኣማኑኤል ለገሰ፣ ኣለሙ ኣርኣያ፣ ኤልሳ ተስፋይ፣ ታደሰ ገብረታትዮስ፣ ያለም ጓል ጥሮታ፣ መ/ር ወልደገብሪኤል ታደሰ ወዘተ ብዝገበርዎ ቃልሲ ብዙሕ ሰብ እቲ ወፍሪ (ዘመቻ) እናራሕርሐ ናብ ገዝኡ ተመሊሱ እዩ። እዞም ተጋደልቲ "ራዛ ዘመቻ ተጋሩ ንተጋሩ ንምድማይ ዝዓለመ እኩይ ተግባር እዩ" ኢሎም ህዝቢ ብምርዳእ ዝፈስስ ደም ንፁህ ህዝቢ ኣድሒኖም፤ ሓድነት ህዝብና እውን ከይከፋፈል ገይሮም እዮም።

ደርግ ነዚ ከምዚ ዝበለ ተጋሩ ብተጋሩ ንምድማይን ህዝቢ ራያ ካብ ትግራይ ንምንፃልን ዝኣለሞ ተንኮል ገና ካብ ምጅማሩ ዕንቅፋት እንትገጥሞ፤ ንሓረስታይ ኣፈራሪሑ ብምእካብ ብመኻይን እናገፈፈ ናብ ሴሮ (ከባቢ እንትጮ) እዩ ምርጋፍ ቀፂሉ። ኣብዚ ካብ ራያ ክሳብ ሴሮ ዝተኣሳሰሩ ተጋደልቲ ህወሓት ሰለስቲ ኮይኖም ናብ ማእኸል እቲ ዘማቲ ብምእታው ዝተደናገረ ሓረስታይ እቲ ሓቂ ክፈልጥ ብምግባር ዕጥቁ ሒዙ እናሞለቐ ንዓዱ ክምለስ ብዙሕ ፃዕሪ እዩ ተገይሩ። ብዓይነ ሕሊናኡ ኣብያተ እምነቱ ዘቃፅሉን ኣንሽቱ ዝደፍሩን ኣዕራብ ክርኢ ዝተሃንጠወ ቅኑዕ ህዝቢ፤ ብተግባር ክረኽቦም ስለዘይከኣለ ከምዝተታለለ ቀልጢፉ እዩ ኣሚኑ። መጀመርያ ወርሒ ሚያዝያ 1968 ዓ/ም ኣብ ሴሮ ዝተራገፈ ሓረስታይ ክሳብ 12 ግንቦት 1968 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ስርዒታት ህወሓት ኣብ መዓንጣኡ ኣትዮም ዝተደናገረ ህዝቢ ምስኣረድእዎ ለይቲ እናሞለቐ ብምኻድ ደርጊ ጥርሑ ክተርፍ ክኢሉ። ኣብዚ እቲ ዘማታይ ንምኽሪ ተጋደልቲ ሰሚዑ እንትምለስ በቢመንገዲ ዘሎ ህዝቢ እኽለማይ እናቐረበን ኣብ ዝመስዮ እናሕደረን ኣስተኣናጊድዎ። እዚ ድማ ክፈላለ ዝተሓሰበ ህዝቢ ዝበለፀ ክሰጣጠም ሓጊዝዎ።

በቢመዓልቱ ዝጠፍእ ሰብ ምስበዝሐ፤ ደርግ ዝሓዞ ዘማቲ ሒዙ ኩናት እንተዘይከፊቱ ባዶ ከምዝቐሪ ብምግምጋም ብተብተብ ኩናት ይውልዕ። ይኹን እምበር ነቶም ነዚ ወፍሪ እዚ ዝደፍኡ ዝነበሩ መራሕትን ሽፋቱን ብተጋደልቲ ኣነፃፂርካ ስለዝተወቕዑ እቲ ኩናት ከምቲ ደርግ ዝሓሰቦ እንተይኮነ ብቐሊሉ እዩ ኣብ ቁፅፅር ውዒሉ። ኣብ ሴሮ ተጋሩ ዓርሶም ንዓርሶም ተዋዲኦም መሬት ብደም ተጋሩ ክትጭቂ ዝተሓሰበ እኩይ ዕላማ በርዒኑ። ሳላ ካብ ራያ ክሳብ ሴሮ ዝኸድ ዝተዋደደ ስራሕቲ ተጋደልቲ ህወሓት እቲ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝዘመተ ራያታይ ብሰላም ንዓዱ ኣትዩ። ንኣብነት ካብ ቦራ ብኣበራ ረዳ ዝበሃል ሽፍታ እናተመርሐ ሴሮ ካብ ዝኣተወ 250 ሓረስታይ በቲ ዝተኻየደ ኩናት ክልተ ጥራሕ ሞት ኣጋጢሙ ዝተረፈ ብሰላም ንዓዱ ኣትዩ።

ኣብዚ ደርግ ህዝቢ ራያ ምስኣካሉ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ከዳምዮ ዝሓሰቦ ውዲት ምስፈሸሎ ብነጭ ለባሻትን ንከብዶም ብዝሓድሩ ባንዳታትን ገይሩ እዩ እቲ ህዝቢ ክሳቐ ፈሪድሉ። ስለዝኾነ እቶም በቢከባቢኡ ዝነበሩ መተሓባበርቲ ራዛ ዘመቻ "ወሸን" ኢሎም ህዝቢ ክወርሩ መደብ ተዋሂብዎም። ንኣብነት ብወራር ሽፋቱን ነጭ ለባሻትን ደርግ ዝገብሮ ዝጨነቐ ህዝቢ ቦራ ከም ጨሊላ፣ ሽርፋ እምባ፣ ሶርያ፣ ድኽርግባ፣ ደብሪ ካብ ዝበሃሉ ቆላ ቦራን ከባቢኡን ዝተውፃእፅኡ ዓበይቲ ዓዲ፤ ኣብ ገረብ ዲና ተኣኪቦም ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፎም ነይሮም። "ከምዚ ኢልና ክንነብር ኣይንኽእልን፤ ክሕግዙና መልእኽቲ ናብ ሰለዋን ወጀራትን ሰዲድና ንደርግ ንውቃዓዮ" ዝብል እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ደርግ ኣቐዲሙ ብዘዋፈሮም ሰለስቲ ጥቆማ በፂሕዎ ነቶም መተሓባበርቲ ዝነበሩ ንጉሰ ጉበን፣ ሃይለ ቸኮለ፣ ይትባረክ በርሀ 27 ሚያዝያ 1971 ዓ/ም ኣብ ቀይዲ ኣውዒልዎም። ይኹን እምበር መራሕቱ ከምዝተኣሰሩ ዝፈለጠ ጅግና ህዝቢ ቦራ ዝለኣኽዎ መልእኽቲ ኣብ ቦትኡ እንተይበፅሐ መራሕቱ ንምድሓን ብሰለስተ ኣንፈት መጥቃዕቲ ጀመረ።

እቲ ዝነበረ ዕጡቕ ሓይሊ ደርግ ውሑድ ስለዝነበረ ካብ ማይጨው ተወሳኺ ሓይሊ ክሳብ ዝመፆ "ሕቶኹም ክንምልሶ ብተወከልቲ ኣረድኡና" ዝብል መደናገሪ ሓሳብ ኣቕሪቡ "ሆ" ኢሉ ዝተልዓለ ማዕበል ህዝቢ የዝሕሎ። ህዝቢ እማን መሲልዎ "መን ንምረፅ? እንታይ እንታይ ሕቶታት ነቕርብ?" ኢሉ ተረጋጊኡ እናዘተየ እናሃለወ፤ እቲ ካብ ማይጨው ዝመፀ ሓጋዚ ሓይሊ ነቲ ህዝቢ ብኣልማሚት ምጭፍጫፍ ይጅምር። እቲ ሰልፈኛ ሃንደበት ተኹሲ እንትሰምዕ ድማ ነናብዓዱ ተበቲኑ። ዕጡቓት ደርግ ዘንፀላለዎም ሓደጋ ንምክልኻል እቲ ዝተበተነ "ህዝቢ ዳግም እንተይተኣከበ ናብ ልክዑ ነእትዎ" ኢሎም ህወሓት ካብ የጭላ መፂኣ ክሳብ ተናግፎ ካብ ወርሒ ሚያዝያ ክሳብ ሓምለ 1971 ዓ/ም ብዘይዕረፍቲ ሰብ ተጨፍጨፉ፣ ገዛውቲ ተቓፂሎም፣ እንስሳት ተሓሪደን እየን። ህዝቢ ቦራ ኣብ ቁርፂ እዋን ንዝበፅሖትሉ ውድብ ብምምስጋን ቀልጢፉ ኣብ መስመራን ዕላምኣን ዓሲሉ ካብ ጥቅምቲ 1972 ዓ/ም ጀሚሩ መራሕቱ እናመረፀ ዓርሱ ብዓርሱ ከመሓደር ክኢሉ። እዚ ኣብ ቦራ ጥራሕ ዘይኮነስ ሰለዋ፣ ነቕሰገ፣ ብቐላ ራያ ድማ ኣብ ከባቢታት ጨርጨር ካብ 1972 ዓ/ም ጀሚሩ ህዝቢ ዓርሱ ብዓርሱ ብዝመረፆም ደቂ ዓዱ ምምሕዳር ዝተጀመረሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

ውድብ ህወሓት ንሓያል ቃልሲ ህዝቢ ራያ ኣብ ግምት ኣእትያ ካብተን ሰለስተ ሪጅናት እቲ ሓደ "ሪጅን ሰለስተ" ዝበሃል ብተጋዳላይ ሓየሎም ኣርኣያ ዝምራሕ ኣብ ራያ እዩ ነይሩ ማእኸሉ። ህዝቢ ራያ ንሓበሬታታት ክፍሊ ህዝቢ ህወሓት እናተቐበለ መሬት ብፍትሓዊ ኣግባብ ክመቅል ክኢሉ። መሰሉ ድማ ብሕጊ ካብ ቁሸት ክሳብ ዞባ ብይግባእኒ ፍርዲ ዝወሃበሉ ስርዓት ኣተኣታትዩ። እዚ ስርሒት ህዝቢ ራያ ዝያዳ ኣብ ጎድኒ ውድቡ ክስለፍ እንትገብሮ ንደርጊ ድማ መርዘን ርእሲ እዩ ኮይኑዎ። ስለዚ ድማ እዚ ህዝባዊ መትከል ውድብ ኣብቲ ህዝቢ ከይገወደ ካብ ሱሩ ንምንቃል ሰለልቲ ብበዝሒ ኣዋፊሩ ክፍሊ ህዝብታት ክቕንፀሉ ዘይፈንቀሎ እምኒ ኣይነበረን። ኮይኑ ግና እቲ ህዝቢ ነቶም ተጋደልቲ ክሓንቁን ህዝባዊ ዕላማ ክኾልፉን ዝመፁ ሰለልትን ተለኣኣኽትን ደርጊ በቢክሳዱ እናሓነቐ ክትርፎም ክኢሉ እዩ። ብውልቀ ሰባት ክሳኸዐሉ ዘይከኣለ ደርጊ ግና ተስፋ ከይቀበፀ ብበዝሒ ሰራዊት ኣሰሊፉ ብተደዳጋሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወራር የካይድ ነይሩ።

ካብዚ ብምብጋስ እዩ ድማ ህዝቢ ራያ ኣብ ጥራሕ ኢዱ ምስጋዕገልጠም ዝሓዘ ሰራዊት ክገጥም ስለዘይኽእል፤ ተጋደልቲ ፅኑዕ ቦታ ክሕዙ "ፀላኢ ይመፅእ ኣሎ ንምባል ፀሊም ክዳን፣ ፀላኢ ኣብ ዘይንቀሳቐሱ ድማ ፃዕዳ ክዳን እናተኸደነ ኣብ በሪኽ ቦታ ኮይኑ እናተርኣየ መልእኽቲ እናሕለፈ ኣንፃር ደርግ ክተሓናነቕ ዝፀንሐ። ነዚ እውን እዩ ደርግ ብትሪ ንዝተቓለሰ ህዝቢ ራያ ከምካልኦት ከባቢታት ትግራይ ኣብ ዕዳጋ እናሃለወ ብሚግ ደብዲቡ ዝጭፍጭፍ ዝነበረ። ንኣብነት 4 ጳጉሜን 1982 ዓ/ም 2 ሚጋት ደርግ ኣብ ከተማ ጨርጨር ተመላሊሰን ብምድብዳብ 242 ሰባት ቀቲለን፣ 263 ሰባት ኣቑሲለን፣ 363 ገዛውቲ ኣቃፂለን፣ 364 እንስሳ ህይወት ኣሕሊፈን። በቲ ደብዳብ ነፈርቲ ስጋ ሰብን እንስሳን ምትሕውዋስ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ቤተሰብ ምስሊ ደቆም ምፍላይ ኣብዩዎም ብዝተኸደንዎ ክዳንን ካልኦት ምልክታትን ዝፈላልየሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። ንኣብነት ጓል ዓምበራይን ጓለ ጫሬን "ጓለይ ሳሱላ ገይራ ነይራ፤ ጓልካ ግን ኣይገበረትን" ተባሂሎም ኣስከሬን ዝፈለይሉ መሕዘኒ ፍፃመ ፍፃመ ነይሩ።

እዞም ከምዚ ዝበሉ ግፍዕታት ፋሽሽት ደርጊ ህዝቢ ራያ ብዝበለፀ ክሕርን ገበሮ እምበር ኣየሰኮኖን። ንኣብነት ኣብቲ እዋን ካብ ጨርጨር ካብ ዝተጋደሉ 135 ጀጋኑ እቶም ዝበዝሑ ተሰዊኦም፤ ካብ ዝወየኑ 238 እቶም 38 ተሰዊኦም። ከምኡ እውን 26 ሓፋሽን 2 ጠርነፍቲ ማሕበራትን ንቃልሲ ህዝቢ ትግራይ መባእ ኮይኖም እዮም። ብከምዚ መልክዕ ህዝቢ ራያ ኣብ ጎድኒ ውድብ ህወሓት ዓሲሉ ስለዝተኳሸሐ ተጋደልቲ ህወሓት ኣብ 1978 ዓ/ም ኣብ ላሊበላ፣ ሳንጃ፣ ጭልጋ፣ ትክል ድንጋይ ዝኣመሰሉ ከባቢታት ኣብ ልዕሊ ደርግ ከቢድ በትሮም ከዕርፉን ኣብ 1982 ዓ/ም ናብ ማእኸል ሃገር ዝግበር ጉዕዞ ምዕሩይ ኩነታት ንክፍጠርን መሪሕ ግደኡ ተዋፂኡ እዩ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ከተማ ኣላማጣ ዝነበሩ ከምኒ ጃኖ ንጉስ፣ ሙስጠፋ እድሪስ ዝበሉ ኣብ ኩለን ከተማታት ራያ ዝነበሩ ስርዒታት ዝረኸብዎ ሓበሬታ፣ ስንቅን ዕጥቅን (በርበረ፣ ዘይቲ፣ ሽኮር፣ ነዳዲ፣ ጥይት ወዘተ) ንውድብ ብምቕራብ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ክዕወት ብዝለዓለ ብርኪ ተቓሊሱ እዩ። ኣብ መወዳእታ ግዙፍ ሰራዊት ደርግ ዝሓዘ 605 ኮር እንትድምስስ ልክዕ ከምቲ ኣብ ምድምሳስ 604 ኮር ርብርብ ህዝቢ ሽረን ከባቢኣን ዝተርኣየ፤ ህዝቢ ራያ እውን ካብ ሕድሕድ ከባቢ ራያ ቁሱል ዘልዕሉ፣ ስንቂ ዘቕርቡን ዝተበተነ ሰራዊት ደርግ በቢክሳዱ ዝሓንቁን መናእሰይ ብቀጥታ ናብቲ ግንባር እዮም ተሰሊፎም። መስዋእቲ እውን ከፊሎም። ንኣብነት ካብ ቦራ ሰለዋ 500 መናእሰይ ቁሱል ዘልዕሉን ምሩኻት ዝሕልውን፣ 350 መናእሰይ ስንቂ ዘቕርቡ፣ ብድምር 850 መናእሰይ ብቐጥታ ኣብቲ ውግእ ተሳቲፎም።

ኣብቲ 17 ዓመት ዝወሰደ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ፤ ቃልሲ ህዝቢ ራያ ዝኸፈሎ መደምምን ጥንኩርን ተጋድሎ ካብቲ ባሕሪ ብጭልፋ እየ ክገልፅ ሞኩረ። ጅግና ህዝቢ ራያ ንጀጋኑ ስለዝፎቱ ንነብስሄር ተጋዳላይ ሓየሎም ኣርኣያ "ፈንቅል" ዝብል ስም ካብ ምሃብ ሓሊፉ ንደቁ ብስም ጅግና ሓየሎም ክሰይም ይረአ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ደርጊ መሊእኻ ንምድምሳስ ናብ ማእኸል ሃገር ኣብ ዝግበር ዝነበረ ጉዕዞ እውን ቀንዲ ደጀን፣ ቁሱላት ዝሕክምን ዝሕብሕብን ከምኡ እውን ዕጥቅን ስንቅን ዘቕርብ ዝነበረ ህዝቢ ራያ እዩ። እዚ ንልዕሊ ሓደ ክፍለ ዘመን ብዘይዕረፍቲ ኣብ ቃልሲ ዝፀንሐ ክቡር ህዝቢ፤ ክንዲ ግዝፈት ቃልሱ ዘይተነገረሉን ዘይተፅሓፈሉን እዩ። ብሓፈሻ ናይ ህዝቢ ትግራይ ወርቃዊ ታሪኽ ገድሊ ኣይተሰነደን። ኩሉ ክዝምረሉን ከወድሶን ዝግባእ ሕላገት ቃልሲ ህዝቢ ራያ ብውሱን መልክዑ ካብ ዳህሰስኩ ኣብ ዝቕፅል ሕታም እዚ ክቡር ህዝቢ ኣብ እዋን መኸተ ፅንተታዊ ኩናት ትግራይን ቃልሲ ብሄራዊ ክሕደትን ዝነበሮ ብፅሒት እንታይ ከምዝመስል ሒዘ ክቐርብ እየ። ሰናይ ቅንያት!

ዋዕሮታት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ኣብ ሓድነት ዝዘልቕ መንነት!

ተሳተፍቲ ደቂ ኣንስትዮ መድረኽ "ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት"

በቢ መዋእሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኻየዱ ውሽጣውን ግዳማውን ወራራት ህዝቢ ትግራይ ክዳኸም፣ ብሓይሊ ክግዛእ፣ ክመናመንን ስልጣነኡ ንድሕሪት ክምለስን ተገዲዱ ፀኒሑ እዩ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ትግራይ ካብ ታሪኹ "ኣይግዛእን፣ ኣይምርከኽን፣ ኣይሰዓርን..በሃላይ" መንፈስ ስለዘለዎ ነቶም በቢ መዋእሉ ይካየድሉ ዝነበሩ ወራራት እናመከተን ህልውንኡ እናረጋገፀን መፂኡ እዩ። ብፍላይ ድሕሪ 1967 ዓ.ም ከም ህዝቢ ሓድነት ፈጢሩ ብዝተወደበን ብዝተናበበን መንገዲ ቃልሲ ካብ ዝጀምር ክሳብ እቲ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ኣብ በቢ ምዕራፉ ዘጋጠምዎ ወራራት ብዝግባእ መኪቱ፣ ሃለዋቱን መንነቱ ከቕፅልን ክኢሉ እዩ።

ብሄራዊ ሓድነት ንህላወ ህዝቢ ትግራይ መማረፂ ዘየብሉ እንኮ ተመራፂ እኳ እንተኾነ ኣብዞም ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ግን ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ተሸርሺሩ መሊሱ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐሉ ኩነታት ተፈጢሩ ከም ዝርከብ ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ተጋዳሊት ኪሮስ ሓጎስ ትገልፅ። ደመኛታት ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ነዚ ተሞርኪሶም ህዝቢ ትግራይ ነንባዕሉ ከዋግእዎን መሊኦም ከፅንትዎን ላዕልን ታሕትን እናበሉ ይርከቡ። እዚ እከይ ተግባር ፀላእቲ ንምብርዓን ህዝቢ ትግራይ "ሓድነቱ ከመይ የጠናኽር፣? ናይ ሓሳብ ኣፈላላዩ ከመይ ምፅባብ ይኽእል፣ ሓበራዊ ምርድዳእ ከመይ ይፍጠር" ኣብ ዝብል ዛዕባ ከም ቢሮ ምስ መላእ ተወከልቲ ደቂ ኣንስት ትግራይ ብሰፊሑ ዘትየናሉ እየን።

እቲ ዝዘተያሉ ዛዕባ "ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ"! ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ሸሞንተ መስከረም 2018 ዓ.ም ኣብ ዝተሳለጠ መድረኽ ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት እዩ። ኣብቲ ዝተሳለጠ መድረኽ እተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ህልው ኩነታት ትግራይን ምጥንኻር ሓድነትን ኣመልኪተን ሰፊሕ ምይይጥ ዘካየዳ እንትኾና ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ከቕፅሉ ዝኽእሉ ወሰንቲ ኣማራፅታት፣ ሓሳብን ርኢቶን ሂበን እየን። ውድብ ህወሓት ኣብ ከይዲ ቃልሱ ኣብ ውሽጡ ብዝፍጠሩ ከሓድትን ፀላእትን ተደጋጋሚ ፈተናታት ምፍልላይን ምብትታን እናጋጠሞ ዝፀንሐ መራሒ ውድብ ኮይኑ ኣብዚ ክልተ ዓመት ዘጋጠመ ናይ ኣመራርሓ ኣፈላላይ ድማ ኣካል እቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ፈተናታት ከም ዝኾነ እተን ተሳተፍቲ ኣዘኻኺረን እየን። እዚ ደመኛታት ፀላእቲ፡ - ህዝቢ ትግራይ መራሒ ንምስኣን፣ ንምብትታን ንምስኳንን ዝጥቀምሉ ቀዳማይ ስልቲ ከም ዝኾነ እውን ኣብቲ መድረኽ ዝተሳተፋ ወ/ሮ ሙሉ ገ/ስላሰ ይገልፃ። በዚ ድማ መንግስታዊ፣ ፖለቲካውን ወታደራውን መራሕቲ ትግራይ ዝነበሩ ከም በዓል ጌታቸው ረዳን፣ ጀነራል ገ/ዝኣቢሄር በየነን ካልኦት ዝጠለሙ ኣመራርሓን ንህዝቢ፣ ውድብ ህወሓትን ብዖቶምን ክሒዶም፣ ውዕሊ ፕሪቶርያ ከየፈፅሙ ናብ ፀላእቲ ከም ዝተፀግዑ ይገልፃ።

ካልእ ጠንቂ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ዘሎ ውድብ ህወሓት ናብ ህዝቢ ወሪዱ ብሰዓቱ ህልው ፖለቲካዊ ኩነታት ብዘይምዝታዩ ልኡኽ ጉጅለ ክሕደት ዝሓዙ ኣካላት ባይታ ረኺቦም ልኡኽቶኦም ከሳኽዑ፣ ህዝቢ ከዳናግሩን መናእሰይ ከታልሉን ከምዝፀንሑ ተሳታፊት እቲ መድረኽ ዝኾና ድማ ወ/ሮ ትውረስ ገ/ማርያም የረድኣ። ናይዚ መቐፀልታ እውን ኣንፈትን ከባብን ለውጢ ገይሮም ናይ ምድንጋርን ኣፈላላይ ምፍጣርን ታክቲክ ይጥቀሙ ከም ዘለዉ ይግልፃ። ስለዚ መናእሰይ መጋበርያ ብሄራዊ ክሕደትን ሓደጋ ስርዓትን ሓድነት ከይኾኑ ምዕሩይ ኣወዳድባን ግንዛበን ክፍጠረሎም ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ሓድነትና ኣጠናኺርና ሰለማውን ዲፕሎማስያውን ቃልስና ክነሐይልን ምስ ሰላም ደለይቲ ጎረባብቲ ህዝብታት ሰለማዊ ርክባት ምፍጣር ከምዘድሊ ድማ የገንዝባ።

ካብቶም ዝተገለፁ ርኢቶታት ብተወሳኺ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምብታን ጉጅለ ጥልመት ዝተጠቐምሉ ሓደገኛ መንገዲ ከባብያውነትን ጎጥን ምፍላይ እዩ። ኣብዙይ ከም ኣብነት ምርኣይ ዝከኣል ኣብ መንነት እዚ ዝበሃል ሕቶ ዘየብሉ ህዝቢ ዞባ ደቡብ ትግራይ ናይ መንነትን ስርዓታዊ ለውጥን ሕቶ ዘለዎ ኣምሲልካ መንእሰይን ገለ ኣካላትን ካብ ካልእ ከባቢ ኣምፂእኻ ነቲ ህዝቢ ብምትላል ዓመፅ ንምልዕዓል ከም ዝተሰርሐ እውን ኣብቲ መድረኽ ዝተሳተፋ ነበርቲ እቲ ዞባ ዝኾና መምህር ኣኸዛ ፀጋይን ተጋዳሊት መርየም ያሲንን ይገልፃ። ኮይኑ ግን ህዝቢ ዞባ ደቡብ ትግራይ ኣብ መንነቱ፣ ኣተሓሳስብኡን ወያናይ መትከላቱን ትግራዋይ ምዃኑ ድርድር ዘየብሉ፤ እኳድኣስ እቲ ህዝቢ ንሰላም ደው ዝበለን ውዕሊ ፕሪቶርያ ክፍፀም ብሰላም ዝቃለስን ከም ዝኾነ የረድኣ። ህዝቢ ክርደኦ ዘለዎ ግን ጉጅለ ክሕደት ካልእ ኲናት ዝደሊ ኣካል ከም ዘሎ ብምምሳል "ንሕና ኲናት ኣይንደልን" ክብሉ ይስምዑ። ይኹን እምበር ኣብ ክልል ዓፋር ሰራዊት ዘሰልጥኑን ምስ ፀላእቲ ዝሓብሩን ዘለዉ ግን ባዕሎም ምዃኖም ተጋሊፆም ኣለዉ። ስለዚ"ውግእ ፀሊእናዮ ኣይቀርን ደሊናዮ እውን ኣይመፅእን፣ እቲ ወሳኒ ግን ህሉው ኩነታትን ምንቅስቓስን ፀላእትና ተረዲእና ሓድነትና ምጥንኻር የድልየና" ክብላ ብኣፅንኦት የገንዝባ።

ብድምር ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ውሑስ ኮይኑ ንኸይቅፅል ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት መሳርሒ ደመኛታት ፀላእቲ ኮይኖም ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምዝራግን ንምብታንን ዝከኣሎም ኩሉ እናሰርሑ ይርከቡ። ብዋናነት ናይ ህዝብን ውድብን ውዳበታት ኣፍሪሶም፣ ህዝቢ ትግራይ ምእንቲ ሃለዋቱ ኢሉ ዘካየዶ መኸተን መስዋእት ከናእሱን ተስፋ ክቖርፅን ፈቲኖም እዮም። ስለዝኾነ መንነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓድነቱ ዝዘልቕ ብምዃኑ ብጉጅለ ጥልመት ዝመፆ ሓደጋ ሃለዋትን ድሕንነትን ንምምካት ኣወዳድብኡ ከመዓራሪ፣ ሓድነቱ ከስጥም፣ ውዕሊ ፕሪቶር ክፍፅምን ድሌታቱ ከማልእን ብሰለማውን ዲሞክራስያውን መንገዲ ቃልሱ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ መልእኽትና እዩ።

ዘለናሉ ተኻሳሓይን... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዝተርኣየሉ መድረኽ ከምዝኾነን በዚ ድማ ልዑል ፍናን ከምዝተሰመዖምን ገሊፆም፡፡

ዶ/ር ደብረፅዮን፤ እዚ ዝተኻየደ ብሄራዊ ኮንፈረንስ፤ ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምጥንኻር ዝተፀወዐ ኮንፈረንስ እኳ እንተኾነ ተሳተፍቲ እቲ ኮንፈረንስ ግን ናብቲ መድረኽ ከይመፁ እውን እንተኾነ ገና ኣብ በቢ ኸባቢኦም ኮይኖም ብፅንዓት መትከሎምን ውድባዊ እምነቶምን ሓደ ከምዝኾኑ ሓቢሮም፡፡ "መግለፂ ናይዚ ድማ" ይብሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ "ኣብቲ መድረኽ ህዝቢ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ከም ተመዛባሊ ዝበፅሖ ዘሎ ሓሳረ መከራ ዘይኮነስ ብዘዕባ ህዝቢ ዞባ ደቡብ ትግራይ ዘለዎ ፍቕርን ሓልየትን ዘርእየሉ፤ ብተመሳሳሊ ህዝቢ ዞባ ደቡብ ትግራይ እውን ብዛዕባ ባዕሉ እንተይኮነስ ብዛዕባ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ዘለዎ ሓድነት፣ ሓልየትን ፍቕርን ዝገለፀሉ ፍሉይ መድረኽ እዩ፤" ኢሎም፡፡

ሰላምን ብሄራዊ ሓድነትን ህዝቢ ትግራይ ዘይደልዩ ሓይልታት፣ ሰላሙ ንምዝራግ ዘይፈንቀልዎ እምኒ ከምዘይነበረ ዝገለፁ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ፀላእቲ በብግዚኡ ብከባብያውነት ፈላልዮም ንድሕሪት ናብ ዘመነ መሳፍንቲ ንምምላስ ላዕልን ታሕትን ይብሉ እኳ እንተሃለው ህዝቢ ትግራይ ብሉኣላውነቱን ብሓድነቱን ዘይደራደር መትከላዊ ፅንዓት ዘለዎ ህዝቢ ከምዝኾነ ብተግባር ከምዘርኣዮም ካብ ከይዲ መድረኽ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ምርዳእ ከምዝከኣል ሓቢሮም፡፡

ህዝቢ ትግራይ ሳላ ቃልሱን መትከላዊ ፅንዓቱን ንወረርቲ ሓይልታት እናመከተ መፂኡ፤ ኣብዚ ሐዚ ዘለወሉ ብርኪ ክበፅሕ ከምዝኸኣለ፤ ሐዚ እውን ዝተርፍዎ ዕማማት ንምውጋን ንኹሉ መበገሲ ክኸውን ዝኽእል እቲ ቐንዲ ምጥንኻር ብሄራዊ ሓድነት ከምዝኾነ፣ እቲ ዝተሳለጠ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ድማ ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዘጠናኽር፣ ሰላምን ፀጥታን ከባቢና ክድልድልን ከሰፍሕን ዝገብር መድረኽ እዩ፤ ክብሉ ዶ/ር ደብረፅዮን እምነቶም ገሊፆም፡፡

ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ብወገኖም ባህግን መትከላዊ እምነትን ህዝቢ ትግራይ ሎሚ ይኹን ፅባሕ ሰላም ከምዝኾነን ነዚ ቕኑዕ መትከላዊ እምነት ናብ ነባራዊ ሓይሊ ንምቕያር ድማ ካብኦም ዝድለ ኹሉ ዓይነት ፃዕሪ ከምዝገብሩ ኣፍሊጦም፡፡ እቲ ሐዚ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝቢ ትግራይን ተፈጢሩ ዘሎ መትከላዊ ፀገማትን ኣፈላላያትን ብዘላቒ ፍታሕ ዝረክብ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ከምዝኾነን ብኣንፃሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ግን ስምምዕ ፕሪቶርያ ንምፍራስ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ደለይቲ ኲናት ከምዝኾኑ ኣምሲሉ ይዛረብ ከምዘሎ፣ እዚ ድማ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ኣፍሊጦም፡፡

"ቀንዲ ዕላማ እቲ ኮንፈረንስን ዝተበፅሐ መደምደምታን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ኲናት ምትራፍ ምዃኑ ኩሉ ደላይ ሰላምን ዓለምለኸ ማሕበረሰብን ክርደኣልና ይግባእ" ዝበሉ ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ፤ ዓበይትን መሰረታዊ ጉዳያትን ስምምዕ ፕሪቶርያ ኣይተፈፀመን ጥራሕ ዘይኮነስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ስምምዕ ዝፈረመን ልዕሊ 50 ዓመት ዘቑፀረን ውድብ ህወሓት ሕጋዊ ኣፍልጦ ብምኽልኻል ነቲ ዝኣተዎ ስምምዕ ብተደጋጋሚ እናጠሓሰ ዝኸደሉ ምንቅስቓስ ኣጥቢቖም ከምዝቃወሙን ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ድማ ሕጋዊ ኣፍልጦ ውድብ ህወሓት ናብ ዝነበሮ ክምለስ ፃውዒቶም ኣመሓላሊፎም፡፡

እቶም ተሳተፍቲ፤ ቀንዲ ውራይ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝተበጣጠሰ ኬንዳ ብፀሓይን ብንፋስን ሓሳረ መከርኡ ዝርኢ ዘሎ ተመዛባላይን ኣብ ትሕቲ ፀላኢ ኮይኑን ኣብ ሃገረ ሱዳን ተሰዲዱ ክርፋሕ መነባብሮ ዝደፍእ ዘሎን ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስን ልዕሊ 40 ምኢታዊ ዝተወረረ ሉኣላዊ ግዝኣታዊ መሬት ትግራይ ድማ ክኽበር ሰላማዊ ቃልሶም ኣጠናኺሮም ከምዝቕፅልሉ ገሊፆም፡፡

ተሳተፍቲ እቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ክስመረሉ ኣለዎ ካብ ዝበልዎ እቲ ካሊእ ነጥቢ፤ ካብ ኣፍልጦ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ወፃኢ ካብ መረበቱ ዝተመዛበለ ህዝብና ብምድንጋርን ብሸርሕን ውሕስና ብዘይብሉ መንገዲ ንምምላስ ዝግበር እከይ ምንቅስቓስ ፍፁም ተቀባልነት ከምዘይብሉን ኣብዚ ኣነዋሪ ተግባር እዚ ኢዶም ዘእትው ሓይልታት ድማ ካብ ተግባሮም ክቑጠቡ ከምዘለዎም ብጥብቂ ኣተሓሳሲቦም፡፡

እቲ ካብ 24 ክሳብ 25 መስከረም 2018 ዓም ዝተኻየደ ንልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ኮንፈረሰኛ ዝተሳተፍሉ መድረኽ ኣብ መወዳእታ፤ "ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህዝቢ ትግራይን ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ፀገማትን ኣፈላላያትን ዘላቒ ፍታሕ ዝረክብ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ከምዝኾነ ንኣምን፣ ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምጥንኻር ኩሉ ዓይነት ፃዕሪ ንምግባር ክንፅዕር ኢና" ዝብሉን ካልኦት በዓል ዓሰርተ ነጥቢ ዝሓዘ ደምደማዊ ኣዋጅ ብምውፃእ ተዛዚሙ፡፡

ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

ዝተዓወቱን ዝተኾለፉን መደባት

ካብ 21 ክሳብ 22 መስከረም 2018 ዓ/ም ዝተኻየደ መበል 37 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ፤ ሓሙሽተ ኣጀንዳታት ፈለማ ብምሉእ ድምፂ ኣፅዲቑ እዩ ብዕምቖት ዘትዩ። ንሳቶም እውን ዓመታዊ ፀብፃብ ቤት ምኽሪ፣ ዓመታዊ ፀብፃብ ፈፃሚ ኣካል፣ ዓመታዊ ፀብፃብ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ 2017 ዓ/ም፣ መደባትን በጀትን 2018 ዓ/ም ከምኡ እውን ጉዳይ ትእምት ዝምልከቱ እዮም። ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ጉዳይ ትእምት ኣጀንዳ ገይሩ ዝረኣየሉን በዓል ሸውዓተ ነጥብታት ቅዋም መግለፂ ዘውፅኣሉን ቀንዲ ምኽንያት ትካላት ትእምት ካብ ሕድሕድ ኣብያተ ምኽሪ ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ብዝተወከሉ ኣባላት ዝተጣየሸ ቤት ምኽሪ ስለዝኾነ እዩ። ብምኳኑ ኣብ ጉዳይ ትእምት ዝሪኦም ነገራት ከምወኪል ዘለዎ ቅዋሙ ከስምዕ ኣድላዪ እዩ። ስለዚ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ኣብ መዛዘሚ ዋዕላኡ በዓል ሸውዓተ ነጥብታት ዘለዎ ቅዋም መግለፂ ኣቕሪቡ እዩ።

ይኹን እምበር ኣብዚ ሓፂር ፅሑፍ ንሕድሕድ ኣጀንዳ እቲ ቤት ምኽሪ ምቕራብ ስለዘይከኣል ኣብ ፀብፃብ ቤት ምኽርን ፈፃሚ ኣካልን ካብ ዝተልዓሉን ብዕምቆት ዝተዘተየሎምን ኣገደስቲ ዛዕባታት ንውሱናት መዚዝና ክነቕርብ። ከምዝፍለጥ እቲ ብውልቀ ድልየቱ ቤት ምኽሪ ትግራይ ኣብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣፍሪሱ ዝመፀ ከዳዕ ጉጅለ፤ ኣብ ትግራይ ፖለቲካዊ ሕፅቦ ንምክያድ ኩለን ኣብያተ ምኽሪ ከተማታትን ወረዳታትን ከፍርስ እዩ ተንቀሳቒሱ። እዚ እውን ብብርኪ ሃገር ዘለዋ ኣብያተ ምኽሪ ወረዳታትን ከተማታትን ልክዕ ከም ናይ ትግራይ ብዘመን ኢህወዴግ ዝተመረፃ ኣብያተ ምኽሪ እናሃለዋን ዕድመ ስልጣነን እውን ክናዋሕ ብፓርላማ ተወሲኑ እናሃለወን እቲ ከዳዕ ጉጅለ ግን ኣብ ትግራይ ንዘለዋ ኣብያተ ምኽሪ ከተማታትን ወረዳታትን "ዕድመ ስልጣነን ስለዝሓለፈ ሕጋውያን ኣይኮናን" ብዝብል ከፍርስ እዩ ተንቀሳቒሱ። እንተኾነ ግን ኣባላት ኣብያተ ምኽርና እዞም ኣካላት ህዝቦም ጠሊምም መሳርሒ ፀላኢ ከምዝኾኑን ኣብ መወዳእታ ናብ ድማ ደጀኖም ኮይዶም ከምዝሸጎጡን ቀዲሙ ብምርዳእ ተሪር ቃልሲ ኣካይዱ እዩ። ግምቱም ድማ እንተይወዓለን እንተይሓደረን ብተግባር ተጋሂዱ።

እቲ ዝኸሓደ ጉጅለ ፖለቲካ ትግራይ ንምሕማስ ብፍሉይ ማእኸል ስሕበት ገይሩ ዝተንቀሳቐሰ ኣብ ከተማ መቐለ እዩ። ብፍላይ ንመራሕቲ ኣካላት ፀጥታ ብገንዘብን ጥቕማ ጥቕምን ብምግዛእ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ እናተኣከበ ከይውስን ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ከምኡ እውን ህዝቢ ከይግልገል ቤት ፅሕፈት ከንቲባ ክዕፆ ገይሩ እዩ። እንተኾነ ግን ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ዋላ ኣዳራሹ ይተዓፆ ኣብ ሆቴላት እናተኣከበ ተረርቲ ውሳነታት ብምሕላፍ ስልጣኑን ሓላፍነቱን ብኣግባቡ ተጠቒሙ ሕልሚ ፀላእቲ ኣበርዒኑ እዩ። ካብቲ ከዳዕ ጉጅለ "እዚ ሹመት ተቐበሉ፣ እዚ ግበሩ" ዝብሉ ቀጠንቲ ትእዛዛት እንተመፁ "ምስሌነ ኣይንሾምን" ኢሉ ብምቅዋም ዝኣምኖ እናሸመን ውሳነታቱ ንሰራዊት እናፍለጠን ብምቅላሱ ህልውና እቲ ቤት ምኽሪ ክቕፅልን ትግራይ ካብ ፕሮጀክት ሕምስምስ ፀላእቲ ሓራ ክትወፅእን መሪሕ ኮይኑ ከምዝተቓለሰ ክብርቲ ኣፈጉባኤ እቲ ቤት ምኽሪ ወ/ሮ ራሕማ ዓብድርቃድር ኣብቲ ዋዕላ ገሊፀን እየን።
እቲ ካሊእ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ዝተልዓለ መሰረታዊ ነጥቢ ምስፈጠራ ዕድል ስራሕ ዝተሓሓዘ እዩ። ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ 2017 ዓ/ም ዕድል ስራሕ ካብ ዝተፈጠረሎም 14 ሽሕን 579 ወገናት ብተወሳኺ ምስ ዲያስፖራ ተጋሩ ብምርድዳእ ብ70 ሚልዮን ብር ካፒታል 115 ዝወለዳ ዋዕሮታት ደቂ ኣንስተዮ ዝሰርሓሉ መሰንከቲ ባንን ኬክን ከምዝተኣታተወ ገሊፁ እዩ። ኮይኑ ግና እዚ ብዙሕ ገንዘብ ዝተበጀተሉ እንዳባኒ ስኣን ምምላእ መሰረተ ልምዓት ናብ ተግባር ክሰግር ኣይከኣለን። ብምኳኑ "እዚ ፈጠራ ዕድል ስራሕ ተባሂሉ ድዩ ክተሓዝ ዘለዎ?" ብዝብል ሕቶ ተላዒሉ በቲ ቤት ምኽሪ ተገምጊሙ እዩ። መንግስቲ ፌደራል ኮነ ኢሉ ህዝቢ ትግራይ ንምጥቃዕ ኣብ ካልኦት ከተማታት እዛ ሃገር ዝትግበር ውዕሊ ብምእሳር ዝተኣታቶ መብራህቲ ኣብ መቐለ ግን ቅድመ ክፍሊት እናተሓተተ ስለዘዳተተን ንመብራህቲ ዝተኸፈላ እውን ስለዘዘንግዖ ከምዝኾነ ምክትል ከንቲባ ከተማ መቐለ ዶ/ር ረዳኢ በርሀ ይገልፁ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ስድራ ስውኣት ስሚንቶ ብምሻጥ ቁጠባዊ ዓቕሞም ንምዕባይ 33 መኽዝናት ስሚንቶ ከምዝተሰርሓ ይፍለጥ። ይኹን እምበር እተን መኽዝናት ካብ ዝተዓለመለን ግልጋሎት ወፃኢ ናብ መኽዘን እኽሊ ዝተለወጣሉ ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ተሓቲቱ እዩ። እዚ እውን መንግስቲ ፌደራል ስሚንቶ ኣብ "ቫት" (ተወሳኺ እሴት ታክስ) ስለዘመዝገቦ ንሓደ መኽዝን ልዕሊ 10 ሚልዮን ብር ግብሪ ስለዝመፆም፤ እሞ ድማ "እዚ እንተይከፈልኩም ንግዲ ፍቓድኩምም ኣይሕደስን" ስለዝተብሃሎ ፍታሕ ክሳብ ዝመፅእ መኽዝን እኽሊ ገይሮም ንክጥቀሙ ተወሲኑ ይስራሕ ከምዘሎ ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ደኣንት ወ/ሮ ልእልቲ ፍስሃ የረድኣ።

እቲ ካሊእ ዝቐረበ ሓሳብ ኣብ ቀዳማይ ዙር ልዕሊ 21 ኪሎ ሜትር ዝተሰርሐ ኣስፋልት ከተማ መቐለ ፅቡቕ ኮይኑ እቲ ኣብ ካልኣይ ዙር 18 ኪሎ ሜትር ዝተትሓዘ ኣስፋልት ንምንታይ ዘይተዛዘመ? ዝብል እዩ። እዚ እውን ትግራይ ከዳቐቕ ዝተበገሰ መንግስቲ ፌደራል ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 15 ቦጥ ነዳዲ ዝፅዓና መኻይን ዝኣተዋ ዝነበራ፤ ሓንቲ ክትኣቱ ብምግባሩ መሸናት ሱር ብሕፅረት ነዳዲ ክንቀሳቐሳ ስለዘይከኣላ እዩ። ዛጊድ እቲ ዝተሰርሐ እውን ንሱር ቀዳምነት ብምሃብ እዩ። መንግስቲ ፌደራል ንትግራይ ንምድኻም ዝሰርሖ ዘሎ በዚ ጥራሕ ዝሕፀር ኣይኮነን። ባዕሉ ዘቐርቦም ዝነበሩ ናይ መብራህቲ ፖሎታትን ትራንስፎርመራትን ንትግራይ ፈልዩ ከምነዳዲ ማዕቐብ ምግባሩ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ካብ ኣሸንዳ ናብ ማእኸል ከተማ ብበጀት ፌደራል ክኣቱ ዝግባእ ዝነበረ መስመር መብራህቲ "እንተደሊኹም ባዕልኹም ዘርግሕዎ" ኢሉ ክብድል ከምዝፀንሐ ዶ/ር ረዳኢ የረድኡ። እቲ ካልእ ምስ ነዳዲ ተታሒዙ ዝበፅሐ በደል ኣንቡላንሳት ነዳዲ ብምስኣነን 120 ኣዶታት ኣብ ገዛ ብምውላድ ካብኣን ድማ ሓሙሽተ ኣዶታት ኣብ ወሊድ ህይወተን ስኢነን እየን። ኣብዚ ኣብ ሕክምና ክፍሊት ግልጋሎት ወሊድ ብምህላው ኣብ ገዛ ምውላድ ደው ንምባል ን41 ሽሕን 626 ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ፣ ስድራ ስውኣትን ፅጉማት ወገናትን ድኅማ መድሕን ጥዕና ተገይሩ ከምዘሎ ኣብቲ ጉባኤ ተገሊፁ እዩ።

መበል 37 ስሩዕ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ

ካልእ ኣብ ቤት ምኽሪ ከተማ መቐለ ዝቐረበ ሕቶ፤ "ልዕሊ 12 ቢልዮን ብር እቶት ክእከብ ተሓሲቡ ንምንታይ 4 ነጥቢ 13 ቢልዮን ብር ተኣኪቡ?" ዝብል እዩ። እዚ መደብ ክእከብ ዝተሓሰበ ኣብ ሰላማዊ ኩነታት ኮይኑ፤ እንተኾነ ግን በቲ ዝኸሓደ ጉጅለ ኣብያተ ዕዮ እናተዓፀዋ ፖለቲካዊ ምህዳር ትግራይ ይዝረግ ብምንባሩ ብዝተሓሰበ ከምዘይተኣከበ እዩ። ንኣብነት ንሓደ ካሬ ካብ 65 ሽሕ ክሳብ 135 ሽሕ ብር ብምሻጥ ብሊዝ መሬት ክእከብ ተሓሲቡ ዝነበረ እቶት፤ በቲ ፖለቲካዊ ሕምስምስ ዋጋ ሊዝ ናብ 19 ሽሕ ብር ብምውራዱ ሃፍቲ ህዝቢ ብኣግባቡ ንምጥቃም እዚ መደብ ናብ ዝቕፅል ዓመት ክሰግር ከምዝተገበረ ዶ/ር ረዳኢ ብዝርዝር ኣረዲኦም እዮም።

ምስ መደባት ፀጥታ ከተማ መቐለ ተታሒዙ ካብ ዝሓለፈ ዓመት 179 ወሰኽ ዘለዎም፤ ኣብዚ ዓመት 651 ስውር ገበናት ከምዝተፈፀሙ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ እቶም ኣባላት ቤት ምኽሪ እዚ ኩሉ ገበን ንምንታይ ተፈፂሙ? ብስሩ ኣካላት ፀጥታ ንምንታይ መርኣያ ሰላምን ፀጥታን ዘይኾኑ? ንምንታይ ሰባት እናወቕዑ ሰብኣዊ መሰል ይግህሱ? ንምንታይ ተጠርጠርቲ ኣፃርዮም ብእዋኖም ናብ ሕጊ ዘየቕርቡ? ዝብሉ ሕቶታት ተላዒሎም ተዘትይሎም እዩ። እቲ ፀገም ፀጥታ ዝተፈጠረ፤ እቲ ዝነበረ ኣመራርሓ ፖሊስን ፀጥታን ብበጀት ምምሕዳርን ቤት ምኽርን እናተንቀሳቐሰ፤ ተገልቢጡ ነቲ ዝበጀተሉ ምምሕዳርን ቤት ምኽርን ከተማ መቐለ እናኣገደ ይውዕል ብምንባሩ እዩ። እቲ ዝገርም ነገር ንክእግድ ስልጣን ዘይብሉ እናሃለወ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ንቀንዲ ስርሑ ዝኾነ ምርግጋፅ ሰላም ሸለል እናበለ ብገንዘብ ዝተዓደጉ መናእሰይ ኣብ ሰልፊ ክውዕሉ ይተሓባበር ከምዝነበረ ብዝርዝር መብርሂ ተዋሂቡ እዩ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ መሪሕነት ብምምዕርራዩ ተራእዮም ዘይፈልጡ ገበናት ዝፍፅሙ ዝነበሩ ሰባት፤ ይተሓዙ ከምዘለዉ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ቀሪቡ እዩ። ብፍላይ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ዕድመ ልክዕ ፍርዲ ዝተውሃቦም ገበነኛታት፤ መንግስቲ ፌደራል ትግራይ ንምሕማስ ኮነ ኢሉ ናብ መቐለ ዝለኣኾም ሕዚ ምስ ተሸከርከርቶም ይተሓዙ ኣለዉ። ዕላማ እቶም ፀላእቲ "ህዝቢ ከድሕን ዘይኽእል ምምሕዳር" ተባሂሉ ብናዕቢ ህዝቢ ንክዕሎ እዩ ነይሩ። ኮይኑ ግና ሕዚ መሪሕነት ፖሊስን ፀጥታን ብምትዕርራዩ መዓልታዊ ዝሰርቁ፣ ሰባት ብእምኒ ዝፈግኡ፣ ዝቕትሉ ዝነበሩ ገበነኛታት ኣብ ቁፅፅር ሕጊ ይውዕሉ ኣለዉ። ገሊኦም ኣብ ከይዲ ምርመራ እንትሕተቱ ዝህብዎ መልሲ ዘደንፁ እዩ። ንኣብነት "ክንደይ ሰሪቐካ፣ ክንደይ ወቒዕኻ፣ ክንደይ ቀቲልካ" ተባሂሎም እንትሕተቱ "ከምቲ መዓልታዊ ቢራ ዝሰቲ ሰብ ሃንደበት 'ዛጊድ ክንደይ ቢራ ሰቲኻ?' እንተኢልካዮ ቁፅሩ ዘይፈልጦ፤ ንሕና እውን ክንደይ ከምዝሰረቕና፣ ሰባት ከምዝወቓዕናን ዝቐተልናን ኣይንፈልጦን" ከምዝበሉ ዶ/ር ረዳኢ ኣብሪሆም እዮም።

እቲ ካልአ ኣብ ቤት ምኽሪ ዝቐረበ ሕቶ ብመሰረት መምርሒ ከተማታት "ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣተዉ ቁሸታት ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ናብ ስሩዕ ግልጋሎት ክኣትዉ ይግባእ" እናተብሃለ ንልዕሊ 16 ዓመት ኣይገጠር ኣይከተማ ኾይኖም ዝፀንሑ ንምንታይ እዩ? ንምንታይከ ገባርን ደቂ ገባርን ተጠቀምቲ መንበሪ ኣባይቲ ዝገብር ሓዱሽ ደንቢ ክሳብ 30 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ክውዳእ ተባሂሉ ዛጊድ ዘይተወድአ? ዝብል እዩ። እዚ እውን ካብ ወረዳ እንደርታ ናብ ከተማ መቐለ ዝኣተዉ ቁሸታት በቲ ዝነበረ ምኽላል ስሩዕ ርኽክብ ኣብ ምግባር ክፍተት ስለዘሎ እዩ። እዚ እውን ኣብ ገሊኡ እቲ ቁሸት ናብ ከተማ ምስተኸለለ ተሓራሲ መሬቱን ቤተክርስትያን እንተይኣተወ ይፀንሕ፤ ኣብ ገሊኡ ድማ ሕርሻ ናብ ከተማ ምስተኸለለ እቲ ቁሸት ኣብ ገፀር እንተይተኸለለ ስለዝተርፍን እዩ።

እቲ ክሳብ 30 ሚያዝያ 2017 ዓ/ም ክውዳእ ተሓሲቡ ግን ክሳብ ሕዚ ዘይተወደአ ድማ ሓደ በቲ ዝኸድዐ ጉጅለ ከተማ መቐለ እናተሓመሰት ስለዝፀንሐት እዩ። ካልኣይ ነበርቲ እቲ ቁሸት ዘይኮኑ ውልቀ ሰባት ከምነበርቲ ተታሒዞም ከቢድ ውራ መሬት ስለዘጋጠመ እዩ። ንኣብነት ኣብ ሓንቲ ጣብያ ኣብቲ ናይ ቅድም ክለላ መሬት 3500 ነበርቲ ከምዝነበርዋ ዝተትሓዘ ሰነድ፤ ኣብዚ ናይ ሕዚ ምፅፋፍ መረዳእታ 16 ሽሕን 43 ሰባት ኣብ ርኽክብ ተዘሊሎም ተባሂሉ ቀሪቡ እዩ። እዚ ድማ ካብቲ ነባሪ ልዕሊ ሓሙሽተ ዕፅፊ ተዘሊሉ ኣሎ ማለት መሬት እናተሰለዐ ምስተሸጠ ንዘይሕጋዊ መሸጣ መሬት ሕጋውነት ንምልባስ ዝተገበረ ሽርሒ ምኳኑ ብምርግጋፁን ነገራት ኣፅፊፍካ ንምስራሕ ተሓሲቡ ከምዝኾነ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣጠቓቕማ መሬትን ምሕደራን ተጋዳላይ ዘርኡ ተወልደብርሃን ይገልፅ።

እቲ ቤት ምኽሪ ብሓሙሽተ ቀወምቲ ኮሚቴታት ባይታ እናወረደ ብዝፈተሾ ዝተረኸቡ ርካባት እናልዓለ ንሕድሕድ መደባት ብዕምቆት ዘትዩ እዩ። ምምሕዳር እታ ከተማ ነቲ ዝነበረ ታሕሚስ ኣብ ግምት ብምእታው መብዛሕቲኦም ዝተትሓዙ መደባት ፅቡቕ ከምዝሰርሑ ዝገምገመ ኮይኑ እቶም ዝተንጠባጠቡ መደባት ኣብ 2018 ዓ/ም ንክውገኑ ብምሕባርን 9 ነጥቢ 4 ቢልዮን በጀት ብምፅዳቕን ዋዕልኡ ዛዚሙ ኣሎ። ብምኳኑ እቲ ስራሕ ፈፃሚ ይኹን ኣብ ሕድሕድ ቤት ፅሕፈት ዘሎ ሰራሕተኛ መንግስቲ ነቶም ዝተውሃቡ ርኢቶታትን ሓሳባትን ብውነ ተረዲኡ ንክዓሞም ትፅቢት ይግበረሉ።

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

“… ትኪ ዓፈንካ መውፅኢ እንተሰኢንካዮ ብኻልእ ምውፅኡ ኣይተርፍን።…”

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ብርጋዴር ጀነራል ሃይለስላሴ ግርማይ (ወዲ እምበይተይ)

ኣብ ዝሓለፈ መደብ እንገዶት ዓምድና ብጥበብ መሪሕነቱ ፅንዓቱን ጅግንነቱን ዝልለ ብርጋዴር ጀነራል ሃ/ስላሴ ግርማይ (ወዲ እምበይተይ) ምስ መፅሄት ወይን ሕታም ቁፅሪ 68 መስከረም 2018 ዓ/ም ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት “ብፀላእቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈቱ ተደጋገምትን ከበድቲን ወራራት ንምንታይ እናጋጠሙ መፂኦም? ዕላማታት እቶም ዛጊድ ዝገጠምዎ ወራራትን ንዕኦም ንምምካት እናኸፈሎ ዝመፀ መስዋእትን ከ ከመይ ትገልፆ?” ዝብሉ ሕቶታት መዚዝና ኣቕሪብና ምንባርና ዝፍለጥ እዩ። ንሎሚ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ስውኣት ከፊሉ ሕገ መንግስቲ ዘለዋ ሕፍርትን ክብርትን ሃገር ክትፍጠር ዝገበረ ህዝቢ ከምዝኾነን ይኹን እምበር ሕማቕ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኢህወዴግ ከም ውድብ ክፈርስን ህዝባዊ ስልጣን መፃወቲ ውልቀ ሰባት ክኸውን ብምኽኣሉ ኣብዚ ሐዚ እዋን “ሕጊ ይከበር” ስለዝበለ ጥራሕ ኣብ ልዕሊኡ ከቢድ ሰብኣዊ ፅንተት ተፈፂሙ። እዚ ከይኣክል ሐዚ እውን እቲ ፅንተት ብሰላሕታ እናቐፀለ እዩ። “ንሓዋሩ መዋፅኦ ህዝቢ ትግራይ እንታይ ክኸውን እዩ? ከም ተጋሩ ንቕድሚት ክንጥምቶ ዝግባእ ኣማራፂ ይህልዶ? ንዝብል ሕቶ ጥራሕ መዚዝና ኣቕሪብና ኣለና ሰናይ ንባብ።

ወይን፡- *ብዓሰርተታት ኣሽሓት ስዉኣት ከፊልና ሕገ መንግስቲ ዘለዋ ሕፍርትን ክብርትን ሃገር ምፍጣርና ዝፍለጥ እዩ። እንተኾነ ሕማቕ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኢህወዴግ ከም ውድብ ክፈርስን ህዝባዊ ስልጣን መፃወቲ ውልቀ ሰባት ክኸውንን ብምኽኣሉ “ሕጊ ይከበር” ስለዝበለ ጥራሕ ኣብ ልዕል ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ሰብኣዊ ፅንተት ተፈፂሙ። እዚ ከይኣክል ሐዚ እውን እቲ ፅንተት ብሰላሕታ እናቐፀለ እዩ። ንሓዋሩ መዋፅኦ ህዝቢ ትግራይ እንታይ ክኸውን እዩ? ከም ተጋሩ ንቕድሚት ክንጥምቶ ዝግባእ ኣማራፂ ዶ ይህሉ?*

ብ/ጀነራል ሃይለስላሰ፡- ከምቲ ቅድም ኢለ ዝገለፅክዎ በብእዋኑ ዝመፅኡ “ኣምባገነን” መንግስታት ባህሪ ስርዓቶም ስለዝፈልጡ ነቲ ናቶም ባህሪ ዘይሸከም እንግድዓ ንዘለዎ ህዝቢ ከሰኩንዎ ወይ ከጥፍእዎ እዮም ዝፅዕሩ። ስርዓት ብልፅግና እውን ነቲ “ብዘይመረፅክዎ ኣይመሓደርን፤ ሕጊ ይከበር” ዝበለን ባህሪ ናይቲ ስርዓት ዝፃወር እንግድዓ ከምዘይብሉ ዝፍለጥን ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ሰበብ ኣስባብ ክደልዩ ነይሮዎም። ህዝቢ ትግራይ ብዘይመረፆ ከመሓደር ባህሪኡ ስለዘይፈቕደሉ ብዝመረፆ መንግስቲ ምምሕዳር እውን ውፅኢት መስዋእቱን መጉዳእቱን ስለዝኾነ ብዝመረፆ መንግስቲ ንኽመሓደር እዩ ሓቲቱ። ነዚ ዴሞክራስያዊ ሕቶ ድማ ኣብ 17 ዓመታት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሱ ኣሽሓት ዘሰውኣሉ፣ ዘሰንከለሉን ሃፍቱን ጥሪቱን ዝብረሰሉን ዕላማ እዩ። ብዝመረፅካዮ መንግስቲ ክትመሓደርን እቲ ዘመሓድር እውን ንዝመረፆ ህዝቢ ከመሓድር ምሕታት “ወፍሪ ሕጊ ምኽባር” ዘብልን ኵናት ዘእውጅን ነገር የብሉን፤ ዝብል መጐት ስለዝነበረ እዚ ምጕት እዚ ዘዛልቕም ኮይኑ ኣይረኸብዎን። እታ “መረፃ ኣካይዶም” ከም ምኽንያት ክትመፅእ ስለዘይትኽእል ድማ “ሰሜን እዝ ተወቒዑ” ዝብል ንወራር ዝኸውን ሰበብ መሪፆም።

ብግልባጡ ግን እዚ ሰሜን ኣብ ልዕሊ ትግራይ መጥቃዕቲ ክፍፅም፣ በይኑ ንኸይሰዓር ድማ ካልኦት ብጎንደር፣ ፀለምትን ኣጋዴንን ዝነበሩ ሓይልታት ብዓፋርን ራያን ተወሰኽቲ ሓይልታት ንምእታው እዮም ዝዳየዩ ነይሮም። “ሰሜን እዚ ንትግራይ ከጥቅዕ እንትሸባሸብ ኣብ ውሽጢ ሓይሊ ምክልኻል ዝነበሩ ተጋሩ መን ንመን ከምዝቐትል ተመዳዲቦም ሰሜን እዚ ባዕሉ ንባዕሉ ከም ዝጋጮን ከምዝዋቓዕን ገይረምዎ። መወዳእታ ምስተኸሸፉ ፀሓፍቶምን ኦፕሬተራትን ንዝነበሩ ተጋሩ ብድቁሶን እዮም ረሺነምወን። ሰሜን እዝ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ለቒቖም፤ ድሽቃታት ኣብ ኣዋሽ ካምፕ፣ ብረት ለበሳት ድማ ኣብ ኣጉላዕ ኣተኣኻኺቦም። ብኻልእ ገፅ ኣብ መቐለ ዝሎ መሪሕነት ኣፅቢብካ ንምሓዝ ሕድሕድ ኣንጐሎን መስቀለኛ መንገድታትን ህንፃታትን ብብሬንን ድሽቃታትን ተዓፅዩ። ብሕቡእ ኣትዮም ዝነበሩ “ስፔሻል” ሓይልታት ድማ ዝሰልጠንሉ ሞያ ተጠቒሞም ኣብ ሕድሕድ ኣመራርሓ ትግራይ ዘለዎ ቦታ ኦፕሬሽናት ክገብሩ፤ እቶም ካልኦት ሓይልታት ድማ ኩሉ ኣብ ዘዘለዎ ኮይኑ ሓይሊታት ፀጥታ ትግራይ ምትሕግጋዝን ምትእስሳርን ከይገብሩ መስቀለኛ መንገድታትን ኣደባባያትን ክዓፅዉ እዩ ተተሊሙ ነይሩ። እንተኾነ ግን ይዕበ ይንኣስ በቲ ተዳልዩ ዝነበረ ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ካብቲ ሓደጋ ክንድሕን ክኢልና ኢና።

ብድሕሪ እቲ ቅሉዕን ሰፊሕን ወራር ድማ ብዘይምሕረት ትግራዋይ ንምጭፍጫፍ ዘኽእል ጭርሖ ኣውፂኦም እዮም ዘሚቶም። “የቀን ጅብ” ጁንታ፣ ፀጉረ ልውጥ” ብዝብል ስማስም ዘዝረኸብዎ ትግራዋይ ምጭፍጫፍ ቀፂሎምሉ። ዝተረኸበ ኩሉ ትግራዋይ ብምኳኑ ጥራሕ መለማመዲ ቀተልቲ ኮይኑ። ጠሓሒሶም ናብ ማእኸል ትግራይ ምስኣተው ድማ ኣብ ማህበረ ዴጎ፣ ማርያም ደንጎላት፣ ኣኽሱም፣ ምዕራብ ትግራይን ቦራን መስካሕክሒ ሰብኣዊ ፅንተት ፈፂሞም። በዚ ጭካነ ልክዕ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ትግራይ ኩሉ ክፍፀም ኵናት ምስቀፀልሉ ድማ ብዙሕ መልክዕ ዘለዎም ጨፍጫፋት ኣካይዶም። ኮይኑ ግና ህዝብ ትግራይ በዚ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕታት ተሰኲኑ ኣይተምበርከኸን። ዋላ እኳ ምስዝመፁ ፀላእቲ ዝመጣጠን ኣፅዋርን ቴክኖሎጅን እንተዘይነበሮ ሓድነቱን ፍትሓዊ ቃልሱን ከም ድሮን ተዓጢቑ ንህላወኡ ንፅኑዕ መንግስታዊ ምሕደራኡ፣ ፖለቲካዊ ውዳብኡ፣ ልኡላዊ ግዝኣቱ ንምምላስ ብሰማይን ምድርን ንዝመፆ ኩሉ መኪቱ። ብምኳኑ እውን ምንም ኣብዘይብላ ፀባብ መሬት 360 ዲግሪ ተኸቢቡ፣ ዘመን ንዘፍረዮም ኩሎም መሳርሒታት ኵናትን ዕስለ ባርኖስ ሰራዊት ሸውዓተ ሃገራትን ዝመከተሉ ምሽጥር ዝዓበየ ዓቕሙ ፍትሓዊ ሕቶኡ ስለዝነበረ እዩ። ኣብዚ ፍትሓዊ ሕቶ ሰሚሩ ሳላዝተጋደለ ድማ ኩሉ ዘይከኣል ዘመስል መፃብብ ፈንጂሑ፤ ፀላእቲ እውን ናብቲ ዝተሓሰምዎ ሰላም መፂኦም፤ በዚ ድማ ብናይ ዕላማ ፅንዓቱ ናብ ሰለማዊ ቃልሲ ተሰጋጊሩ።

ኮይኑ ግና ናብቲ ሰላማዊ ቃልሲ እንትእቶ ሰላም ተደልዩ ኣይመስለንን። እቲ ዝሓሰብዎ ወራር ፅንተት ብኵናት ምውዳእ ስለዝኣበዮምን ደኺዕኺዕ ስለዝበሉን በዚ ድርድር ኣቢሎም ምእንቲ ግዘ ክሽምቱ፣ ክውደቡ፣ ዝጎደሎም ከማልኡን እቲ ዝገጠሞም ስዕረት ዘፈረሞም ይመስል። “ይመስል” ዘበለኒ ምኽንያት “ዛሬ እንደ ትናንት ኣይደለንም፣ ኣሁን የተለየ ሁኔታ ላይ ነው ያለነው” ይብሉ ስለዘለዉ እዩ። ብርግፅ ነዚ ክብሉ ሓቆም እዮም። ሓይሊ ሰማይ፣ ሰራዊት መካናይዝድ ሓይሊ፣ ሓፂን መፂን ኩሉ ወሲኾም እዮም። ነዚ ንዋታዊ ሓይሊ ንበይኑ ጥራሕ ፈልዮም “ከም ናይ ትማሊ ኣይኮነን ዘለና፤ ስለዚ ተጠንቀቑ፤ ግደፉ በልዎም ክብሉ ክትሰምዖም ከለኻ እቲ ውዕሊ ዝፈረምሉ ዕላማ ግዜ ንኽሽምቱን ንኽዳለዉን ምኳኑ ኣፍካ መሊእኻ ንኽትዛረብ እዩ ዝዕድም። ብተግባር እውን ነታ ውዕሊ ዝፈረሙላ ዕላማ ምስ ኣማልኡ ድማ ይፍክሩ፣ የፈራርሑን ኩሉ ክብልዎ ዝኽእሉ ነገር እውን ይዛረቡን ኣለው።

ሐዚ እውን ግን ሓደ ነገር ረሲዖም እዮም። ፍትሓዊ ሕቶ ንዘልዓለ ህዝቢ ጋዕ ገልጠም ኣፅዋር የዳኽሞ እምበር ኣይሰብሮን። ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላን ኣብ ዙርያኡ ዘለው መሓዙቱን እውን ንህዝቢ ትግራይ ይፈልጡዎ እዮም። ዝፈጠሮም፣ ዘዕበዮም፣ ነቲ ናብዚ ብርኪ እዚ ዘብፀሖምን ካብ ወለዶም ንላዕሊ ህይወቶም ኣልዒሉ ዘድሐኖምን ህዝቢ ትግራይ ብምኳኑ ሕልና እንተሃልይዎም ነዚ ክርስዕዎ ኣይግባእን። ዋላ ትማሊ እንተተጋገዩ ሕዚ እውን ዳግማይ ኪጋገዩ፣ ተመሊሶም ነዚ ህዝቢ እዚ ክጭክንሉን በትሮም ንኸዕርፍሉን ክሓስቡ ዝግባእ ኣይመስለንን። ብፍላይ ከዓ “እንተደሊኹም ተገንፀሉ” ዝብል ዘረባኦም ተጋሩ ኣብ ምፍጣር እዛ ሃገር ዝለዓለ ብፅሒት ዘለዎም ሰብ ዋና ምኳኖም ዝዘንግዑ ይመስሉ። ብመሰረቱ እውን ተጋሩ መስረትቲ እዛ ሃገር እምበር “ኣእትውና” ኢሎም ለሚኖም ዝኣተው ማሕበርተኛታት ኣይኮኑን። ስለዚ ተጋሩ ካብ ዝነደቕዎን ዝሃነፅዎን ገዛ ይውፅኡ ክብሉ እንተለዉ ክሓፍሩ እዩ ዝግበኦም።

የግዳስ ንክልቴና ዘዋፅኣና መንገዲ እቲ እኒብርሃኑ ጁላ ዝበልዎ ሕቶ ህዝቢ ትግራይ ሕቶ ንገንፀል ዘይኮነስ፣ “ከም ህዝቢ ህላወና ኣይትድፍኡና፣ ኣይትድፈሩና፣ ንኽንነብርን ንክንቕፅልን ከም ዜጋ እምበር ከም ክንጠፍእ ዝግበአና ሓሰኻ ገይርኩም ኣይትርኣዩና” ዝብል እዩ። ካልኣይ ህዝቢ ትግራይ “ቆሪስኩም ኣብ ኢድ ቁፅፅርኩም ኣእቲኹምዎ ዘለኹም መሬትና ልቐቑልና፣ ሉኣላዊ ግዝኣት መሬትና ኣረክቡና” እዩ ዝብል ዘሎ። ብተመሳሳሊ ካብ መረበቱ ተመዛቢሉ ኣብ ቴንዳ ዝነብር፣ ዝጠሚ፣ ብሕማም ዝሳቐ፣ መድሓኒት ስኢኑ ዝመውትን ስነ ልቦንኡ ተሃስዩ ሓሰረ መከራኡ ዝበልዕ ዘሎ፣ ገዛኡን መሬቱን ዝተሓደገ ህዝቢ ናብ መረበቱ ንኽምለስ እዩ ዝሓትት ዘሎ። ከም ባርያ ብፀላእቲ ዝግዛእ ዘሎ ሓራ ዘይወፀ ህዝብና ነፃ ንኽወፅእ ብድምሩ ድማ ብሕገ መንግስቲ ዝተጣየሸ ልኣላዊ ግዝኣት መሬትና ምስ ምሉእ ምሕደርኡ፣ ፀጥታ ሓይሉ ንኸረክቡና ኢና እንሓትት ዘለና። ስለዚ ነዞም “እንተደለኹም ተገንፀሉ!!” ዝብሉ ዘለው ክብሎም ዝደሊ ሕሱም በደል ዝፈጥሮ ስለዘይፍለጥ ሕቶታትና ብምምላስ ናብ ሰላማዊ ናብራና ንኽንኣቱን ከም ሃገርና ባዕልና ንባዕልና እናመሓደርና ኣብ ህንፀት እዛ ዓዲ ብፅሒትና ኽንፃወትን ብእወንታ ንመንግስቶም ተፅዕኖ ክፈጥሩ እዩ ዘለዎም። እንተዘይኮይኑ “እዚ ሓይሊ እዚ መሬትና ወሪሩን ህዝብና ኣመዛቢሉን ዝፈፀመልና ወራር ጄኖሳይድ ከይኣክል ገና ከይሓወና መሊሱ እዩ ወራር ዝእውጀልና ዘሎ፤ በዚ ድማ መፍትሒ የለን” ኢልና ናብ ካልእ መፍትሒታት ንኽንኣቱ ዝደፍእ እዩ። እዚ ድማ ንዓና ንተጋሩ ይኹን ንኢትዮጵያ ከም ሃገር ኣይጠቕመናን።

ካልኣይ፤ እቲ ቐድም ኢሉ ህዝቢ ትግራይ ንምውራር ዝጥቀምሉ ዝነበሩ “ሽማሽም” ይተሓዳደስ ኣሎ። “ምስ ፋኖ ይዓርኩ ኣለው፤ ምስ ኤርትራ ይራኸቡ ኣለው፤ ምስ ኦሮሞ ሸኔን ግብፅን ተሻሪኾም ክወግኡና እዮም” ዝብል ካልእ ልበ ወለድ ተጀሚሩ ኣሎ። እዚ ልበወለድ፣ ንሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክንዲ ምምላስ “ናብ ኵናት ክኣትው ይኽእሉ እዮም” ብዝብል

ናብ ገፅ 17 ይዘውር

ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ሓደገኛ ሕማም ሽሮኽ ከመይ ይዕገት?

ሜላታት መከላኸሊ ሕማም ኮሌራ ብኣግባቡ ንጠቐም!

ሕማም ሽሮኽ (ኮሌራ)፣ ብጉድለት ቀረብ ፅሩይ ማይን ምግብን ምኽንያት ዝመፅእ ስርዓት ዝውውር ደም ወዲሰብ ብምስንኻል ንሞት ዘሳጥሕ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ቀንዲ መመሓላለፊ እዚ ሕማም ብሰገራን ሽንትን ዝተበከለ ምግብን መስተን እንትንጥቀም እንትኸውን ምልክታቱ ድማ ቓንዛ ኣልቦ ሃንደበታውን ዘየቋርፅን ቀጢን ብጫ ሕብሪ (ሕፃብ ሩዝ ዝመስል) ውፅኣትን ተምላስን እንትህሉ እዩ። እዚ ሕማም ዶብ ዘይፈሊ ኣብ ሓፂር እዋን ብመልክዕ ለበዳ ናይ ምልዓል ዝርገሐኡ ዝለዓለ እዩ። ከም ትግራይ ቅድሚ እቲ ኲናት ፅንተት ኣብ ውሽጢ ይኹን ምስ ጎረባብቲ ክልላት ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሓፈሻ ከምኒ ሕማም ኮሌራ ዝበሉ ድማ ብፍላይ ይግበሩ ብዝነበሩ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ዳርጋ ሓደጋ ናብ ዘይኾንሉ ብርኪ በፀሖም ምንባሮም ዝፍለጥ እዩ። ይኹን እምበር ድሕሪ እቲ ኲናት ስርዓት ጥዕና ትግራይ ብምዕናውን ምስ መዳውብቲ ክልላት ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ተኣሳሲሩ ኣብ ምቁፅፃር ሕማም ኮሌራን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማትን ዓብዪ ክፍተት ፈጢሩ እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ትግራይ ዝፍጠሩ ዘለዉ ተመሓላለፍቲ ሕማማት መብዛሕቲኦም መበገሲኦም ጎረባብቲ ክልላት ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ። ንኣብነት፣ ኣብ 2016 ዓ/ም ተራእዩ ዝነበረ ሕማም ኮሌራ ኣብቲ እዋን ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ኣምሓራ ኣብ ዝነበረ መሬት ትግራይ ወረዳ ራያ ኣላማጣ ኣብ ዝርከብ ማይፀሎት ከምኡ እውን ኣብ መዋስንቲ ወረዳታት እቲ ክልል ነይሩ። ካብኣቶም መበገሲ ዝገበረ ሕማም ኮሌራ ኣብ ትግራይ ብምእታዉ 12 ወገናት ሞይቶም እዮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን እውን ሕማም ኮሌራ ኣብ ክልል ኣምሓራ ከባቢታት ዞባ ዋግኽምራ እናተርኣየ ፀኒሑ እዩ።

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ሓበሬታ ስለዝነበሮ ድማ እቲ ሕማም ናብ ትግራይ ከይኣቱ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ቅድመ ምክልኻል ከካይድ ፀኒሑ እዩ። ይኹን እምበር ኣብቶም መዋሰንቲ ወረዳታት ዘሎ ህዝቢ ዝገብሮ ማሕበራዊ ምንቅስቓስን ምትሕውዋስን

> ሕማም ሽሮኽ (ኮሌራ) ከብፅሖ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻል ከባቢኡ ብፅርየት ክሕዝ፣ ኩሉ ግዘ ኢዱ ብማይን ሳሙናን ብምሕፃብ ካብዚ ሓደገኛ ሕማም ንባዕሉ ክከላኸል ኣለዎ። ካብዚ ሓሊፉ ምልክታት እቲ ሕማም ዝተርኣዮ ሰብ ብቕልጡፍ ናብ ትካል ጥዕና ምውሳድ የድሊ። ብፍላይ ሰብ ሞያ ጥዕና ትግራይ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ኮሌራ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ብምስራሕ ሞያዊ ግብኦም ክፍፅሙ ግድን ይኸውን።

ናብ ክልል ኣምሓራ በፂሑ ኣብ ዝመፀ ውልቀ ሰብ ቀፂሉ ድማ ኣብ ሕብረተሰብ እቲ ሕማም ከምዝተረኸበ ኣብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ በዓል ሞያ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ኮሌራ ኣይተ ዑቕባይ ገ/ሄር የረድእ።

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ብዘረጋገፆ መሰረት ካብ 1 ነሓሰ 2017 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ብዋናነት ድማ ኣብ ወረዳ ሰለዋ ከምዝተርኣየ ንሕብረተሰብን መዳርግቲ ኣካላትን ዕላዊ ገይሩ ነይሩ። ካብዚ ቀፂሉ 2 ነሓሰ 2017 ዓ/ም ድማ ኣብ ወረዳ ሳምረ ከምዝኣተወ ዝተረጋገፀ እንትኸውን 19 ነሓሰ 2017 ዓ/ም ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ወረዳ ሰለዋ ሞት ሓደ ሰብ ኣጋጢሙ እዩ። ድሕሪ እዚ ኣብ ወረዳታት ሰየምቲ ኣድያቦ፣ ማእኸል ኣድያቦ፣ ፅምብላ፣ ዓዲ ዳዕሮ፣ ኣስገደ፣ ላዕላይ ቆራሮ፣ ዛና፣ ዓዴትን ከተማ ሽረን ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ወርቂ ክኣርዩ ኣብ ዝኸዱ ወገናት ብሰፊሑ ተራእዩ።

ብምዃኑ ድማ ክሳብ 09 ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ኣብ 12 ወረዳታት ልዕሊ 516 ወገናት በቲ ሕማም ከምዝተትሓዙ ካብቶን ወረዳታት ዝመፀ ሪፖርት የመላኽት። ካብቶም ዝሓመሙ 504 ሰባት ኣብ ትካላት ጥዕና ብዝተገበረሎም ሕክምና ዲሒኖም ወፂኦም እዮም። ብኣንፃሩ ኣርባዕተ ወገናት ኣብ ትካላት ጥዕና ክትትል ዋላ እኳ እንተተገበረሎ ክድሕኑ ዘይከኣሉ፤ ሸሞንተ ድማ ናብ ትካላት ጥዕና እንተይመፁ ኣብ በረኻን መንገድን በድምር 12 ወገናት ኣብዚ ዓመት ግዳይ ሞት ኮይኖም እዮም። ኣብዚ ሐዚ እዋን ግዳይ እቲ ሕማም ዝኾኑ ዘለዉ ኣብ ምእራይ ወርቂ ዝተዋፈሩን ኣብ ክሊ ዕድመ ንእስነት ዘለዉን ወገናት እዮም። እዞም ወርቂ ዝኣርዩ መናእሰይ ርሕቐት ኣብ ዘለዎም በረኻታት ዝሰፍሩ ብምዃኖም ዝሓመመ ሰብ ተሸኪምካ ናብ ትካላት ጥዕና እንተይበፅሐ ኣብ መንገዲ ዝሞቱሉ ኩነታት ኣሎ። ስለዚ እውን እቶም ወገናት ዝገብርዎ ኣለሻ ወርቂ ብዝተወደበ መንገድን ኣብ ንፁር ቦታን ስለዘይኮነ ግንዛበ ንምዕባይን እታዎታት መሐከሚ ናውቲ ማይን ንምዕዳል ኣፀጋሚ ኮይኑ ይርከብ።

ቢሮ ጥዕና ትግራይ ሕማም ኮሌራ ናብ ትግራይ ከምዝኣተወ ዕላዊ ካብ ዝገበረሉ ዕለት ጀሚሩ ምስብርክት ዝበሉ መዳርግቲ ኣካላት ብምዃን ኣብ ምክልኻልን ምሕካምን እቲ ሕማም ሰፊሕ ምንቅስቓስ እናገበረን ለውጢ እናመዝገበን ይርከብ። ብፍላይ ልዕሊ 21 ትካላት ገበርቲ ሰናይ ኣብ ምሕጋዝ ዘለዉ እንትኾኑ ካብኣቶም እቶም 15 ናብ ተግባር ተሰጋጊሮም ዝለዓለ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ሕድሕድ እቶም ዝተጠቐሱ ገበር ሰናይ ሓደ ወረዳ ብምሓዝ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን እቲ ሕማም ዘድልዩ እታዎታትን መድሓኒታትን ኣብ ምምላእን ክትትል ኣብ ምግባርን ይነጥፉ ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብ ወረዳታት ሰለዋን ሳምረን ብዝተገበረ ስራሕቲ ምክልኻልን ምሕካምን እቲ ሕማም ካብ ዘይርአ ልዕሊ 50 መዓልቲ ገይሩ ስለዘሎ ካብ ሕማም ኮሌራ ነፃ ምዃነን ተኣዊጁ ኣሎ። ይኹን እምበር ኣብ መዋሰንቲ ክልል ኣምሓራ ሐዚ እውን እቲ ሕማም ስለዘሎ ዳግማይ ከይኣቱ ብዝግባእ ትኹረት ሂብካ ምስራሕ የድሊ።

እቶም ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝሰርሕዎ ዘለዉ ስራሕ እንትርአ ኣብተን ሕማም ኮሌራ ዝኣተወን ወረዳታት ኣብ ምሕካምን ከይስፋሕፋሕ ኣብ ምግባርን፤ ኣብተን ሕማም ኮሌራ ዘይኣተወን ግን ድማ ስግኣት ኣብ ዘለወን እውን ስራሕቲ ቅድመ ምክልኻል ብስፍሓት እናሰርሑ ይርከቡ። ብዋናነት ሕድሕድ መራሒ ስድራ እንተኺኢሉ ቀዋሚ እንተዘይኮይኑ ግዝያዊ ዓይነ ምድሪ ክሰርሕ፣ ንመስተ ዝጥቀሞ ማይ ክሕክም፣ ምግቡ ኣብሲሉ ክበልዕ ግንዛበ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይን ቀረብ መሐከሚ ማይ ኣብ ምቕራብን ይሰርሑ ኣለዉ። ብመሰረት እዚ እቶም ትካላት ገበርቲ ሰናይ ይገብርዎ ብዘለዉ ደገፋት ኣብ ቀረብ መድሓኒት ይኹን መሐከሚ ማይን ዋላ እኳ ከም ትግራይ ሕፀረት እንተሃለወ ነተን ሕማም ኮሌራ ዝተርኣየለንን ስግኣት ዘለወንን ወረዳታት ግና ንክልተ ወርሒ ዝኸውን ፈውሲ ከምዘሎ የረድእ።

ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ዝተዋፈረ ሰለስተ ጉጅለ ኣብ ዞባታት ደቡብ፣ ደቡብ ምብራቕ፣ ማእኸልን ሰሜን ምዕራብን ብምውራድ ገዛ ንገዛ ፈተሻ እናካየደ እዩ። ብመሰረት እዚ እውን ኣብ ቀረብ እታዎታት መከላኸሊ ከምኡ እውን ኣጠቓቕማ መድሓኒት ክትትልን ደገፍን ኣብ ምግባር ይርከብ። ካብኡ ሓሊፉ በቢዞብኡ ዘለዉ ኣመራርሓ፣ ሕብረተሰብን መዳርግቲ ኣካላትን ዝተፈላለዩ መድረኻት ብምፍጣር ግንዛበ ኣብ ምዕባይ ብትኹረት ይሰርሑ ኣለዉ።

ይኹን እምበር ሐዚ እውን ኣብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ዝርግሐ እቲ ሕማም እናሰፍሐ ዝኸደሉ ኩነታት ኣሎ። እቲ ዞባ ኣብ ዘሓለፈ ዓመት እውን ብዝፍሓት ዝተጠቐዐ እንትኸውን ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ወርቂ ንምእራይ ናብቲ ዞባ ዝኸዱ ወገናት ግቡእ ጥንቃቐ ዘይምግባሮም እዩ። ብዋናነት ሕፀረት ቀረብ ፅሩይ ማይ ሰፊሕ እንትኸውን ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ወሓዝቲ ሩባታት ማይ ምፍታን ሰፊሕ እዩ። ከምኡ ድማ እቶም ኣብ ምእራይ ወርቂ ዝተዋፈሩ ወገናት መሐከሚ ማይ ሒዝካ ዘይምኻድን ኣብ ጥቕሚ ዘይምውዓልን ነቲ ፀገም ኣብ ምግዳድ ናይ ባዕሉ ተፅዕኖታት ፈጢሩ ኣሎ። ብተወሳኺ ድማ ብማሕበር ዘይተወደቡን ንፁር መሕደርን መውዓልን ዘይብሎምን ብምዃኖም ረኺብካ ግንዛበ ንምፍጣርን እታዎታት መከላኸሊ ንምዕዳልን ኣፀጋሚ ገይርዎ ይርከብ።

ምክልኻል ሕማም ኮሌራ ግደ ብዙሓት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ከምኡ እውን ግደ መላእ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ንኣብነት፣ ቢሮ ሃፍቲ ማይን ማረትን ፅርየት ዘለዎ ማይ ኣብ ምቕራብ፤ ቢሮ መዓድንን ኢነርጅን እውን ኣብ ወርቂ ዝዋፈሩ ወገናት ብሕጋዊ ማሕበር ተወዲቦም ክንቀሳቐሱ ኣብ ምግባር ክሰርሕ ኣለዎ። ብማሕበር እንተተወዲቦም ኣብ ምንታይ ከምዘለዉ ንምፍላጥ፣ ግንዛበ ንምፍጣር፣ ቀረብ እታዎታት መሐከሚ ማይ ንምቕራብን ካልኦት ደገፋትን ንምግባር ስለዝጠቅም እዩ። ኣብዚ ትካላት ሃይማኖት ትግራይ ብፍላይ ግልጋሎት ማይፀሎት ዝህባ ኣብያተ ክርስትያን ከባቢኦን ብፅሬት ክሕዛ፣ ዓይነ ምድሪ ክሰርሓ፣ ክሕፀብ ዝመፀ ሰብ ቅድሚ ናብ ብዙሕ ሰብ ምሕዋሱ ንዝተወሰነ መዓልቲ ንበይኑ ተፈልዩ ክፀንሕ ክገብራ ኣለወን።

ብድምር በቢወረድኡ ተመዲቦም ፅቡቕ ሓገዝ ዝገብሩ ዘለዉ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ክምሰገኑ ዝግባእ እንትኾን ሐዚ እውን መሐከሚ ማይ ኬሚካልን መድሓኒትን ኣብ ዝመሳሰሉ ኣፋውስ ዝርአ ሕፀረት ኣሎ። ስለዚ እዞም ሕፀረታት ንምፍታሕ ብቐፃልነት ክሰርሑ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ሕብረተሰብ ቀዋሚ ዓይነ ምድሪ ክሰርሕ፤ ፅርየት ውልቀ ገዝኡን ከባቢኡን ብዝግባእ ክሕዝ፤ ኢዱ ብማይን ሳምናን ክሕፀብ ኣለዎ። ከምኡ እውን ንመስተ ዝጥቀሞ ማይ ክሕክም እንተዘየለ ድማ ማይ ኣፍሊሑ ክሰትን ንምግብነት ዝውዕሉ ቀረባት ድማ ኣብሲሉ ብውዕዩ ብምምጋብ እቲ ሕማም ብቐሊሉ ምክልኻል ከምዝከኣል ኣይተ ዑቕባይ የገንዝቡ።

ኣጠቓሊልካ እንትረአ ሕብረተሰብ ቅድሚ ብሕማም ሽሮኽ (ኮሌራ) ምትሓዙን ጉድኣት ምብፅሑን ኩሎም ሜላታት መከላኸሊ ብምጥቃም ህይወቱን ህይወት ስድርኡን ክሕሉ ይግባእ። ሕማም ሽሮኽ (ኮሌራ) ከብፅሖ ካብ ዝኽእል ሓደጋ ንምክልኻል ከባቢኡ ብፅርየት ክሕዝ፣ ኩሉ ግዘ ኢዱ ብማይን ሳሙናን ብምሕፃብ ካብዚ ሓደገኛ ሕማም ንባዕሉ ክከላኸል ኣለዎ። ካብዚ ሓሊፉ ምልክታት እቲ ሕማም ዝተርኣዮ ሰብ ብቕልጡፍ ናብ ትካል ጥዕና ምውሳድ የድሊ። ብፍላይ ሰብ ሞያ ጥዕና ትግራይ ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ሕማም ኮሌራ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ብምስራሕ ሞያዊ ግብኦም ክፍፅሙ ግድን ይኸውን። ብዋናነት ኣብ ቅድመ ምክልኻል ክሰርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ብምፅፋፍን ብምትግባርን ሕብረተሰብ ዓርሱ ካብቲ ሕማም ዝከላኸለሉ ግንዛበ ብምፍጣር ዓርሱን ከባቢኡን ካብ ሓደጋ ሞትን ሕማምን ክከላኸል ይግባእ።

ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ትልምን ጅማሮን ቴሞትስ...

ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ኣብ መናእሰይ ዘሎ ስእነት ስራሕ ንምቕራፍ፣ ስሉጥ ቁጠባዊ ረብሓ ንምርግጋፅን ልምዓት ንምስፍሕፋሕን መናእሰይ ብክእለትን ሞያን ንኽበቕዑ ዓሊሙ ዝተጣየሸ እዩ። መናእሰይ ዘለዎም ጉልበትን ፍልጠትን ኣዋዲዶም ብዓርሶም ዕድል ስራሕ ክፈጥሩን ኣብ ስራሕ ክዋፈሩን እቲ ቢሮ ኣብ ዝበዝሓ ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ብምህናፅ ብኣሻሓት ዝቑፀሩ መናእሰይ ብስሩዕን ዘይስሩዕን ዝተፈላለየ ሞያን ክእለትን እናሰልጠነን እናብቀዐን ይርከብ። ብፍላይ ኣብ ዘርያ ምትእትታው ቴክኖሎጂ፣ ምዝማን ስራሕቲ ሕርሻ፣ ደኣንትን ኢንዳስትርን ከምኡ ድማ ምፍራይ ልምዓታዊ ሓይሊ ሰብን መሰረታዊ ትኹረት ካብ ዝሃበሎም እታዎታት ሞያ ምርግጋፅ ብቕዓትን ምህዞታትን ቀንዲ መርሃ ግብርታቱ ገይሩ እናሰርሐ መፂኡ እዩ።

ምክትል ሓላፊ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ኣይተ ኣለም ኣረጋዊ

መቐፀልታ እቶም በቢ ዓመቱ ዝህቦም ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናን ኣብ በጀት ዓመት 2018 ዓ.ም እውን እቲ ቢሮ በቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ኣብ ኩለን ኮሌጃት ዝበፅሐ ወራርን ዕንወትን እናበደሀ ስሩዕ ስልጠናን ትምህርትን ንምሃብ መተግበሪ ትልምን ስራሕቲ ቅድመ ምድላዋትን ኣፃፊፉ ይርከብ። ነዚ ንምትግባር ገምጋም ኣፈፃፅማ መደባት ሕሉፍ ዓመት 2017 ዓ.ም መሰረት ብምግባር ኣብ ትልሚ በጀት ዓመት 2018 ዓ.ም ቀንዲ ሽቶ እቲ ቢሮ ተባሂሉ ዝተትሓዘ ከይዲ ሞያዊ ስልጠና እዩ። እቲ ዝወሃብ ሞያዊ ስልጠና ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኮሌጃት ብመደበኛን ሓፂርን ዝወሃብ ከም ዝኾነ እቲ ዝወፀ ትልሚ ይገልፅ። ብመሰረት እዚ ኣብ ሕሉፍ 2017 ዓ.ም እናተምሃሩ ንዝፀንሑ 9,539 ነባራት ሰልጠንቲ ተምሃሮን ኣብ 2017 ዓ.ም 12 ክፍሊ ወዲኦም ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ወሲዶም ናብ ዩኒቨርስቲ ዘይኣተዉ 42,856 ሓደሽቲ ተምሃሮ ኣብቲ መርሃ ግብሪ ከም ዝሕቆፉ ምክትል ሓላፊ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ትግራይ ኣይተ ኣለም ኣረጋዊ ይገልፁ። ብተመሳሳሊ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ኮሌጃት ኣትዮም ብስሩዕ ክስልጥኑ ዘይኽእሉ 200 ሽሕ መናእሰይ ብዝመረፅዎ ሞያ ሓፀርቲ ስልጠናታት ብምሃብ ሞያ ክጭብጡ ንክበቕዑን እቲ ቢሮ ትልሚ ሒዙ ከም ዘሎ የገንዝቡ።

እቶም ኣብዚ ዓመት ክስልጥኑ ትልሚ ዝተተሓዘሎም ሰልጠንቲ ተምሃሮን መናእሰያትን ዝስልጥንዎም ሞያታት ፖሊስን ቁጠባዊ ምንቅስቓስን ትግራይ መሰረት ዝገበሩን ብብርኪ ክልል ይኹን ብብርኪ ሃገር ተጠሊቡቲ ዝኾኑ ዘርፊ ሞያታት እዮም። ብፍላይ ድማ ሞያታት ሕርሻ፣ ኮንስትራክሽን፣ ስራሕቲ መሰረተ ልምዓት፣ ማኒፋክቸሪንግ፣ ንግድን ኣገልግሎትን፣ ቱሪዝምን ሆቴልን ከምኡ እውን ስራሕቲ ኢንዳስትርታት ኮይኖም እቶም ሰልጠንቲ ብዝተመሓየሸ ፖሊሲ ክመሃርዎን ክስልጥንዎን እዮም። ብመሰረት እዚ ኣብዚ ዓመት ከም ሃገር ኣብ ኩለን ናይ ክልል ኮሌጃት ዝተመሓየሸ ከይዲ ኣወሃህባ ትምህርትን ስልጠናን፤ ክለሳ ሞያታትን ዝጅመር እንትኾን ንመደበኛ ሓደሽቲ ሰልጠንቲ ተምሃሮ ካብ ብርኪ ሓደ ክሳብ ብርኪ ሽሞንተ ስልጠና ክወሃብ ሓዱሽ መምርሒ ክተኣታተው ተገይሩ እዩ። እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል በቢ ደረጅኡ ኣብ ፌደራል፣ ክልልን ከምኡ እውን ኣብተን ኮሌጃት ን3,700 ኣሰልጠንቲ መምህራን ብቕዓት መምልኢ ስልጠናን ኣጠቓላሊ(holisetic) ምዘና ፈተናን ክወሃብ ምንቅስቓሳት ተጀሚሮም ኣለዉ። በዚ ድማ ዛጊድ ን150 ዝኾኑ ኣሰልጠንቲ መምህራን ኣብቲ ዝተመሓየሸ ፖሊሲ ኣመልኪቶም ብብርኪ ሃገር ናይ ብቕዓት መዕበይ ስልጠና ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2017 ዓ.ም ተዋሂብዎም እዩ።

እዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ትግራይ ኣብ ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ኣትዮም ዝስልጥኑን ክእለት ጨቢጦም ስራሕ ዝፈጥሩ መናእሰይ ብወድዓውን ባዕላውን ፀገማት በዝሖም እናተመናመነ ኣብ ዘተሓሳስብ ብርኪ ወዲቑ ይርከብ። በዚ ድማ በዝሒ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ መፂኡን፤ ሐዚ ከም ትግራይ ልዕሊ 240 ሽሕ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ከም ዘሎን ነዚ ሞያን ክእለትን ኣጨቢጥካ ናብ ስራሕ ንምትእስሳር ከበድቲ ማሕንቖታት ከምዘለዉ ኣይተ ኣለም ወሲኾም የረድኡ። እቲ ቢሮ ንመናእሰይ ወዲቡ ብሞያ ኣሰልጢኑ ሰፊሕ ስራሕ ዕድል ዝፍጠረሉ ኩነታት ክንድቲ ዝድለ ብዘይ ምኳኑ ሐዚ ብዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ትግራይን ተፀልዩ ሐዚ እውን ቁፅሩ ዘይነዓቕ መንእሰይ ንዘይሕጋዊ ስደት፣ ዘይኣድለይቲ ተግባራትን መዐወኒ ሱሳትን ተቓሊዑ ግዳይ ሞትን ድኽነት ይኸውን ኣሎ። ብምኳኑ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ 60 ምኢታዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ተጠቀምቲ ዝገብር ን250 ሽሕ መናእሰይ ብመደበኛን ዘይመደኛን ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ሞያዊ ስልጠና ሂቡ ብቐዋምን ግዝያውን ስራሕ ንምትእስሳር ትልሚ ሒዙ እናሰርሐ ይርከብ። እዚ ንምትግባር ልዑል ባጀትን ፋይናንሳዊ ዓቕምን ዝሓትት እንትኸዉን እቲ ቢሮ ምስ ክልል ስራሕ ዕድል ፈጠራ ስትሪም ኮሚቴን ካልኦት ዘይመንግስታዊ ትካላት ፋይናንስን ብምኳን ዕድላት ልቓሕን ካልኦት ሓገዛትን ናይ ምምችቻዉ ስራሕቲ እናተወገኑ እዮም። ብመሰረት እዚ ሰለስተ ነጥቢ ሽውዓተ ቢልየን ዕድል ልቓሕ ክመቻቸወሎምን እቶም መናእሰይ ሓደ ነጥቢ ሽዱሽተ ቢልየን ብር ዝኣክል ክዓቑሩን ልቓሕ ክምልሱን ከም ዝግባእ ኣረዲኦም። ካብዚ ብተወሳኺ 150 ሄክታር መሬት ንመስርሕን መሸጥን ዝኸውን ቦታ ክወሃብ ምስ ቢሮ ኣጠቓቕማ መሬትን መዓድን ትግራይ ምርድዳእ ተገይሩሉ እዩ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ትግራይ ነቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኲናትን ወራርን ስዒቡ ዘጋጠመ ምምዝባል፣ ዕንወት፣ ውድቀት ቁጠባዊ ምንቅስቓስን በዝሒ ስራሕ ስኡን መንእሰይ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ይርከብ። ነዚ ንምቕላል እቲ ቢሮ ኣብዚ ዓመት ካብቲ ቕድሚ ኲናት ዝነበረ ከይድታት ስራሕ ዕድል ፈጠራ ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ንመናእሰይ ሰፋሕቲ ሞያውን ክእለታውን ስልጠናታት ንክወሃብ ሰፊሕ ፃዕሪ እናተገበረ ይርከብ። ስለ ዝኾነ እዚ ዕማም ዕዉት ንክኸውን ዝምልከቶ ኣመራርሓ ግዚያዊ ምምሕዳር፣ ኣብያተ ዕዮታትት፣ መዳርግቲ ኣካላትን ሰብ ብፅሒትን ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት መናእሰይ ኣብ ምፍታሕ ክረባረቡ ይግባእ። መናእሰይ እውን ኣብ ልዕሊኦም ሱር ዝሰደድ ዘሎ ስእነት ስራሕ ዝኸበደ ቁጠባዊ ቅልውላው ዝፈጥር ምኳኑ ብዝግባእ ተገንዚቦም ውሕሰና ናብ ዘይብሉ ስደት ካብ ምኻድ ኣብ ዓዶም ስራሕ ከየማረፁን ከይነዓቑን ክሰርሑ ይግባእ መልእኽትና እዩ።

ኣብ ንኡስ መሬት ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ዓርሰ ምርኮሳ ምኳኑ ተገንዚቡ ዘላቶ ፍልፍል ሃፍቲ ፅንቂቑ ክጥቀምን ኣብታ ዘላቶ ተሓራሲት መሬት መፍረያይነቱ ከሰስኑ ዝኽእሉ ኩሎም እታዎታት ሕርሻ ተጠቒሙ ኣብ ንኡስ መሬት ልዑል መፍረያይነት ብምርካብ ክፍተት ምግቢ ንምምላእ ፃዕሩ ከሐይል ከምዝግባእ እቶም ዳይሬክተር ግልፂ ገይሮም፡፡

ብምግቢ ዓርሰ ምርኮሳ እንትረጋገፅ ምግቢ ውሕስናን ስርዓት ኣመጋግባን ከምዝስተኻኸል ዝሓበሩ ኣይተ ሚኪኤለ፤ ኣብ ትግራይ ብሰንኪ ሕፅረት ምዕሩይ ኣመጋግባ መጠን ድኽደኽ 48 ምኢታዊ በፂሑ ከምዘሎ፤ እዚ ሕፅረት ምግቢ ድማ ኣብ ህፃናትን ኣዴታትን ብፍላይ ድማ ኣብ መጥበውትን ሓራሳትን ኣዴታት ብስፍሓት ከምዝኸሰትን ካብዚ ሓደጋ እዚ ንምውፃእ ሓረስታይ ምግቢ ውሕስንኡ ብምርግጋፅ ንውላዱ በታ ዘላ ዓቕሙ ምዕሩይን ዝተስተኻኸለ ቁመናን ክህልው ዝተማለአ ኣካላውን ኣእምራዊ ጥዕና ክውንን ብኣግባቡ ክምግብ ይግባእ ኢሎም፡፡

እቶም ዳይሬክተር መፍረያይነት ሎሚ ዘበን ኣመልኪቶም እንትገልፁ፤ ኣብ ትግራይ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር ተሓራሳይ መሬት ከምዘሎን ካብዚ ብሰንኪ ፅንተታዊ ኲናት ልዕሊ 758 ሽሕ ሄክታር ተሓራሲ መሬት ማለት 52 ምኢታዊ ጥራሕ ኣብ ኢድ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ይርከብ ኢሎም፡፡ ኣብ መፍረያይነት ምህርቲ ሕርሻ 2017-2018 ዓ/ም 720 ሽሕ ሄክታር ተሓራሳይ መሬት ብዝተፈላለዩ ዓይነት ዝራእቲ ከምዝተሸፈነ፤ ካብዚ 16 ሚልዮን ኩንታል ክርከብ ትልሚ ተታሒዙ ከምዘሎ ገሊፆም፡፡

ብኻሊእ ገፅ፤ ሓረስታይ መፍረያይነቱ ንምስሳን ትንበያ ቅድመ መጠንቀቕታን ህፁፅ ግብረ መልስን እናተኸታተለ ባልዓት ብወራር መልክዕ ክረኣዩ ከለው ናይ መንግስቲ ሓገዝ ዘድሊ እኳ እንተኾነ፤ ብዋናነት ግን እቲ ሓረስታይ ዓርሱ ብባህላዊ መንገዲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሕጋዊ ኣቕረብቲ ፀረ ባልዕ ኬሚካላት እናዓደገ ክነፅግን ዝራእቱ ካብ በልዓት ብእዋኑ ክከላኸልን ይግባእ ክብሉ እቶም ዳይሬክተር ሓቢሮም፡፡

ኣብ ወርሒ መስከረም 2018 ዓ/ም ኣብ ከባቢታት ሳምረ፣ የጭላን ኣበርገለን ካብቶም መፍረያይነት ዝጎድኡ ባልዕ ምሸላ ሕንዚዝ ተራእዩ ከምዝነበረ ወሲኾም ዝሓበሩ እቶም ዳይሬክተር፤ እዚ ባልዕ ናብ ካልኦት ከባቢታት ንኸይዛመት ይስራሕ ከምዘሎ ሓረስቶት እውን ግራቶም እናተኸታተሉ ባልዓት ክፍጠሩ እንከለው ድማ ንምክልኻል ፃዕሪ ይገብሩ ከምዘለው፤ እዚ ከይዲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም፡፡

ዛጊድ ዝተርኣየ ነገር ዋላእኳ እንተዘይሃለወ "ዒፍ ዋጃ" እናተብሃላ ዝፀወዓን ዝራእቲ ዘጥቃዓን ኣዕዋፍ ኣብ ከባቢ ራያ ኣብ 2016ን 2017ን ዓ/ም ኣብ ዝራእቲ ዓብይ ጉድኣት ኣብፂሐን ከምዝነበራ ዘዘኻኸሩ ኣይተ ሚኪኤለ፤ ሎሚ ዘበን እውን እቲ ሓደጋ ኣብ ጎረቤት ክልላት ስለዝተርኣየን ናብ ትግራይ ናይ ምምፃእ ዕድል ክህልው ስለዝኽእልን ሓረስታይ ኣብ ግራቱ እኹል ክትትል ክገብርን ኣብዝተርኣየሉ እውን ድማ ከምቲ ልሙድ ማሕበረሰብ እቲ ከባቢን ተምሃሮን እናተሓባበርካ ካብ ባልዕ ነፃ ዝገብርሉ ኩነታት ክፍጠርን ይግባእ ኢሎም፡፡

እዚ ከምዚ እናሃለወ፤ ኮሚሽን ቅድመ መጠንቀቕታ ትግራይ ድሒሩ ዝወቅዕ ዝናብ ክህሉ ከምዝኽእል ይትንቢ ከምዘሎን ድሒሮም ኣብ 30 ሰነ ዝተዘርኡ ዝራእቲ ዝናብ ስለዘድልዮም ሓረስቶት ጠብ ዝበለት ማይ ናብ ግራቶም እናኣለዩ እንትበዝሕ ድማ እናንፃፈፉ ምሉእ ግዚኦምን ጉልበቶምን ኣብ ግራቶም ከውዕሉ ከምዝግባእ ኣይተ ሚኪኤለ ኣዘኻኺሮም፡፡

ኣብ መወዳእታ፤ ሓረስታይ ብብዙሕ ፃዕሪ ዝረኸቦ ፍርያት ልዕሊ ዓቕን መርዓን ተስካርን ካብ ምግባር ክጥንቀቕ ከምዘለዎ ዘተሓሳሰቡ እቶም ዳይሬክተር፤ ብኸነት ኣንፃር ዓርሰ ምርኮሳ ኣንፈትና ብምኳኑ፣ መባኸናይ ኣከያይዳ ንዝኽተል ሓረስታይ ከምቲ ልሙድ ከባብያዊ ስሪት ብምውፃእ ክእረም፣ ብኸነት ዝፅየፍ ሕ/ሰብ ንምፍጣር ድማ ናይ ኩሉ ኣካል ፃዕሪ ከምዝሓትት መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም፡፡

ብሰንኪ ውዕሊ ፕሪቶርያ ተግባራዊ ዘይምኳን፤ በቢዓመቱ ካብ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር ተሓራሲ መሬት 26 ሚልዮን ኩንታል ይሕፈስ ዝነበረ ኣብዚ እዋን ናብ 16 ሚልዮን ኩንታል ከምዝወረደ፤ ኣስታት 48 ምኢታዊ ተሓራሳይ መሬት ዛጊድ ኣብ ኢድ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ከምዘየለ ዝፍለጥ እዩ፡፡

እዚ ከምዚ እናሃለወ "መድረኽ ምኽክር ልምዓታዊ ስግግር ዞባ ደቡብ ትግራይ" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ከተማ ማይጨው ህዝባዊ ኮንፈረንስ ዝተሳለጠ እንትኾን ኣብዚ መድረኽ ካብ 14 ወረዳታት እቲ ዞባ ዝተውፃእፅኡ ተወከልቲ መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ላዕለዎት ኣመራርሓ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ውድብ ህወሓትን ዝተረኽብሉ ሰፊሕ ምይይጥ 14 ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም ተኻይዱ እዩ።

ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይ እዩ!

ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ቀለብ እንስሳ - ከምቀለብ ወዲ ሰብ

እኹል ቀለብ ዓመት እንስሳ ብእዋኑ ይተኣከብ!

ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ውሕስነት ምግቢ ኣብ ምርግጋፅን ቀፃልነት ዘለዎ ቁጠባዊ ዕብየትን ሓንቲ ዓዲ ኣብ ምርግጋፅ ዝለዓለን ወሳንን ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብ ሓፂር ግዜ ቁጠባዊ ዕብየት ኣብ ምምዝጋብ፣ ብምግቢ ዓርሰኻ ኣብ ምኽኣልን ካብ ትሕቲ መስመር ድኽነት ዘናግፍን ከምዝኾነ ተመክሮ ብርክት ዝበላ ሃገራት ዓለም ምርኣይ ይከኣል። ኣብ ዘፈር ልምዓት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትኹረት ካብ ዝግበረሎም ጉዳያት ድማ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ይጥቀስ። ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ምርባሕን ምህጣርን ከፍቲ፣ ጤለ በጊዕ፣ ደርሁ፣ ምስሳን ፀባን ውፅኢት ፀባን ከምኡ እውን ምርባሕ ኣናህብን ካልኦትን የጠቓልል። ካብቲ ዘፈር ትፅቢት ዝግበረሉን ዝበለፀ ረብሓን ክርከብ ዝኽእል ድማ ንሃፍቲ እንስሳ ዘድሊ ግቡእ ክንክንን ሓለዋን፣ ግቡእ ሕክምናን ቀረብ ምግብን ብምትግባር ዝለዓለ ረብሓ ዝህባሉ ባይታ ምፍጣር ግድን ይኸውን። ኣብ ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ዝተዋፈሩ ተጠቀምቲ ውሑዳት ተመረፅቲ ጨገረት ዘለወን እንስሳ ብምውናን ምስ ልምዓት ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ኢንዳስትሪ ዝተኣሳሰረ ረብሓ ንምርካብ ዘኽእል ኣሰራርሓን ኣንፈትን ምትግባር የድሊ።

ሓረስታይ ትግራይ ኣብ ምስሳን ልምዓት ሃፍቲ እንስሳ ማሕንቖ ካብ ዝኾነ ሓደ ሕፅረት ቀለብ እንስሳ እዩ። ቅድሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ኣብ 2012 ዓ/ም ዝነበራ በዝሒ ሃፍቲ እንስሳ ንህብን ደርሆን እንተይሓወሰ ልዕሊ 12 ሚልዮን ይግመታ። ካብዚ እተን ኣርባዕተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ከፍቲ እንትኾና ኣብቲ እዋን ኲናት ግና ብርክት ዝበላ እንስሳት በቶም ፀላእቲ ተሓሪደንን ተጓሒለንን እየን። ንኣብነት፣ ንግልጋሎት ማሕረስ ይውዕሉ ካብ ዝነበሩ ሓደ ነጥቢ ትሽዓተ ሚልዮን ኣብዑር 256 ሽሕ ጥራሕ ምትራፎም ድሕሪ እቲ ኲናት ፅንተት ዝተገበረ መፅናዕቲ የረጋግፅ። ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ብሰንኪ ሕፅረት ምግብን ማይን ሞይተን ብዙሕ ሓደጋ በፂሑወንን እዩ።

ብመሰረት እዚ ካብ ከምዚ ዓይነት ሓደጋ ንምውፃእን ዘላቒ ዳግመ ሕውየት ሃፍቲ እንስሳ ንምርግጋፅን ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣብ ምስሳን ሃፍቲ እንስሳ ማእኸል ዝገበረ ናይ 10ን 25ን ዓመት ስትራተጂክ ትልሚ ብምድላው ናብ ስራሕ ኣትዩ ይርከብ። ካብቲ ዝነበረ ልሙድ ኣካይዳ ብምውፃእ ዝሐሸ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ፣ ኣሰራርሓን እታዎትን ብምጥቃም ቅልጡፍ ለውጥን ዕብየትን ዝምዝገበሉ ብርኪ ንምብፃሕ ኣንፈት ኣነፂሩ እዩ፡ ብመሰረት እዚ ከምሃፍቲ እንስሳን ዓሳን "ቁሸት ዓንዲ ፍርያት ሃፍቲ እንስሳ" ዝብል ሜላ ብምኽታል ኣብ ናይ ፀባ፣ ስጋ፣ ኣብ ናይ ደርሆ ድማ ምስ እንቆቕሖን ስጋን ተኣሳሲሩ ብፍሉይ ይስረሐሉ ከምዘሎ ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ መራሒ ጉጅለ ልምዓትን ኣጠቓቕማን ቀለብ እንስሳ ኣይተ ገ/ኣነንያ ግርማይ የረድኡ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ቀረብን ትሕዝቶን ዘሎ ዓቕሚ እንትርአ ሰፊሕ ሕፅረት ከምዘሎ ምርዳእ ይከኣል። ኣብ ትግራይ ዘለዋ ሃፍቲ እንስሳ ብዓመት ክቐርበለን ብዝግባእ መጠንን ፅርየትን ቀለብ ዝረኽባሉ ዕድል ኣይነበረን። ብኡኡ ልክዕ ካብ ሃፍቲ እንስሳ ክንረኽቦም ዝግበአና ውፅኢታት ኣይተረኽበን። ንኣብነት፣ ኣብ 2012 ዓ/ም ዓመታዊ ናብ ሓደ ነጥቢ ትሽዓተ ቶን ቀለብ እንስሳ ሕፅረት ከምዝነበረ ይዝከር። ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ኲናት ሃፍቲ ተፈጥሮ ትግራይ ዝበረሰሉ፤ ዝነበራ ሕዛእቲ ናብ ስዲ ጋህዒ ዝተቐየራሉ፤ ከምኡ እውን ሕዛእትታት ንምስፍሕፋሕ ከተማነትን ካልኦት ረብሓታትን ዝወዓለሉ ኲነታት ሰፊሕ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ቅድም ክብል ሳዕርን ካልኦት ንቐለብ እንስሳ ዝኾኑ ተኽልታት ዝበቖለሎም ዝነበሩ ከባቢታት ብፃህያይ እናተወረሩ ዝኸድሉ ኲነታት ኣሎ። ብምኽንያት እዚ ከምድርቛን ካልኦትን በቢዓመቱ ክእከቡ ዝግብኦም ቀለብ እንስሳ እናቖነሱ መፂኦም እዮም።

ስለዚ ነዚ ፀገም ዝፈትሕን ምህርቲ ሃፍቲ እንስሳ ዘኻዕብትን ስራሕቲ ንምስራሕ ዝለዓለ ትኹረት ዘድልዮ ምእካብ ዓመታዊ ቀለብ እንስሳ እዩ። ቀለብ እንስሳ ማለት ብመጀመርታ ዝብላዕ ክኸውን ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ቀለብ ክሓቕቕን ናብ ስጋ፣ እንቆቕሖን ፀባን ክቕየር ኣለዎ። ስለዚ ቀለብ ክበሃል እንተሎ ብመንፅር ሓይሊ ወሃብነት፣ ሃናፅነት፣ መኣድንን ቫይታሚንን ብዘለዎ ትሕዝቶን ፅርየትን ዝቐርበሉ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ውፅኢት ዝቕየር እንትኸውን እዩ። ምኽንያቱ እንስሳ ግቡእ ቀለብ እንተዘይረኺበን ካብኣተን ክርከብ ዝኽእል ውፅኢት ምርካብ ኣይከኣልን።

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ እዚ ማእኸል ብምግባር ይሰርሕ እኳ እንተሃለወ ሓረስታይ ትግራይ ሐዚ እውን ካብቲ ሓደጋ መሊኡ ዝወፀ ኣይኮነን። ቀለብ እንስሳ ብዋናነት ኣብ እዋን ክረምቲ ካብ ዝለምዕ ሳዕሪ፣ ካብ ዝራእቲ ዝርከብ ሓሰርን ቃንጫን ትኹረት ብምግባር ክእከብ ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ልምዓት መስኖ ማእኸል ዝገበረ መፍረያይነት መኖ ክብ ምባል የድሊ። ብመሰረት እዚ ከምቢሮ ኣብ 2017 ዓ/ም ኣብ ልምዓት መስኖ ብዝተሰርሑ ዝተዋደዱ ስራሕቲ ዝተመሓየሸ ዓይነት ቀለብ ኣብ ምትካልን ምዝራእን ዝሐሸ ምንቅስቓስ ነይሩ። ይኹን እምበር ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ 2017 ዓ/ም ክረምታዊ ዝናብ ዘንጊዑ ብምጅማሩ ሓረስታይ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐሉ ኲነታት ተፈጢሩ ነይሩ እዩ። ብምኽንያት እዚ ብርክት ዝበላ እንስሳ ብዕብራን ክጥቀዓ ክኢለን እየን። ከምኡ እውን ካብ ሃፍቲ እንስሳ ክርከብ ዝግባእ ውፅኢት ብኣግባቡ ዘይረኽበሉ ኲነታት እዩ ዘሎ። ስለዚ ነዚ ሓደጋ ብዝግባእ ብምርዳእ ብትኹረት ክስርሐሉ ዝግባእ ዘርፊ ምኺኑ ክስመረሉ ኣለዎ።

ካብዚ ብምብጋስ ኣብዛ እዋን እዚኣ ኮይንኻ ክስርሑ ዝግብኦም ስራሕቲ ኣለዉ። ንሳቶም እውን ዝተመሓየሹን ዘይተመሓየሹን ዓይነትን ዓልየትን ንዓመት ዝኸውን ቀለብ እንስሳ ዝእከበላ ወቕቲ እያ። ኣብ ሰውሒ፣ መፋስስ፣ ዓርሞ፣ ጉህሚ፣ መስኖ፣ ኣብ ቀፅሪ ዓበይቲ መንግስታዉን ዘይመንግስታውን ትካላት ከምኡ እውን ካልኦት ዝለምዐ ሳዕሪ ብመልክዕ ድርቛ ክእከብ ኣለዎ።ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ፅርየት ዘለዎ ቀለብ ዝእከብ ኣብዛ ወቕቲ እዚኣ ብዝስርሑ ስራሕቲ እዮም። እዚ ማለት እቶም ሳዕርታት ቆፅለዋይ ሕብሪ እናሃለዎም ብምዕፃድን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ከደርቁ ብምግባርን ፀሓይ ኣብ ዘይረኽቦ ቦታ ክዕቀቡ ኣለዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ዝተዓፀደ ሰውሕን መፋስስን ክኽለልን ብመስኖ ማይ ክሰትትን ብምግባር ኣብ ዓመት ክልተ፣ ሰለስተ ግዜ ዝዕፀደሉ ኲነታት ምፍጣር ነቲ ሕፅረት ዘቃልል ቀንዲ ኣማራፂ እዩ።

እዚ እዋን እዚ ኣብ ምህርቲ ዘመን 2017/2018 ዓ/ም ዝለምዐ ዝራእቲ ተረፈ ምህርቲ ብኣግባቡ ዝእከበሉ እዋን እዩ። ስለዚ እኽሊ ናብ ጎዶ እንትኣቱ ሓሰርን ቃንጫን እውን ንብኽነት ከይቃላዕ ብእዋኑ ክኽዘን ክኽእል ኣለዎ። ካብዚ ሓሊፉ ክረምታዊ ዝራእቲ ኣብ ዝለዓለሉ እዋን ሕዱር ጠሊ ስለዝህሉ ብፍላይ ልሙዕነት መሬት ኣብ ዘለዎም ከባቢታት ከምላሕሚ ዓተር፣ "ላብላብ"ን ካልኦት ዓልየታት ንዝመሳሰሉ ቀለብ እንስሳ ምዝራእ ግቡእ እዩ። ካብዚ ብምቕፃል ክረምታዊ ዝራእቲ ድሕሪ ምልዓል ቀልጢፍና ናብ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ክንኣቱ ኣለና። ብመሰረት እዚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ከም ቢሮ ሕርሻ ሓረስታይ ትግራይ ናብ ቀዳማይ ዙር ልምዓት መስኖ ቀልጢፉ ክኣቱ ዘኽእሉ ምልዕዓላትን ቅድመ ምድላዋትን እናወገነ ከምዝርከብ ኣይተ ገ/ኣነንያ የረድኡ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኲነታት ፀባይ ኣየር ከባቢና ተለዋዋጢ እናኾነ ይርከብ። ካብዚ ዝብገስ ድርቂ ብስፍሓት ዝርአየሉን ሃፍቲ እንስሳ ትግራይ ናብ ሓደጋ ዝወድቃሉን ኲነታት ኣሎ። ስለዚ ሓረስታይና ድርቂ ክፃወር ዝኽእል ልምዓት ቀለብ እንስሳ ብኣግባቡ እንተልምዕን እንትእክብን ጥራሕ እዩ። ኣብ ዝለምዐ ሰውሒ፣ ተፋሰስን ጉህምን ዝለዓለ ቀለብ እንስሳ ካብ ምርካብ ብተወሳኺ ኣብ ምርግጋፅ ኲነታት ኣየር ፀባይ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ። ብመሰረት እዚ ኣብ ቀዳማይ ይኹን ካልኣይ ዙር ልምዓት መስኖ ምስቶም ዓንዲ ዝራእቲ ዝበሃሉ ከም ኣሕምልቲ፣ ፍራምረን ተኽልታትን ጎድና ጎድኒ ንቀለብ እንስሳ ዝውዕሉ ዓይነታት መኖ እውን ብስፍሓት ምልማዕ ትኹረት ክውሃቦ ይግባእ። ኣብ ልምዓት መስኖ ዘሎ መዋፃኣይነት ብዝግባእ ብምርዳእ ሓረስታይ ብሞያ ዝተመርሐ ቀለብ እንስሳ ከልምዕ ዝኽእለሉ ርድኢት ምፍጣር ከድሊ እዩ።

ቀለብ እንስሳ እንትለምዕ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ "ቁሸት ዓንዲ ፍርያት ሃፍቲ እንስሳ" መሰረት ዝገበረ ክላስተር ብምውዳብ ምስ ውፅኢት ፀባን ስጋን ክተኣሳሳር ኣለዎ። ኣብዚ ከይዲ ዝሐሸ ለውጢ ዘምፅኣን ከምተሞክሮ ክጋፋሕ ዝኽእል ስራሕቲ ዘለወንን ከባቢታት ድማ ኣለዋ። ንኣብነት፣ ኣብ ከባቢታት ኣጉላዕን ስቡሓ ሳዕሲዕን ኣብ ልምዓት ኣልፋ ኣልፋ፣ ላብላብን ካልኦትን ዝሐሸ ተመኩሮ ተኸይዱ እዩ። ከምውፅኢቱ ድማ ዝለዓለ ቀረብ ፀባን ውፅኢት ፀባን ዝርከበሉ ከባቢ ኮይኑ ኣሎ። ካልእ ብውልቀ ሰብ ሃፍቲ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝተደፈ ኣብ ከባቢታት ራያ ዓዘቦ ዝለምዕ ዘሎ ቀለብ እንስሳ እውን መርኣያ እዩ። ኣብዚ ዝተርአየ ስራሕቲ ብጣዕሚ መዋፃኣይ ምኺኑ ብምግንዛብ ዝለዓለ ለውጢ ዝተርአየሎም ከባቢታት ኮይኖም ኣለዉ። ነዚ ናይ ምግፋሕ ስራሕቲ ድማ ኣብ ምትግባር ይርከብ። ኣብ በጀት ዓመት 2018 ዓ/ም ካብ ተረፈ ምህርቲ ክረምታዊ ዝራእቲ ሰለስተ ነጥቢ ሓሙሽተ ቶን፣ ካብ ድርቛ ባዶ ነጥቢ 46 ሚልዮን ቶን፣ ካብ ፋብሪካታትሕርሻን ኣግሮ ኢንዳስትሪን ማለት ፍሩስካ፣ ፋጉሎን ካልኦትን ናብ ባዶ ነጥቢ 35 ሚልዮን ቶን ብድምር 38 ነጥቢ 96ሚልዮን ቶን ቀለብ እንስሳ ንምእካብ ከምትልሚ ተታሒዙ እናተሰርሐሉ እዩ።

ብድምር ሓረስታይ ትግራይ ብቐዳምነት ብግዜ የለን መንፈስ ድርቛ ናይ ምእካብ ስራሕቲ ክሳብ ወርሒ ጥቅምቲ ክጠቓለል ኣለዎ። ስለዚ ኲነታት ዝናብን ብርኪ ዕብየት ናይቲ ሳዕርን እናረአየ ኣብ ናይ ሓባር ይኹን ውልቀ ዘሎ ሳዕሪ ክዓፅድ ቀልጢፉ ኣድሪቑ ክዕቅብ ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ተረፈ ምህርቲ ክረምታዊ ዝራእቲ ሓሰርን ቃንጫን ብኣግባቡ እንተይተባላሸወን እንተይባኸነን ፍርያቱ እኽሉ እንትእክብ ሽው ንሽው ክዕቅቦ ኣለዎ። ካልእ ምስ ስራሕቲ ልምዓት መስኖ ጉድኒ ንጎድኒ ዓመት ምሉእ ንቀለብ ከፍቲ ዝኸውን እታዎታት ምልማዕ ትኹረት ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። እዚ ብምሉእነት ንምትግባር ድማ በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓን በዓል ሞያን ግንዛበ ዘዕብዩ ስራሕቲ ክሰርሕን ከምህርን ይግባእ። ባዕሉ እቲ ሓረስታይ እውን ልክዕ ከምቲ ቀለብ ዓመቱ ንምእካብ ዝገብሮ ስራሕቲ ኣብ ምእካብ ቀለብ ዓመት እንስሳ እውን ትኹረት ገይሩ ፅርየቱን መጠኑን ብዝሓለወ መንገዲ ክእክብን ክዕቅብን ኣለዎ። ዝተዓፀደ ሰውሕን ተፋሰስን ድማ ዓመት ምሉእ ሳዕሪ ንክርከበሉ ምሉእ ብምሉእ ክኽለልን እንተተኻኢሉ እውን ብመስኖ ማይ ክሰትን ምግባር መማረፂ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ።

ኲሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቕን ጥምየትን ንከላኸል!

ትግራይ፤ ዓዲ ፀጋታት ዕቑር ሃፍቲ!

ፋብሪካ ወርቂ ሜሊ

በቢጊዜኡ ሃፍቲ ትግራይ ብምጉሕጓሕ ንትግራይ ዝገዝእዋ ዝነበሩ ገዛእቲ ሸዋ፤ ተገልቢጦም ትግራይ ምንም ትሕዝቶ ከምዘይብላ "ድኻን ፅግምትን" ብምባል እናናኣስዋ ከምዝፀንሑ ይፍለጥ። ህዝቢ ትግራይ ግና ከምቲ ነፍሲ ሄር ክቡር ኣርቲስት ኪሮስ ኣለማዮህ፤ ነታ ዝፈትዋ ዓዱ "...ዓዲ እምኒ ተባሂልኪ፣ እንተንኣኺ የኹረዐኪ፣ ዓዲ ወርቂ ሎሚ ኮይንኪ ትግራይ ዓደይ ኮሪዐልኪ" ዝበሎ፣ ዓዲ ወርቅን እምነ በረድን ከምዝኾነት ሳላ ቃልሱ ኣግሂዱ እዩ። ነዚ እምነት ናብ ተግባር ንምቕያር እውን እዩ ብሓልዮት ትእምት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ኩባንያ፤ ልምዓት መዓድን ኢዛና ኣብ ዘፈር ልምዓት መዓድን ትግራይ ክዓምም ተሓሲቡ ኣብ 1986 ዓ/ም ዝተጣየሸ።

ልኡኽ እቲ ኩባንያ፤ ኣብ ድሕንነት ሕብረተሰብን ከባብን ሓላፍነት ብምውሳድ ምርመራን ዕደናን መዓድን ምክያድ እዩ። ብመሰረት እዚ፤ ሃፍቲ መዓድን ትግራይ ብምልማዕ ኣብ 2030 ዓ/ም ኣብ ማእኸላይ ደረጃ ኩባንያ ዕደና ዝስራዕ ምዃን ራእይ ሒዙ ይንቀሳቐስ ኣሎ። ኩሎም ስራሕቱ ድማ ከባብያዊ ብኽለት ብዘየስዕብ መንገዲ ዝፍፀሙ እዮም። እዚ ኩባንያ ካብተን ማሕበራዊ ሓላፍነት ህዝቢ ትግራይ ክፈትሓ ተሓሲበን ዝተመስረታ ውፅኢት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾና ትካላት ትእምት ሓደ እዩ። ዕብየቱ ብቐፃልነት ንምውሓስ ድማ ሓይሊ ሰቡ ብምልዕዓል ቀትርን ለይትን እናሰርሐ ይርከብ። ከምኡ እውን ተልእኾ እቲ ኩባንያ ንምፍፃም ህዝባዊ ኣተሓሳስባ ዝዓተረ፣ እዋኑ ዝጠልቦ ብቕዓት ዝተዓጠቐን ሞያዊ ስነ ምግባር ዝተላበሰን ኣመራርሓን ሰራሕተኛን ዝወነነ ትካል እዩ። ኩባንያ ልምዓት መዓድን ኢዛና ንባዕሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ትግራይ ዘሎ ሃፍቲ መዓድን ኣፅኒዑ ከምፋብሪካ መሰቦን ሳባ እምነ በረድን ንክምስረታ እውን መበገሲ ፅንዓት ዘቐመጠ እዩ።

ከምቲ ዝፍለጥ ዓበይቲ ትካላት ትግራይ በቶም ልፍንታውያን ወረርቲ ሓይልታት ዓንዮምን ተዘሪፎምን እዮም። ትካል መዓድን ኢዛና እውን ናይዚ ግዳይ ካብ ዝኾኑ ዓበይቲ ትካላት ትእምት ሓደ እዩ። ብፅንተታዊ ኩናት ዝፈረሰ ትካል መዓድን ኢዛና፤ ፍኖተ ካርታ መኽተን ልምዓትን ብምውፃእ ኩሉ ሰራሕተኛን ኣመራርሓን ካብ ታሕሳስ 2014 ዓ/ም ኣትሒዙ ዳግም ናብ ስራሕ ኣትዩ። "ኢዛና"፤ ብሒሳብ መዝገብ ልዕሊ 562 ሚልዮን ብር ወይ 95 ምኢታዊ ዝግመት ከቢድ ዕንወት ከምዝበፅሖ ካብ ሚኒስትር እቶት መረጋገፂ ሰርተፊኬት ከምዝተውሃቦ ሰነድ እቲ ትካል የረድእ። እቲ ዝተረፈ ሓሙሽተ ምኢታዊ ንምፍላጥ ድማ ቆፀራ ንብረት ብምክያድ ንብረቱ ክፈልጥ ብዘኽእል መጠን ተሰሪሑ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ 2012 ዓ/ም ከይተኸፈለ ዝፀንሐ 29 ሚሊዮን ብር ትርፊ ግብሪ ድሕሪ ዝበፅሖ ዕንወት ንክኽፍል ብሚኒስትር እቶት ፌደራል ስለዝተገደደ ሽውዓተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚሊዮን ብር ከፊሉ እዩ። እቲ ዝተረፈ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንክኽፈል ውዕል ተኣሲሩ ከምዘሎ እቲ ትካል የረድእ። ብተመሳሳሊ ካብ 2012 ክሳብ 2015 ዓ/ም ኦዲት ስራሕ ከዛዘም ከምዝተገበረ እቲ ሓበሬታ የመላኽት። ከምኡ እውን መረዳእታ ተኣከብትን ተኸፈልትን ግብሪ ምፅፋፍ ተኻኢሉ እዩ።
እቲ ካልእ ኣተሓሕዛን ኣቀማምጣን ንብረት ዝምልከት ኮይኑ፤ በቢእዋኑ ብፅርየትን ስርዓትን ንምሓዝ ዓበይቲ ስራሕቲ ተጀሚሮም ኣለዉ። ብፍላይ ዝተበላሸዉን ግልጋሎት ዘይህቡን ንብረታት ፈሊኻ ብምቕማጥ ስርዓት ዘለዎ ኣተሓሕዛ ንክህልው ይግበር ኣሎ። ምስዚተኣሳሰሩ መምርሒ ዕድጊት ተኸቲልካ ብስሉጥ ንምፍፃም፣ ከበድቲ ተሽከርከርቲ፣ ማሽነርታትን እታወታትን ብእዋኑ ኣብ ምጉዕዓዝ ዝነበሩ ክፍተታት ብምእራም ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ተወጊኖምን ይውገኑን ኣለዉ። ካብዚ ብተወሳኺ፤ ኣሰራርሓታት ፋይናንስን ኣተሓሕዛ ንብረትን በብእዋኑ ንምዝማንን ብቴክኖሎጂ ንምድጋፍን ጥብቂ ክትትል እናተገበረ ይርከብ። ከምኡ እውን ኩለመዳያዊ ምሕደራ ፅርየትን ኦዲትን ዝተፈላለዩ ንስራሕ ዘድልዩ ማንዋላት፣ መምርሒታትን ቅጥዕታትን ተዳልዮም ኣለዉ። እቲ ካልእ ብትኹረት ዝተሰርሐሉ ኣብ እንታይነት ካይዘን ስልጠና መዕበይ ግንዛበ ንሰራሕተኛታት ምሃብ እዩ።

ፀገም ቀረብ መለዋወጢ ኣቑሑት፣ ኬሚካላትን እታወታትንምስፋብሪካስሚንቶመሰቦብምትሕብባር ከምዝተፈትሐ፤ እቶም ኬሚካላት ድማ ምስሚኒስትር መዓድን፣ ሜድሮክ ግሩፕን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ብምትሕብባር ንምፍታሕ ተኻኢሉ እዩ። ብዘይካ እዚ፤ ካብ ውሽጥን ወፃኢን ዝተዓደጉን ኣብ ላቦራቶሪ ዝርከቡን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኬሚካል ምርመራ ግልጋሎት ዘመናዖም ተነፂሩ እዩ። እተን ኣብ ፅገና ዝነበራ ተሽከርከርቲ ፅርየት ኣቑሕተን ተሰሪሑ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ናብ ስራሕ ንምእታው ዘኽእሉ ኣሰራርሓታት ከምመረዳእታ ካርታ፣ ቀረብ ናውትን እታወታትን ምድላዋት እናተገበሩ ፀኒሖም እዮም። ከምኡ እውን ኣብ መዳይ ምምላእ ብቑዕ ሓይሊ ሰብ፣ ዶክሜንቴሽን፣ ዝፀንሑ ዘይተሰገሩ ክፍተታት ፍታሕ ክረኽቡ ተገይሩ እዩ።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ፤ ኩባንያ ልምዓት ኢዛና ብወረርቲ ሓይልታት ዓንዩ እዩ። ነዚ መሰረት ብምግባርን ህልው ኩነታት ትካል ምሉእ ብምሉእ ብምግምጋምን ትካል ኣሕዊኻ ናብ ፍርያት ንምእታው መደብ ሒዙ ተንቀሳቒሱ እዩ። ብመሰረት እዚ፤ ነቲ ዘሎ ውሱን ሃፍቲ፣ ፍልጠትን ቴክኖሎጅን ተጠቒምካ ትካል ተፀጊኑ ናብ ንቡር ምምላስ ዝኽእል ምዃኑ ብኣመራርሓን ሰራሕተኛን እምነትን ወነን ናብ ስራሕ ተኣትዩ ኣሎ። ብፍላይ ካብ ኣሓት ትካላት ትእምትን ትካላት መንግስትን ትግራይ ንፅገና ዘድልዩ ቀረባት ብዓይነት ብምርካቡ ንዝነበረ ፀገም ፋይናንስ ኣብ ምቅላል ርኡይ ግደ ኣበርኪቱ እዩ። ከይዲ ፅገና እቲ ትካል ናብ ፍርያት ክሰጋገር ዝበፅሖ መጠን ዕንወት ምንፃርን ንፅገና ዘድሊ ቀረብ ካበይን ከመይን ከምዝርከብ፣ ብመን ክፅገን ከምዝኽእል ቅድመ ምድላው ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ድሕሪ እዚ፤ ዳግመ ህንፀት ፋብሪካ "ሜሊ" ወርቂ መዓድን ምስሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቀ ኩባንያ መስፍን ሓፂን ኢንጂነሪንግ ንኽፅግኖ ውዕሊ ስምምዕነት ተኣሲሩ እዩ። ብመሰረት እቲ ስምምዕነት ድማ ብሕፅረት ፋይናንስ ከይተሰኮነ ብዝነበረ ቀረብን ሓይሊ ሰብን ተጠቒሙ ክፅገን ክኢሉ እዩ። ኣብዚ እቲ ሰራሕተኛ መሃያን ጥቕማ ጥቕምን ከይተውሃቦ፣ መጓዓዝያ ከይቐረበሉ ኣብ ዝተመደቦ ስራሕ ቦታ ተረኺቡ ስራሕቱ ብመንፅር መኸተን ሕውየትን ትግራይ ምዃኑ ተረዲኡ ስራሕቱ እናፈፀመ መፂኡ፤ ሕዚ'ውን ይርከብ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ፤ ብዘፈር ኣለሻን ምርመራን መዓድን ኣብ ክልተ ቦታ ዝተጀመሩ ንፋብሪካ ወርቂ ሜሊ ዝኸውን ወርቂ ሓዘል ሓመድ/እምኒ መፅናዕቲ ዕቑር ሃፍቲ ምግማት፣ ብባዕላውን ወድዓውን ምኽንያት ፍቓድ ዝተሓደጎም ቦታ ዳግም ምርካብን ሓደሽቲ ፍቓድ ቦታታት ምሓዝንኣብ 2016 ዓ/ም ዝተሰርሑ ዓበይቲ ተግባራት እዮም። ቅድሚ ሕዚ ዝነበሩ ናይ መዓድን ቦታታት ከምብሓዱሽ ምርመራን ኣለሻን ብምግባር ንምሕዳስን ሓደሽቲ ፍቓዳት ንምውሳድን ዝተትሓዘ መደብ ንምፍፃም ስነ ከባብያውን ማሕበራውን መፅናዕቲ ብዘይሻራዊ ኣማኻሪ ትካል ተፀኒዑ ሰነድ መፅናዕቲ ናብ ሚኒስተር መዓድን ተላኢኹ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ማይ ህበይ፣ የጭላ፣ ዛናን ሽረን ክሳለጡ ዝግብኦም ዝነበሩ ወርቅን ከምብሩር ዝበሉ ቤዝሜታልስን ምርመራ ስራሕቲ ንምክያድ ፃዕሪ እናተገበረ ፀኒሑ ኣሎ። ብተወሳኺ ክልተ ነባራት ፍቓድ ቦታታት ክሕደሱ ተገይሩ፣ ሰለስተ፣ ፍቓድ ቦታታት እውን ሓዱሽ ፍቓድ ካብ ሚኒስትር መዓድን ተዋሂቡ እዩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ወረዳ ኣስገደ ዝርከብ ደምበርብዓ ዝበሃል ከባቢ ዕቑር ሃፍቲ መዓድን ንምልማዕ ፍቓድ ሰርተፊኬት ካብ ቢሮ መሬትን መዓድንን ክልል ትግራይ ዝተረኸበ እንትኸውን፤ መፅናዕቲ መዋፃኣይነት እናተሰርሐሉ ይርከብ። ከምቲዝፍለጥ ኢዛና ብምዝውዋር፣ ምፅራይን ሰደድን ክባራት መዓድናት ፍቓድ ዝረኸበ ዓብይ ትካል እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ኣብ ዕዳጋ ወርቂ ዝነበረን ዘሎን ምቹውን ኣፀጋምን ኩነታት ብምፅናዕ ዕዳጋ ንምጅማር ሰራሕተኛታት ምምላእን ከማልኡ ዝግበኦም ንብረታት ሰነዳት፣ ፋይናንስ ምምላእን ስራሕቲ ተሳሊጦም እዮም። ነዚ ስራሕ ዝውዕል ገንዘብ ካብ ባንኪ ወጋገን ብልቓሕ ተረኺቡ ናብ ስራሕ ተኣትዩ ኣሎ። ብመዳይ ግልጋሎት ላብራቶሪ ወርቅን ብረታውያን (ሓፂናውያን) ባእታታትን፣ ምርመራ ሓመድ፣ ተኽልን ማይን ኣብቲ ከባቢ ክስርሑ ተገይሩ እዩ።

እቲ ካልእ መደብ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ምዕባይ ኮይኑ፤ ኣብ ፋብሪካ ወርቂ ሜሊ ዝነጥፉ ሰራሕተኛታት ምሉእ ብምሉእ ስልጠና ስነ ሕውየት ወሲዶም ስራሕ ክጅምሩ ተገይሩ ኣሎ። ከምዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ ብምስራሕ ድማ ህልው ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ናብ ፍርያት ምስግጋር ቀዳምነት ሂብካ ብምስራሕ ዓበይቲ ለውጥታት ተመዝጊቦም ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብ ላብራቶሪ ዝተጀመሩ ግልጋሎታት ምስፍሕፋሕ ስራሕቲ ብምጥንኻር ተበፃሕነት ብዓይነትን ብመጠንን ምዕባይ ዝተትሓዘ መደብ ውፅኢታዊ ክኸውን ክኢሉ እዩ። ኣብ 2016 ዓ/ም ንዳግመ ህንፀት ፋብሪካ ወርቂ ሜሊ ዘድልዩ፣ ዝተፈላለዩ መለዋወጢ ናውቲ፣ ማሽነሪታት፣ ኬሚካላትን ካልኦት እታወታትን ኣተኣኻኺቡ ንፍርያት ድልው ምግባር ዓበይቲ መደባት ተፈፂሞም እዮም። ፋብሪካ ወርቂ ሜሊ ምሉእ ብምሉእ ተዛዚሙ ምህርቲ ክጅምር ዝተትሓዘ ትልሚ ክሳብ መወዳእታ 2017 ዓ/ም 98 ምኢታዊ ፅገና ስራሕቲ ተሰሪሖም፤ ተናፀል ፈተነ ተሳሊጦም፤ ኣጠቓላሊ ፈተነ ኣብ ከይዲ ምጅማር ይርከብ። ኣብ ፋብሪካ ወርቂ ሜሊ ዝተተኸለሉ ወረዳ ኣስገደ ክስርሑ ካብ ዝተትሓዙ 18 ሽሕ ወርቂ ዘለዎ ሓመድ ምፍላይ መርኣያታት ወይ "ሳምፕላት" ኣስታት 1,500 መርኣያታት ዝተፈፀሙ እንትኾኑ፣ ካብዚኦም እቲ ሓደ ኣስታት 1,800 ኪሎ ግራም ካልስየም ካርባይድ ስራሕቲ ምጥሓን ተፈፂሙ እዩ።

ትካል ኢዛና፤ ኣብ 2017 ዓ/ም ብዋናነት ሃፍቲ መዓድን ትግራይ ብምፅናዕ ንኢኮኖሚያዊ ረብሓ ህዝብን ዓድን ንክውዕሉ ውሽጣውን ደጋውን ዓቕምታት ብምውዳድ ብርክት ዝበሉ ውፅኢታዊ ስራሕቲ እናፈፀመ ዝመፀ ትካል እዩ። እዚ ትካል ካብ ኣለሻን ምርመራን መዓድን ሓሊፉ ናብ ስራሕቲ ልምዓት ብምስግጋር፤ ብዋናነት ብዘጣየሾ ፋብሪካ ወርቂ ሜሊ ኣቢሉ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ካብ ባህላዊ መፍረይቲ ወርቂ ብምእካብ ፍርያት ወርቂ ናብ ብሄራዊ ባንኪ ብምእታው፣ ዝለዓለ ግብሪ ከፋሊ ብምዃንን ንዜጋታት ዕድል ስራሕ ብምፍጣርን ዕዙዝ ማክሮ ኢኮኖሚያዊ ግደ እናተፃወተ ይርከብ።

ልምዓት መዓድን ኢዛና፤ ኣብ 2016 ዓ/ም 300 ኪሎ ግራም ወርቂ ካብ ባህላዊ ዓደንቲ ዓዲግኻ ንምሻጥ ትልሚ ብምሓዝ 254 ነጥቢ 0945 ኪሎ ግራም ወርቂ ዕድጊት ፈፂሙ እዩ። ነዚ ዘፈፅም መምርሒ ንግዲ ክቡራት መዓድናት ተጣይሹ ኣብ ሽረ ኣብ ሓፂር እዋን ብቐረብ ቴክኖሎጅን ሓይሊ ሰብን ዝተማልአ ማእኸል ተኸፊቱ ኣሎ። ኣብቲ ማእኸል ካብ ከባብያዊ ምምሕዳር ወረዳ ታሕታይ ቆራሮ፣ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ፣ ምምሕዳር ዞባ ሰሜን ምዕራብ፣ መንግስታት ክልልን ፌዴራልን ላዕለዎት ኣመራርሓን ተወከልቲ ትካላት ፋይናንስን ዝተሳተፉሉ ግንዛበ መጨበጢ መድረኻት ተሳሊጦም እዮም።

ብድምር ኣብ ትግራይ ወርቂ ዘይብሉ ከባቢ ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። ንኣብነት፣ ሩባ ወርዒ ተኸቲሉ ዝተዃዓዘ ሰብ መጠኑ ክፈላለ ይኽእል እምበር ሕብረተሰብ ብባህላዊ መንገዲ ወርቂ እንትኣሪ ተዓዚብካ፤ ትግራይ ናይእማን ዓዲ ወርቂ እያ ንምባል ኣየፀግምን። እቶም ዝተፈላለዩ ኣእማን ናብ ማሽን ተፃዒኖም መፂኦም ናብ እምነ በረድ ተቐይሮም ተዓዚብካ ናብ ኩሉ ከባቢ እንትባፃሕ ኣብ ኩሉ ከባቢ ዘለዉ ፀላእቲ " ዓዲ እምኒ" ዝብልዎም ረብሓ ዘይብሎም ኣእማን ዘይኮኑስ ወርቅን ክባራት እምነ በረድን እዮም። በዚ እውን ትግራይ ዓዲ እምኒ ጥራሕ ዘይኮነትስ ዓዲ ወርቅን ልዕሊ ወርቂ ክቡራት ዝኾኑ መዓድናትን ምዃና ምርዳእ የድሊ። ኮይኑ ግና እዞም ፀጋታት ገና ናብ ዝብላዕ ስለዘይተቐየሩ ናብ ዝብላዕን ዘላቒ ረብሓን ንምቕያር ፀጋታት መዓድናትና ብኣግባቡ ክንጥቀመሎም ይግበኣና።

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ብሕፅረታት ዘይተበድሀ ጉዕዞ...

ኣብ ክፍለ ከተማ ሓድነት ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘለወን 63 መዋእለ ህፃናት፣ 30 ቀዳማይ ብርክን ትሸዓተ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርክን ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ካብዚኦን እተን 13 መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ እየን። ከምክፍለ ከተማ ንዘበነ ትምህርቲ 2018 ዓ/ም ተምሃሮ ብእዋኑ ከምዝገቡን ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክኸቱን ምስኣብያተ ትምህርትን መላእ ማሕበረሰብን እኹል ምርድዳእ ተገይሩ እዩ። ብቐንዱ ከዓ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዘዳለዎ ፕሮግራም(ካላንደር) መጀመሪ ትምህርቲ ክሳብ ታሕቲ ስለዝወረደ "ትምህርቲ መዓዝ ተጀሚሩ መዓዝ ይውዳእ" ዝብል ብንፁር ተፈሊጡ እዩ ናብ ስራሕ ተኣትዩ።ሕድሕድ ኣብያተ ትምህርቲ እውን እቲ ዝወፀ ካላንደርማሕበረሰብ ትምህርቲ ኮነ ወለዲ ተምሃሮ ክፈልጥዎ ኣብ ምግባር ፅቡቕ ምንቅስቓስ ገይረን እየን። ካብዚ ዝብገስ ሕድሕድ ተምሃራይ ብእዋኑ ንክምዝገብን ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክኸትትን ፅቡቕ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ካብ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ክፍለ ከተማ ሓድነት ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመላኽት።

መ/ር ዘርኡ ሃ/ስላሴ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ክፍለ ከተማ ሓድነት

ብመንፅር እዚ ከምቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ዝተትሓዘ ትልሚ ብክልተ መልክዕ ዝተዳለወ እዩ።ብዋናነት ኣብ ሕሉፍ ዓመት ዝነበረ ኣፈፃፅማ መሰረት ብምግባርንከምኡ እውን ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ብመልክዕ "ፕሮጀክሽን" ዘውረዶ ትልሚ ብምኽታት ሓዱሽ ዓመታዊ ትልሚ ዘበነ ትምህርቲ 2018 ዓ/ም ወፂኡ ኣሎ።ንኣብነት፣ ኣብ ከይዲ ምዝገባ ተምሃሮ ዝተትሓዘ ትልሚ እንትንርኢ ቅድመ ቀዳማይ (መዋእለ ህፃናት) ከምኡ እውን ካብ ቀዳማይ ክሳብ 12 ክፍሊዕድመ መሰረት ተገይሩ ተዳልዩ እዩ። እዚ ድማ ንመንግስታውን ውልቀን ኣብያተ ትምህርቲ የጠቓልል። ብመንፅር እዚ ከምክፍለ ከተማ ሓድነት ካብ ቀዳማይ ክሳብ 12 ክፍሊ 31 ሽሕን 143 ተምሃሮ ንምምዝጋብ ትልሚ ተታሒዙ 29 ሽሕን 387 ተምሃሮ ብምምዝጋብ ልዕሊ 93 ነጥበ ሸሞንተ ምኢታዊ ከምዝተፈፀመኣብ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ክፍለ ከተማ ሓድነት መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ስርዓት ትምህርቲ መምህር ታደሰ ገ/ኪዳን የረድኡ።

ካብቲ ዝተመዝገበ በዝሒ ተምሃራይ ድማ ክሳብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ጥቅምቲ 2018 ዓ/ም 99 ነጥቢ ኣርባዕተ ምኢታዊ ናብ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣትዩ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኣብቲ ክፍለከተማ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘይተውሃበን ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ተምሃሮ መዝጊበን ኣብ ከይዲ ምምሃር ይርከባ። እዚኦን ብሕጊ ዝሕተታ ኮይነን እቶም ኣብኡ ዘለዉ ተምሃሮ ግና ትምህርቶም ከይሰናኸሉን ኣብመንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ክምዝገቡ ዕድል ንምሃብን ክብሃል ከይዲ ምዝገባ ክናዋሕ ተገይሩ ኣሎ። ካብዚ ወፃኢ ኣብ ምኽታት ተምሃሮ ኣብ ጣብያ ኣይናለም ከምኒሻፋትን ዳግያን ከምኡ እውን ኣብ ጣብያ ደብሪ ምስ ስራሕቲ ቀውዒ ተዛሚዱ ዝረአ ዉሱን ሓላፍ ዘላፍ እንተዘይኮይኑ ከምክፍለ ከተማ ሓድነት ጎሊሁ ዝወፀ ፀገም ከምዘይተርኣየ የገንዝቡ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ብሰንኪ ፅንተታዊ ኩናት ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉ ወገናት ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ተዓቚቦም ይርከቡ። ብፍላይ ቤት ትምህርቲ ሓድነት ምሉእ ብምሉእ ብተመዛበልቲ እዩ ተታሒዙ። ካብዚ ዝብገስ ሕፀረት መምሃሪ ክፍልታት ብሰፊሑ ይርአ። እዚ ዝወለዶ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓድነት ዝመሃሩ ዝነበሩ ተምሃሮ ናብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ማይ ወይኒ ወሲድካ ኣሸጋሺግካ ከመሃሩ ዝተገበረሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ማለት ቀዳማይ ብርክን ካልኣይ ብርክን ብሓደ ከመሃሩ ተገዲዶም ከምዘለዉ የመላኽት። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ማይ ወይኒ ምስ ሕብረተሰብን ምምሕዳር ከተማ መቐለን ብምርድዳእ ሸሞንተ ተወሰኽቲ መምሃሪ ክፍልታት ተሰሪሖም እዮም። እዚ ግን እኹል ስለዘይኮነ ሕፀረት መምሃሪ ክፍልታት ሕዚ እውን ዓብዪ ፀገም ኮይኑ ከምዘሎ መምህር ታደሰ ይገልፁ።

ብዘይካ እዚ፣ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ብሰንኪ ፅንተታዊ ኩናት ዝነበረን ንብረት ስለዝተዘረፈ ሓደ ቤት ትምህርቲ ከማልኦ ዝግባእ እታዎት ዘማልኣ ኣይኮናን። ንኣብነት፣ኩለን ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲእቲ ክፍለ ከተማ ቤተ ንባብ፣ ቤተ ፈተነ፣ ጨንፈር ማእኸል፣ ኣይሲቲ ማእኸል ወዘተ ዝኣመሰሉ ንዕውትነትን ፅሬትን ትምህርቲ ዝሕግዙ ማእኸላትን እታዎታትን የብለንን። እዚ ድማ ብፍላይ ን12 ክፍሊ ተፈተንቲ ተምሃሮ ኣዝዩ ከቢድ ፅልዋ እናሕደረ ይርከብ። ካሊእ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅሳነት ኣርባዕተ መምሃሪ ክፍልታት ዝሓዘ ህንፃ ናይ ምፍራስ ሓደጋ ኣጋጢሙዎ እዩ። ስለዝኾነ ከምክፍለ ከተማ ምስምምሕዳር ከተማ መቐለ ብዝተገበረ ምርድዳእ ንሱ ፈሪሱ በዓል ሸዱሽተ ክፍሊ ህንፃ ክስራሕ ብምውሳን ህንፀቱ ተጀሚሩ ኣሎ። ይኹን እምበር ኣብቲ ዝፈረሰ ህንፃ ዝመሃሩ ዝነበሩ ተምሃሮ መምሃሪ ክፍሊ ስለዝሰኣኑ ምስሕብረተሰብ ብምርድዳእ ገንዘብ ተዋፂኡ ኣርባዕተ ግዝያዊ (ቆርቆሮ ብቖርቆሮ) መምሃሪ ክፍልታት ክስርሑ ብምግባር ኣብኡ ክመሃሩ እናተገበረ ይርከብ።

ካሊእ ኣብ መምህራን ዝበፅሕ ስነ-ልቦናዊ ሃሰያ ኣሎ። ከምዝፍለጥ መንግስቲ ናይ 17 ኣዋርሕ መሃያ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣይከፈለን። መምህራን ዘይተኸፈሎም ዉዙፍ ማሃያ ንክኽፈሉ ማሕበር መምህራን ትግራይ ዓብዪ ቃልሲ እናካየደ መፂኡ እዩ። ይኹን እምበር መንግስቲ ዉዙፍ መሃያ መምህራን ንክኸፍል ብሕጊ ፍርዲ ዝረኸበ እኳ እንተኾነ ዛጊድ ተግባራዊ ክኸውን ኣይከኣለን። ካብዚ ዝብገስ ኣብ ስነ-ልቦና መምህራን ዝተፈጠረ ኣሉታዊ ስምዒት ቀሊል ኣይኮነን።ስለዚ ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት መምህራን ኣብ ትሑት ብርኪ ዝርከብ ምስቲ ምኧኑ ውዝፍ መሃያ ዘይምኽፋሉ ተወሲኹዎ ኣብ መነባብርኦም ዓብዪ ፅዕንቶ ምሕዳሩ ኣይተረፈን። እንተኾነ ግና ነዚ ኩሉ ፀገም ተፃዊሮምከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ይቖፅሉ ምህላዎም ዝሓበሩ መምህር ታደሰ፣ ንመምህራን ነፃ ግልጋሎት መጓዓዝያ (ሰርቪስ) ዘይምህላዉ ዓርሱ ዝኸኣለ ተወሳኺ ፀገም ምኧኑ የገንዝቡ።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ትምህርቲ ክፍለ ከተማ ሓድነት መምህር ዘርኡ ሃይለስላሴ ብወገኖም፣ ከምክፍለ ከተማ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘለዉ ፀገማት ናውትን ሕፀረት መምሃሪ ክፍልታትን ሰፊሕ እዩ። እንተኾነ ግና ሎሚ ዘበን ካብ መሃያ ዝዘለለ ንስራሕ መካየዲ ተባሂሉ ዝብጀት ገንዘብ ኣዝዩ ትሑት ምኧኑ ይገልፁ። ብፌዴራል ዝብጀት ዝነበረበጀትድጎማ እውን የለን።ስለዝኾነ ኣብያተ ትምህርቲ ዘለወን ፀገማት ደረጃ ብደረጃ እናፈትሓ ቀልጢፈን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንክጅምራ፣ ወለዲ እውን ናተይነት ተሰሚዑዎም ፀገማት ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምቕራፍ ተሳተፍቲ ክኾኑ ናይ ምልዕዓል መድረኻት እናተኻየዱ እዮም። ካብዚ ዝብገስ እቲ ቤት ፅሕፈት ምስርእሳነ መምህራን ኣብያተ ትምህርቲ ብምውዳድ ሕብረተሰብ ኣለዓዒልካ ነተን ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ደገፋት ክገብሩ ኣብ ምግባር ፅቡቓት ስራሕቲ ተሰሪሖም ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብ ጣብያ ኣይናለም ዝርከባ ሻፋትን ዳግያን ኣብያተ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ተኣኪቡ በቢዓቕሙ ብምውፃእ ናይተን ኣብያተ ትምህርቲ ፀገም ንምቅላል ዝተገበረ ፃዕሪ ብእወንታ ይግለፅ። ስለዝኾነ ካልኦት ኣብያተ ትምህርቲ በዚ ኣገባብ ዘለወን ውሽጣዊ ፀገማት እናፈትሓ ክኸዳ ኣንፈት ተታሒዙ ይስርሐሉ ከምዘሎ እዮም መምህር ዘርኡ ዘረድኡ።

ምስዚ ተዛሚዱ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኣብያተ ትምህርቲ ንተምሃሮኦን መመዝገቢ ክፍሊት ከኽፍላ ከምዘይብለን መምርሒ ኣውሪዱ እዩ። ናይዚ ዕላማ ሓደ ተምሃራይ ገንዘብ ስለዘይብሉ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከይተርፍ ንምግባር እዩ። ንሕብረተሰብ ገንዘብ ኣዋፅእ ምባል ምስቲ ቢሮ ትምህርቲ ዘውረዶ ንተምሃራይ "ምንም ዓይነት ክፍሊት ከይተኽፍሉ" ዝብል መምርሒ ከመይ ይቃዶ? ዝብል ሕቶ ምልዓል ኣገዳሲ እዩ። መምህር ዘርኡ፣ "ዝኾነ ተምሃራይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ብዛዕባ እቲ ዝመሃሮ ትምህርቲ እምበር ስለኽፍሊት ክሓስብ ኣይግብኦን። ብኣንፃሩ ድማ ሕብረተሰብ በዓል ዋና ኮይኑ ምስቲ ተምሃራይ ዝኾነ ዓይነት ንኽክእ ብዘይብሉ ወላዲ ባዕሉ ወሲኑ ክድግፍ ምግባር ግና ኣድላዪ እዩ። ምኽንያቱ መንግስቲ ክድጉም እንተዘይክኢሉ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ሕብረተሰብ ወፃኢ ዝረኽብኦ ሓገዝ የብለንን።ቅድም ክብል ካብ ውልቀ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝርከቡ ሓገዛት ናውቲ ነይሮም እዮም። ኣብዚ ዓመት ግና ክሳብ ሕዚ ዝተረኸበ ሓገዝ የለን" ይብሉ። ስለዝኾነ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክቕፅል እንተኾይኑ ሕብረተሰብ ኣሳቲፍካ ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ዘለዉ ፀገማት ናውቲ፣ ፅሕፈት መሳርሕን መምሃሪ ክፍልታትን ካብ ምቅላል ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የለን። ካብዚ ዝብገስ ምስኣብያተ ትምህርትን ሕብረተሰብን ተዋዲድካን ተቐራሪብካን ይስራሕ ምህላዉ የረድኡ።

ካብኡ ሓሊፉ እተን ኣብያተ ትምህርቲ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ኮይነን ብምፅንሐን ናይ ሓይሊ መብራህቲ ውዝፍ ክፍሊት (ዕዳ) ዘለወን ኣለዋ። እዚ ዕዳ ልዕሊ ዓቕሚ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ስለዝኾነ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ መፍትሒ ክገብረሉ ይግባእ። ብዘይካ እዚ ከምክፍለ ከተማ ምስቲዘሎ በዝሒ ተምሃራይ ተተሓሒዙ ሕፀረት መምህራን ኣሎ።ንኣብነት፣ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሓደ ሓደ ዓይነታት ትምህርቲ በቢሳልቱ ክመሃሩ ዝተገደድሉ ኩነታት ነይሩ። ከምዚ ገይርካ ዝመፅእ ውፅኢት ኣዕጋቢ ክኸውን ከምዘይኽእል ንምርድኡ ኣየፀግምን። ኣብ ልዕሊኡ ዋሕዲ መምሃሪ ክፍልታት ኣሎ። እዚኦም ኩሎም ተደማሚሮም ኣብ ፅርየት ትምህርቲ ዘሕድርዎ ፅልዋ ከቢድ እዩ። ስለዝኾነ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብምሉእነት ብምትግባር ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ምግባር የድሊ። ብተወሳኺ ሕፀረት መምህራን ኣብዚ ዓመት ክቕረፍ ትፅቢት ኣሎ። ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ፀገማት ግና ሕብረተሰብ ተሳትፍኡ ብምሕያል ክፈትሖም ከምዝግባእ እዮም መምህር ዘርኡ ዘተሓሳስቡ።

ተምሃራይ ናኦድ ንጉስን ራሄል ሓለፎምን ኣብ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ማይ ወይኒ ረኺብና ዘዘራረብናዮም እዮም። ቤት ትምህርቲ ማይ ወይኒ ብክልተ ፈረቓ ብዙሓት ተምሃሮ ዘተኣናግድ ዘሎ እኳ እንተኾነ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ምንም ዓይነት ግልጋሎት ቤተ ፈተነ፣ ቤተ ንባብን "ኣይሲቲ"ን ከምዘየለ ይሕብሩ። "ኣብ ትርፊ ሰዓትና እነፅንዐሉ፣ ተወሰኽቲ ሓገዝቲ መፅሓፍቲ እንረኽበሉ ቤተ መፅሓፍትን ኢንተርኔትን ዘይምህላዉ ኣብ ትምህርትና ዓብዪ ፅልዋ የሕድር ኣሎ። ብተወሳኺ ቤተ ፈተነ ዘይምህላዉ እውን ከምኒ ኬሚስትሪ፣ ባዮሎጅን ፊዚክስን ዝኣመሰሉ ዓይነታት ትምህርቲ ብተግባር ዝተደገፈ ትምህርቲ ንምርካብ ኣፀጋሚ እዩ። ስለዝኾነ መንግስቲ ነዞም ፀገማት ክፈትሐልናን ዘድልዩና ናውቲ ከማልኣልናን ይግባእ" ይብሉ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ኣብ ክፍለ ከተማ ሓድነት ምስከይዲ ምዝገባን ምኽታትን ተምሃሮ ተዛሚዱ ዝተሰርሐ ስራሕ ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። እዚ ኮይኑ ግና ከምሕፀረት ናውትን መምሃሪ ክፍልታትን ዝኣመሰሉ ፀገማት ነቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዓብዪ ፈተና ኮይኖም ይቕፅሉ ኣለዉ። ብተወሳኺ ድማ ውዝፍ መሃያ መምህራን ዘይምኽፋል፣ ነፃ ግልጋሎት መጓዓዝያ ዘይምህላውን ሕፀረት በጀትን ካብቶም ዓበይቲ ፀገማት ዝጥቀሱ እዮም። ስለዝኾነ ምስዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት፣ መላእ ሕብረተሰብ፣ ትካላትገበርቲ ሰናይን ሰብ ሃፍትን ተዋዲድካ ኣብ ዳግመ ህንፀት ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ዝለዓለ ምንቅስቓስ ምግባር የድሊ። ብኣውርኡ ድማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ብቑልጡፍን ብምሉእነትን ክትግበር ድፍኢት ብምግባር ተመዛበልቲ ወገናት ውሕስንኦም ተሓልዩ ናብ መረበቶም ክምለሱ ምግባር ሓደ መቃለሊ ፀገማት ኣብያተ ትምህርቲ ተገይሩ ይውሰድ። ስለዚ ዝምልከቶ ኣካል ኣብዚ መዳይ ትኹረት ገይሩ ክሰርሕ ይግባእ ንብል።

በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

ነቕሰገ- - - ትእምርተ ፅንዓት!

ቀዳማይ ክፋል

ጀጋኑ ኣባላት ምልሻን ወየንትን ካብ ዝተ኿ሸሑሎም ከባቢታት ወረዳ ነቕሰገ

ሓይልታት ፅንተትን ጉጅልኡን ስልጣን ካብ ዝበሓቱላ ዕለት ጀሚሮም ህዝቢ ትግራይ ንክፅላእን ኣብ ልዕሊኡ ኲናት ንክእወጅን ብትሉም መንገዲ ተንቀሳቒሶም፤ ዘይሰርሕዎ እከይ ስራሕ፣ ዘይተዛረብዎ ነውራም ዘረባ፣ ዘይፈሓስዎ ውዲትን ተንኮልን ኣይነበረን። ልፍንታውያን ሓይልታት፤ ኩሉ ምድላዋቶም ምስወገኑ ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ቅሉዕ ወታደራዊ ኲናት ኣወጁ። ኢትዮጵያ ን27 ዓመት ዝሃነፀቶ ሃገራዊ ሰራዊት ህዝባውን ሕገ መንግስታውን ተልእኾኡ ክሒዱ መገልገሊ ውልቀ መለኽቲ ብምዃን ትግራይን ትግራዋይን "ነበረ" ንምግባር ምስ መዓት ጋዕ ገልጠሙ ናብ ትግራይ ዘመተ። መዓዝ እዚ ጥራሕ፤ ምሊሽያን ፍሉያት ሓይልን ክልላት ኢትዮጵያ፣ ምሊሽያ፣ ፋኖን ፍሉይ ሓይልን ተስፋሕፋሕቲ ኣምሓራ "ሆ" እናበሉ ህዝቢ ትግራይ ክፅንቱ ብሓባር ዘመቱ። መራሕቲ ሃይማኖት ከይተረፉ መናእሰይ ኢትዮጵያ ናብ ትግራይ ክዘምቱ ኣለዓዒሎም፣ መሪቖም ሰዲዶም። ኣትሌታት፣ ከየንቲ፣ ደረስቲ፣ ሰብ ሃፍቲ፣ ነጠፍቲ ማሕበራዊ ሚድያ፣ ወዘተ ዕድመ ብዘይፈሊ ህዝቢ ትግራይ ካብ ገፅ ምድሪ ንምጥፋእ "ኣገር ለማዳን እንዘምታለን" እናበሉ ኣለዓዒሎም። ብተግባር ድማ ተንቀሳቒሱ።

ይኹን እምበር እዞም ከሓድቲ እዚ ኩሉ ገይሮም ንህዝቢ ትግራይ ይትረፍ ከጥፍእዎ ከምበርክኽዎ እውን ኣይከኣሉን። እኳድኣስ በዚ ሆይሆይታ ንፃት እውን ድምብርፅ ኣይበለን፤ ኣይተሰኮነን፤ የግዳስ ዝያዳ ሓረነ። ትግራይን ትግራዋይን ንምጥፋእ ብኩሉ ኣንፈት ንዝመፁ ልፍንታውያን ወረርቲ ብምውዳብን ብዘይውዳበን ብምቅላስ ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን መኪቱ ሓምሺሾም። ልክዕ ልክዖም እናሃበ ሓምሺሽዎም። ዓለም ብተኣምራዊ ጅግንነት ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ተገረመት። "እንታይ ዓይነት ህዝቢ እዩ እዚ?!- - - ዝብሉ ሓተትቲ ካብ ኩሉ ጫፋት ዓለም ተጋውሑ። ከም ህዝቢ ኩሉ ትግራዋይ መስተንክራዊ ጅግንነት ሰሪሑ። እዚ ጅግንነት ንክፍፀም፣ ናይ መኸተ ቃልስና ህይወት ዘሪኡ ኣብዚ ደረጃ እዚ ንክበፅሕ ብዘይካ ውሱናት ባንዳታት ኩሉ ትግራዋይ ንመኸተ እጃሙ ኣበርከተ። ሑቖ ወረርቲ ኣብ ምስባርን ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንክረጋገፅን ድማ ግደ ምሊሽያን ወየንትን ትግራይ ዝለዓለ ብፅሒት ኣለዎ። እዚ ንምእማኑ ዘፀግም ጅግንነታዊ ክውንነት ኣብ መላእ ትግራይ ዝተርኣየ ኮይኑ ንሎሚ ናብ ኣንፈት ደቡብ ትግራይ ተጓዒዝና ኣብ እዋን መኸተ 2013 ዓ/ም መስተንክራዊ ጅግንነት ህዝቢ፣ ወየንትን ምሊሽያን ወረዳ ነቕሰገ እንታይ ከምዝመስል ብኣንደበት ሰብ ታሪኽ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እኒሆ።

ስርዓት ደርግ ንምድምሳስ ብ1979 ዓ/ም እዩ ተጋዲሉ። ብተመሳሳሊ ሻዕብያ ብወረራ መሬት ትግራይ ረጊፁ ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን (1990 ዓ/ም) ንዕኡ ንምምካት ተኻሺሑ። ሽዕኡ ተወጊኡ ፀጋማይ ኢዱ ተቖሪፁ እዩ። እዚ ጅግና ሓለቓ ሓምሳ ንጉስ ሓጋዚ ይበሃል። ሓለቓ ሓምሳ ንጉስ፤ ድሕሪ 1993 ዓ/ም ካብ ሰራዊት ብኽብሪ ተሰናቢቱ ካብ ድኽነት ንምንጋፍ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ሕርሻ ተዋፊሩ ይሰርሕ ነበረ። እቲ ዝገርም ሕዚ እውን ተደጋጋሚ ታሪኽ ንምስራሕ ዝተዓደለ እዩ ዝመስል። ልፍንታውያን ወረርቲ ብ2013 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኣወጅዎ ወራር ንምምካት "ዝተረፉ ኣካላተይ ዋላ ህይወተይ እውን ይስኣን፤ በታ ዘላትኒ ሓንቲ ኢደይ ብረት ሒዘ ክቃለስ እየ፤ እዞም ወረርቲ ንዓይ እውን ዝተረፈ ኣካለይ ክቃብፁዋ እዮም። ስለዚ ምስ ህዝበይ፣ ምሊሽያ፣ ወየንትን ካልኦት ከማይ ዝበሉ ኣብ ክልተ ሰለስተ ምዕራፍ ኣካሎም ዝጎደሉ ብፆተይን ኮይነ ኣንፃር ፀላእቲ መኪተ ክዋጋእ እየ" ኢሉ ክኳሻሕ ወሰነ። ከም ኣገላልፃ እዚ ጅግና ሰለስተ መዋእል፣ "ንፈለማ ግዜ 14 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ብልሽ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ውግእ ጀሚርና ይብል። ኣብዚ ውግእ ክልተ መኻይን ምሉእ ሰራዊት ኢትዮጵያ ምስ ከምኡ ዝበሉ ነባራት ሰብ ዓቕሚ ዝኾኑ ጀጋኑ ወየንትን ምልሻን ወረዳ ነቕሰገ ብምዃን ምውትን ቁሱልን ገበርዎ።

እቲ ዛንታ ይቕፅል- - -። 26 ጥሪ 2013 ዓ/ም ሓራን እንድርቃንን ኣብ ዝበሃሉ ቦታታት ምስ ሽሾ ፀላኢ ፋሽስታዊ ሰራዊት ብልፅግናን ፋኖን ትውግእ ወዓሉ፤ ኣብዚ ውግእ እውን ብርክት ዝበለ ዕሱብ ሰራዊት ፀላኢ ተረፍረፈ። ኣብቲ እዋን ነቲ ዝተረፍረፈ ሓይሊ ፀላኢ ክሕግዝ ዝመፀ ካሊእ ተወሳኺ ሓይሊ ፀላኢ ናብ እምበጋ ዝበሃል ከባቢ ሰጊሩ ሓደረ። ነዚ ዝሰምዑ ወየንትን ምልሻን ነቕሰገ ግዜ ከይወሰዱ ብቀጥታ ኣብ ሜዳ ኣረምዛ ኣድብዮም ብምፅናሕ ውግእ ጀመሩ። ብዝለዓለ ፅንዓትን ጅግንነትን እናተኳሸሑ ደሰቕዎ። በዚ ውቅዒት ፀላኢ ዓብይ ምድንጋፅ ፈጠረሉ። ፊት ንፊት ገጢሙ ብሓይሊ ውቅዒት እቶም ጀጋኑ ዝሃደመ ፀላኢ፣ ማይ ማዕዶ ኣብዝበሃል ከባቢ ኮይኑ ብመድፍዕ፣ ታንክን ካልኦት ከበድቲ ኣፅዋራትን ተጠቒሙ ምድብዳብ ቐፀለ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻን ወየንትን ወረዳ ነቕሰገ ብወገኖም ፀላኢ ብቐረባ ዝውቅዐሉ ስልቲ እናፈጠሩ መጥቃዕቶም ቐፀሉ። መንእሰይ እቲ ከባቢ እውን ከም ፋስ፣ ጎጀሞን እምንን ዝበሉ ብምሓዝ ኣብ ጎድኒ ኣያታቱ ተሰለፈ። ህዝቢ ማይን እንጀራን ተሸኪሙ ደቁ ናብ ዘለውዎ ድፋዓት ወሓዘ። ነቲ ሓድነታዊ ምትእስሳር ብዝተመልአ ኣገባብ ዝግበር ዝነበረ ተሳትፎ ህዝቢ ብርሕቐት ዝተዓዘበ ፀላኢ ዓብይ ራዕዲ ፈጠረሉ። ብድሕሪ እዚ "ተወሳኺ ሓይሊ መፂኡ" ኢሉ ጭርኡ ደጕሉ ክሃድም ተገደደ። ብርክት ዝበለ ፀላኢ ኣብቲ ውግእ ምውትን ቁሱልን ኮነ። ኣብ ሰለስተ ቦጦሎኒ ካብ ዝነበረ ሓይሊ ሰቡ ኣስታት 40 ዝኾኑ ወታደራት ጥራሕ ተረፍዎ። ዝተረፈ ፀላኢ ካብ ኣረምዛ ናብ ፀልያ ዝበሃል ከባቢ ፀደፈ። ነተን ቦጦሎኒ ዘተሓባብር ዝነበረ መራሒ እውን እቶም ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ኣብ እምበጋ ኣርኪቦም ከምዝሓዝዎ ሓለቓ ሓምሳ ንጉስ የዘንቱ። ኣብዚ ውግእ ብእምኒ ብሬን ዝተማረኹሉ ኩነታት ነይሩ እዩ።

ኣዝዩ ዝምከሓሉ ዘመናዊ ኣፅዋርን በዝሒ ሰራዊትን ሒዙ ነቕሰገ ንምእታው ተሃንዲዱ ዝመፀ ፀላኢ መሬት ሰማይ ኮነቶ። ካብዚ ዝብገስ ተወሳኺ ሓይሊ ክሓትት ተገደደ። ብመሰረት ሕቶኡ ተልኣኹሉ። እቲ ዝነበረ ሽሾ ሰራዊት ሽሾ ተወሰኸ። ብድሕሪ እዚ ናብ 15 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ዘውግሕ ኣብ ዝተገበረ ግጥም ብሓይሊ ሰብን ኣፅዋርን ዘይመጣጠን ኩነታት ተፈጠረ። ወየንትን ምልሻን ነቕሰገ ነቲ ኩነታት ገምጊሞም ስትራተጂካዊ ስልቲ ተጠቒሞም ናብ ዝጥዕሞም ቦታ ኣንሳሓቡ። ፀላኢ ነዚ ተጠቒሙ ነቕሰገ ምስኣተወ ሰላማውያን ሰባት ክጭፍጭፍን ክጋፍዕን ጀመረ። ንኣብነት፣ ንሓደ መምህር ዩኒቨርሲቲ ተወላዲ እቲ ወረዳ ክልተ ኣዒንቱ ኣውፂኦም፣ ኣስናኑ ሰባቢሮም "እስቲ ሕዚ ረኣይ" ብምባል ግፍዒ ፈፂመሙሉ። ንሽዱሽተ መንእሰይ እውን ኣብ ሓንቲ ቦታ ብሓደ ግዜ ረሺኖም። በዚ ግፍዒ ዝያዳ ዝሓረኑ ወየንትን ምልሻን ነቕሰገ ብመልክዕ ድብያ ንፀላኢ ምጥቃዕ ኣጠናኺሮም ቐፀልሉ። ውቅዒት ዝበዝሖ ፀላኢ ኣብ ነቕሰገ ብሰላም ክነብር ከምዘይኽእል ተረዲኡ ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ ለቒቑ ክወፅእ ተገደደ።

ቐፂሉ ሓይሉ ኣጠናኺሩ 01 ለካቲት 2013 ዓ/ም ልዕሊ 12 ሽሕ ዕሱብ ሰራዊት ብፅታ (ኣገው) ገይሩ ናብ ነቕሰገ ተጉዓዘ። ግብያ(ኣገው) ኣብ እትበሃል ቦታ ድማ ተራገፈ። እዚ ፀላኢ ኣብቲ እዋን ብርክት ዝበሉ ከበድቲ ኣፅዋራት ሒዙ ዝተራገፈሉ ኩነታት ነይሩ። ምልሻን ወየንትን ነቕሰገ ኣቐዲሞም ሓበሬታ ስለዝበፅሖም ምሉእ ምድላው ገበሩ። ንብፅባሒቱ ውግእ ተጀመረ። ሽዕኡ ፀላኢ፣ "ከላሽን እየን ዝትኩሳ ዘለዋ፣ ምልሻ እየን፤ ኢደን ሓዘን" ክብል ተጅሃረ። ጃህራኡ ከይወደአ ሸሞንተ ኣባላቱ በቶም ጀጋኑ ወየንቲ ተቐቲሉ። ነዚኦም ምስ ረኣየ ወዮ ዝተሃንደደ ሃምቧኽ ሰራዊት "ነብሰይ ኣውፅእኒ" ኢሉ ሃደመ። ፀኒሑ ድማ ብካልእ ኣንፈት ተዛዊሩ መፀ። ክሳብ 12፡00 ሰዓት ናይ ምሸት ድማ ውግእ ቀፀለ። እዞም ጀጋኑ ኣባላት ምልሻን ወየንትን ወረዳ ነቕሰገ እዚ ኩሉ ውግእ እንተካይዱ እኹል ስንቅን ዕጥቅን ኮነ ንዝቖሰለ ዝሕክምሉ ከም ናውቲ ሕክምና ኮነ መድሓኒት ዝበሃል ኣይነበሮምን። ኣብ ኩሎም ውግኣት ንዝቖሰሉን ዝተወቕዑን ኣባላት ምልሻን ሰራዊት ትግራይን ኣብ ውሑስ ከባቢ ገይሩ እቲ ህዝቢ እዩ ዝሕብሕቦም ነይሩ። ህዝቢ ወረዳ ነቕሰገ ካብ ጨው ጀሚሩ ካልኦት ባህላዊ መድሓኒትን ቆፅላ መፅልን እናተጠቐመ ብምሕካም ቃንዘኦም የዐግሰሎም ነበረ። ህዝቢ ወረዳ ነቕሰገ "ፀላኢ፣ ፀላኢ እዩ፤ እንተዘይደምሲስናዮ ኣየንብረናን" ኢሉ ሓሪኑ ምስ ደቁ ብጅግንነት ተቓሊሱ ክቡር መስዋእቲ ከፊሉ ህልውንኡ ኣረጋጊፁ እዩ። ኮታስ ታሪኽ ቀዳሞት ወለዱን ኣያታቱን ዓትዒቱ ተኣምራዊ ዝኾነ ጅግንነት ፈፀመ።

ናይዚ ኩሉ መስተንክራዊ ጅግንነትን ስርሒትን ምሽጥር ድማ ኣብ ዕላምኡ ተሪሩ ንዝኾነ ወፅዓን ግፍዕን ኣይቕበልን ኢሉ ህልውንኡ ንምውሓስ ክብል ከምዝኾነ ሓለቓ ሓምሳ ተጋዳላይ ንጉስ የረድእ። ህዝቢ ትግራይ ካብ ቀደሙ ንወፅዓ ዝቕበል እንግድዓ የብሉን። እዚ ህዝቢ ብስርዓት ሃይለስላሰ ኮነ ብደርጊ "ኣሜን" ኢሉ ኣይተገዝአን። ይትረፍ ሐዚ ኣብ 1977 ዓ/ም እኳ ምስ ድርቅን ደርግን ገጢሙ ኣይተሰኮነን። ሐዚ እውን እቲ ታሪኽ ንሱ እዩ ደጊሙዎ። ንሕና "ኢትዮጵያውያን ኢና" እናበልና ኣብ ታሪኽ እታ ሃገር ብዙሕ መስዋእቲ ከፊልና። ንሳቶም ድማ "ኢትዮጵያውያን ኣይኮንኩምን" ኢሎም ዘርእና ክፅንቱ ዝከኣሎም ገይሮም። ተጋዳላይ ንጉስ እንትቕፅል ንሕና "ክንድድላዩ መከራን ፀበባን ይምፃእ፣ ዝኽፈል መስዋእቲ ዋላ ይከፈል እምበር ብፀላኢ ተሰኩንና ርእስና ኣይነድንንን። ክሳብ ሐዚ ዝተገበሩ ግጥማት ቀለልቲ ኣይኮኑን። ይኹን እምበር ኣብ ፈተንትን ከበድቲ ኩነታትን እናሃለና ብረት ውድብ፣ ብረት መንግስቲ፣ ብረት ህዝቢ ትግራይ ንፀላኢ ኣይንህብን" ኢልና ክሳብ መወዳእታ ብዝለዓለ ፅንዓት ተቓሊስና መኪትና።" ብምባል ሽዑ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ብልዑል ሕራነ ይገልፆ።

መስተንክራዊ ጅግንነት ህዝቢ፣ ወየንትን ምልሻን ነቕሰገ ዘዘንተውልና ጀጋኑ ወየንቲ ነቕሰገ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ ንኩሎም ኣብዚ ውሱን ፅሑፍ ክነቕርብ ክድርተና እዩ። ይኹን እምበር እቶም ዘዘራረብናዮም ንስርሒት ኩሎም ወየንትን ምልሻን ይገልፅ እዩ'ም ንቕፅል ኣለና። ወያናይ ኣሚነዮ ብርሃኑ ይበሃል። "14 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ኣነ ዝነበርኩላ ሓይሊ እንድርቃን ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ነይራ። ሽዕኡ ፀላኢ ብኣንፈት ማይጨውን ኣገውን መፂኡና። ሓደ መዓልቲ ኣብ ውግእ ውዒልና። መንእሰይ እውን "ሆ" ኢሉ ኣትዩ። ህዝቢ ማይን እንጀራን ሒዙ ኸቲቱ። በዚ ዝረዓደ ፀላኢ ብፅባሒቱ ሃዲሙ" ይብል። ተስፋ ዘይቖረፀ ፀላኢ ሓይሉ ኣጠናኺሩ 26 ጥሪ 2013 ዓ/ም ናብ

ናብ ገፅ 17 ይዘውር

ባህልን ቱሪዝምን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ምድረ ቀዳሞት፣ መበቆል ስልጣነ!

ትግራይ ልዕሊ ሰለስተ ሽሕዘመናት ታሪኽ፣ ስልጣነን ትውፊትን ቀዳሞት ወለዲ ዘለዋ ዓዲ እያ። ከምኣጋጣሚ ኮይኑ እታ ኢትዮጵያ እትበሃል ዓዲ እትፍለጠሎም ብዙሓት ጥንታውያን ሓድግታት ከምኡ እውን ባህላውን መንፈሳውን ሃፍትታት መበቆሎምን መሰረቶምን ኣብ ትግራይ እዮም። ትግራይ ከምቲ ሐዚ ዘላቶ ቅርፂ ትሕዝቶን ስፍሓትን ግንባር ብዕራይ እንተይኮነትስ ስልጣነታት ዘመነ ኣኽሱም፣ ቅድመ ኣኽሱምን ድሕረ ኣኽሱምን ክንሪኢ እንተለና ክሳብ ደቡብ ዓረብ፣ ሱዳንን ግብፅን ዝበፅሐ ሰፊሕ ግዝኣት ዝነበሮ ጥንታዊ ስልጣነን ስርወ ንግስነትን ዝነበራ ዓዲ ምንባራ ይፍለጥ። ካብዚ ብተወሳኺ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ መበል ራብዓይ ክፍለ ዘበን ብቀዳምነትናብ ኣህጉረ ኣፍሪካ ዝኣተወላ፣ ኣብ ሻውዓይ ክፍለ ዘመን እውን ሃይማኖት እስልምናመእተዊ በሪ እያ።

እዚኦም ውርሻታት ድማ ከምትግራዎት ኣብ ሕድሕድ መዓልታዊ ምንቅስቓስና፣ ባህልና፣ ሃይማኖታዊ ስርዓትና፣ ቋንቋና፣ ኣነባብራና፣ ኣሰራርሓ ምግብናን ገዛናን፣ ኣከዳድናና፣ ቁናኖን ካልኦትን ብቀጥታ ርክብ ኣለዎም። ንኣብነት፣ ህዝቢ ትግራይ መብዛሕቲኡ መዓልታዊ ምንቅስቓሱን ህይወቱን ምስሃይማኖትን ባህልን ተኣሳሲሩ ዝኸደሉ ኩነታት እዩ ዘሎ። ካብ ካልኦት ዓድታት ፍልይ ዘብሎ ድማ መብዛሕትኦም መስሕባትና ምስሃይማኖታዊ ቦታታት ዝተኣሳሰሩ እዮም። ብርክት ዝበሉ ሃይማኖታዊ መስሕባት ዘለውዋ ብፍላይ ድማ ውቕር ኣብያተ ክርስትያናት፣ ፍልይ ዝበለ ዓይነት፣ ቅርፅን ታሪኽን ዘለዎም ገዳማትን መስጊዳትን ይርከብዋ። እዚኣቶም ድማ ምልክታት ምክእኣል፣ ሓድነት፣ ሰላምን ተስፋን እዮም።

ካልእ ትግራይ ቅድመ ክርስትና ናይ ዝነበረ እምነት፣ ኣነባብራን ካልኦትን ኣሰራት ስነ-ጥንቲ ዘመላኽቱ ገና ብምርምራት ዝዓምቁ መስሕባት ስነ-ኳዕቲ (ኣርኪኦሎጂ)፣ ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ሓድግታት ዘለውዋ እያ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ሕድሕድ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ ዝትግበሩ ከምኒ ስነስርዓት መርዓ፣ ሓዘን፣ ኣመጋግባ፣ ሙዚቃ፣ ኣሰራርሓ ገዛ፣ ፀጉርን ኣከዳድናን ዝኣመሰሉ ዘይድህሰሱ ባህላዊ ትውፊታት ኣለዉ። እዚኣቶም ዋላእኳ ምሳና ስለዘለዉ ትኹረት ኣይንሃቦም ግን ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ዓለም ናይ ዝመፁሃወፅትን ተመራመርትን ቀልቢ ዝስሕቡ ፀጋታት ምዃኖም ኣብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ምክትል ቢሮ ሓላፊን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት መፅናዕትን ምርምርን ኣይተ ሃይላይ በየነ የረድኡ፡፡

ካብዚ ሓሊፉ ህዝቢ ትግራይ ብብርኪ ዓለም ዝድነቐሉ ፍልይ ዝበለ ጅግንነታዊ ታሪኽ ዝወነነ፤ ክብሪ ኣይግዛእን በሃላይነት፣ ዘይናቱ ዘይደሊ፣ ሓቅን ማዕርነትን መሰረት ገይሩ ዝነብርን ዝቃለስን ህዝቢ እዩ። ስለዚ ትግራዋይ ኩሉ ግዜ ሕራነን መንፈስ ጅግንነትን ዝፈጥረሉ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ እናተወራረሰ ዝመፀ ኣተሓሳስባን ፍልስፍናን ዘኻዕበቶ ልምድን ባህልን ዝወለዶ እዩ። እዚኦም ሃንደበት ዝተፈጠሩ እንተይኮኑ ናይ 3000 ዓመትን ልዕሊኡን ውፅኢት ምዕቡል ኣተሓሳስባ እንትኾኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገሩን እናተወራረሱን ዝመፁ ምዃኖም ድማ መዛግብቲ ታሪኽ ዝሰነድዎ ሓቂ እዩ። ነዚኦም ንምዕቃብን ናብ ረብሓ ንምውዓልን ብዋናነት ድማ ወሎዶ ታሪኹ፣ መንነቱ፣ ባህሉ፣ ትውፊቱን ሓድግታቱን ብዝግባእ ክፈልጥ ኣብ ህንፀት ዓባይን ልምዕትን ትግራይ ንክውዕሉ ምስራሕ የድሊ። እዚ መሰረታዊ ስራሕ ንምውጋን ድማ ዓርሱ ዝኸኣለ ትካል ክህሉ ስለዝግባእ ነዚ ዘመሓድርን ዝመርሕን መንግስታዊ ቤት ፅዮ ተጣይሽሉ እዩ፡፡

ኣይተ ሃይላይ በየነ ምክትል ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ

ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ብኣዋጅ 261/2007 ዓ/ም ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፀጋታት ቱሪዝም፣ ባህሊ፣ መንነትን ትውፊትን ትግራይ ንምዕቃብ፣ ንምልማዕ፣ ንምፍላጥ ብሓፈሻ ድማ ንረብሓ ህዝቢ ትግራይ ንምውዓል ዝተጣየሸ ዓብዪ ልኡኽ ዝሓዘ መንግስታዊ ትካል እዩ። እዚ ልኡኽ ብምሓዝ ካብዝተጣየሸሉ እዋን ጀሚሩ“ትግራይ መበቆል ስልጣነ”ብዝብል ምልክት ትእምርቲ ንዝሓለፉ ዓመታት ብዘለዎ በጀትን ዓቕምን ምስ ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት ብምውዳድ ዓበይቲ ስራሕቲ እናሰርሐ ይርከብ።

ብመሰረት እዚ ቅድሚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ኣብ ምፅጋንን ምዕቃብን ታሪኻዊ ሓድግታት፣ ኣብ ምጉልባት ባህላውን ሃይማኖታውን ትውፊታትን ካልኦትን ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ ፀኒሖም እዮም። ንኣብነት፣ በቢግዝይኡ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ወሎዶ ባህሉ ክፈልጥ ኣብ ኢንዳስትሪ ኪነ-ጥበብን ስነ-ጥበብን ክነጥፍ ዘኽእሉ መተባብዒ መድረኻትን ፌስቲቫል ኪነ-ጥበብ ትግራይን ይካየድ ነይሩ። ከምውፅኢቱ ድማ ብርክት ዝበሉ ዓቕሚ ዘለዎም መናእሰይ ካብቶም መድረኻትን ፌስቲቫላትን ይወፁ ነይሮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ዕብየት ቋንቋን ስነ-ፅሑፍን ትግርኛ ትኹረት ብምግባር ይስርሑ ብዝነበሩ ስራሕቲ ኣብ ሰሌዳታት ምልክታ (ታፔላታት) ስርዓት ሰዋስው ትግርኛ ተኸቲሎም ክፅሓፉ፤ ኣብ ኣሽማት ትካላት ንግዲ ዝነበረ ምትሕውዋስ ቋንቋ ክስተኻኸል ኣብ ምግባር ፅቡቕ ርሕቐት ተኺይዱ እዩ። ሕድሕድ ትካላት ብመጀመርያ ብቋንቋ ትግርኛ ክፅሕፉ ቀፂሉ ብዝደለይዎ ቋንቋ ክውስኹ ብምርድዳእን ብኣዋጅ እውን ክድገፍ ብምግባርን ሰፋሕቲ ለውጥታት መፂኦም ነይሮም።
ካልእ ምስፅገና ሓድግታት ዋላ እኳ ብባህሪኡ ገዚፍ ዓቕሚ፣ ቴክኖሎጅን ሓይሊ ሰብን ዝጠልብ እንትኾነ ብዝተኸኣለ መጠን ፅቡቓት ስራሕቲ ፅገና እናተወገኑ ፀኒሖም እዮም። ከምኡ እውን ሆቴል ቱሪዝም ኣብ ምትብባዕን ክስፋሕፍሑ ኣብ ምግባርን ብፍላይ ብብርኪ ኮኾብ ዝቕመጡ ነፃ ቐረፅ ክረኽቡ፣ ደረጅኦም ከዕብዩ ድጋፍ እናተውሃቦም ፀኒሑ እዩ። እዚ ማለት ሆቴላት ናብ ስራሕ ምእታዎም ሰፊሕ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣር ብኡ ልክዕ ድማ ምስሊ ህዝቢ ትግራይኣብ ምቕያር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም። ናይዚ ውፅኢት እውን ቅድሚ እቲ ኵናት ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ኣብ ዓመት ልዕሊ 100 ሽሕ ሃወፅቲ (በፃሕቲ ዓዲ) ናብ ትግራይ ይመፁ ነይሮም። እዚ እንትበሃል ትግራይ ብመንፅር እቲ ዘሎዋ መስሕብ፣ ታሪኽን ሓድግን እንትረአ እኹል ዝበሃል ኣይኮነን። እቲ ዝበኣሰ ድማ ኣብ ትግራይ ብዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት እቶም ዝነበሩ ተስፋ ወሃብቲ ምንቅስቓሳትን ተጀሚሮም ዝነበሩ ስራሕትን ከምኡ እውን ይምዝገቡ ዝነበሩ ለውጥታትን ከምዝዓነዉን ንድሕሪት ከምዝተመለሱን ኣይተ ሃይላይ ይገልፁ፡፡

እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ልክዕ ከምቶም ካልኦት ትካላት ትግራይ ኣብ ኢንዳስትሪ ሃፍቲ ቱሪዝም፣ ባህሊ፣ቱሪዝም ንግዲ፣ ሓድግን ካልኦት ፀጋታትን ትግራይ ንምግላፁ ዘሰክፍ ዕንወት ኣብፂሑ እዩ። ምኽንያቱ ፀላእቲ መሬት ትግራይ ንምውራር ጥራሕ እንተይኮነስ ኣንፃር ህላወ፣ መንነት፣ታሪኽ፣ ሓድጊ፣ ትውፊት ብሓፈሻ ኣንፃር ክብርታት ትግራይ እዮም ወፊሮም። እተን ብኣንደበቶም ዝዛረብወን ዝነበሩ ሕድሕደን ብተግባር ፈፂሞምወን እዮም። ንኣብነት፣ “ህዝቢ ትግራይ ካብ ገፀ መሬት ክጠፍእ፤ ዝኾነ ይኹን ዝዝከርሉ ኣሰር ፍፁም ከይህልዎ፤ ትግራዋይ ዝበሃል መንነት ወንጀል ምዃኑ ክእወጅ ኣለዎ” እንትበሃል እንታይ ከምዝደልዩ ንምርድኡ ዘፀግም ኣይኮነን።

“ትግራይ ክበሃል እንተሎ ቋንቋ ትግርኛ፣ ግእዝ፣ ሳሆን ኩናማን እዩ። ትግራይ እንትበሃል ናይ መጀመርያ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን ዝኣተየሉ፤ ልዕሊ 3000 ዘመናት ታሪኽ ዘቑፀረ፣ ፍሉይ ስነ-ልቦናን ክብርታትን ዘለውዎ ህዝቢ እዩ። ስለዚ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ካብ ምድረ ገፅ ክጠፍእ ኣለዎ፡፡ ትግራዋይ መንነት ከምገበን ክቑፀር ኣለዎ እንትበሃል እቲ ተሃቂኑልና ዝነበረ ጥፍኣት ዕላምኡ ማዕረ ክንደይ ምዃኑ ብውነ ምርዳእ የድሊ” ይብሉ። እዞም ፀላእቲ ክብርታትን ሓድግታትን ህዝቢ ትግራይ እንተኺኢሎም ናይ ባዕሎም ክገብርዎ፤ እንተስኢኖም ትርጉም ከዛብዑ፤ እንተኣብይዎም ድማ ከፍጥኡዎ ዓሊሞም ተንቀሳቒሶም ብተግባር እውን ፈፂሞምዎእዮም።

ብዋናነት ኣብ ሓድግታትን ካልኦት ታሪኻዊ ቦታታትን ዝበፅሐ ዕንወት ብኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ዝርዝር መፅናዕቲ ተገይርሉ ኣብ ቀረባ እዋን ዕላዊ ክኸውን እዩ። ከምመርኣያ ግና ኣብ ገዳም ደብረ ዳሞ፣ እምባታት ገርዓልታ ዘለዉ ካብ ከውሒ ተወቒሮም ዝተሃነፁ ኣብያተ ክርስትያን፣ መስጊድ ኣልነጃሺን ካልኦት ታሪኻዊ ሃፍትታትን ትግራይ ኮነ ተባሂሉ ብከበድቲ ብረት ክዓንዉ ተገይሮም እዮም። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከቡ ገዳማት ኣብውሽጦም ዝነበሩ ሃይማኖታዊ መፃሕፍቲ ተቓፆሎምን ተጓሒሎምን። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ሙዝየም ስነ-ኳዕቲ ዝነበሩ ጥንታውያን ሳናቲምን ሃይማኖታዊ ቅርስታትን ብፀላእቲ ተዘሪፎም እዮም። ሙዝየም ሃፀይ ዮሃንስ ራብዓይ መቐለን ሓወልቲ ሰማእታትን እውን ሰፈር ሰራዊት ብልፅግና ክኾኑ፣ ኣብኡ ዝነበሩ ሓድግታት ድማ ክስበሩን ክጓሓሉን ተገይሮም።

ካብዚ ሓሊፉ እቲ ኲናት ኣብቶም ዘይድህሰሱ ትውፊታትን ክብርታትን ህዝቢ ትግራይ እውን ዝለዓለ ዕንወትን በሰላን ክፍጠር ገይሩ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ህፃውንቲ ኣብ ቅድሚ ወለደን ብፀላእቲ ክድፈራ፣ ሰበይቲ ቀሺ ኣብ ቅድሚ በዓል ገዝኣ ክትድፈር ብምግባር ኣብ ስነ-ልቦናን ሃይማኖትን ህዝብና ዝፈጠሮ በሰላ ንምርድኡ ዘፀግም ኣይኮነን። ካልእ ናብ ኣብያተ ክርስትያን መሳጊድን ምስጫማ ብምእታው ምርኻስ፣ ኣብ እዋን ፆም ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን ሕርዲ ምፍፃም፤ ኣብያተ እምነት ከምመዓስከር ሰራዊትን ድፋዓትን ምግባር፤ በዓላት ከይኽበሩ ክልከላታት ምግባርን ዝኣመሰሉ ብዙሓት በደላት ፈፂሞም እዮም። ከምኡ እውን ኣብ ዝሐሸ ምንቅስቓስ ዝነበሩ ሆቴላት፣ መዕረፊ ኣጋይሽ ሎጃትን ካልኦትን እውን ግዳይ እቲ ዕንወት ክኾኑ የገይሩ እዩ፡፡
ብድምር ደመኛታት ፀላእቲ፣ ህዝቢ ትግራይ ካብ ምድረ ገፅ ንምጥፋእ ካብ ዘለዎም ሕዱር ቂም ህላውኡ ኣጥፊኦም ታሪኹ፣ ስልጣንኡን ክብርታቱን ክወርሱ ዘይገበርዎ ግፍዒ የለን። ታሪኽን ስነ-ልቦናን ዘይብሉ ማሕበረሰብ ስሉብን ራእይ ዘይብሉን እዩ ዝኸውን። ፀላእቲ እዚኣ ንምግባር ሓድግታትን ትውፊታትን ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእኮነ ኢሎም ወፊሮም ከቢድ ዕንወት ኣብፂሖም እዮም። እዚ ዝወለዶ ኣብዚ ሐዚ እዋን ከምኒ ሃንጊ፣ ኣብያተ ክርስትያን ምስራቕ፣ ስነ-ምግባር ምሽርሻርን ዝኣመሰሉ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ብስፍሓት ይርአዩ ኣለዉ። ስለዚ እቶም ዝነበሩ ክብርታት፣ ሓድግታትን ትውፊታትን ናብ ንቡር ኣብ ምምላስ፣ ምዕቃብን ኣብ ረብሓ ምውዓልን ናይ ኩሉ ማሕበረሰብ ትግራይ ዋኒን ክኸውን ይግባእ፡፡

ኣብዝቕፅል ሕታምና ብሰንኪ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ዝዓነዉ ሓድግታትን ፀጋታትን ትግራይ ኣብምፅጋን ምሕዋይን ከምቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ዳህሲስና ክነቕርብ ኢና። ሰናይ ቅንያት፡፡

ማይን ኢነርጅን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ኣብ ተጠቃምነት ህዝቢ ዝረበቡ ትካላት

ኣቀማምጣ መሬት ንህንፀትን ህላወን መሰረተ ልምዓት ወሳኒ እዩ። ንኣብነት፣ በረኸቲ ቦታታት ንምስፍሕፋሕ መሰረተ ልምዓት ብፍላይ ንስራሕቲ መንገዲ ልዑል በጀት ይሓትት። እቶም ኣብ ምምላእ መሰረተ ልምዓት ዝነጥፉ ትካላት ገበርቲ ሰናይ እውን መንገዲ ኣብ ዝኣተወሉ ከባቢ ስራሕቶም እንትዓምሙ ይረአዩ። ብምኽንያት እዚ ድማ መንገዲ ዘይኣተዎ ከባቢ ከምፅሩይ መስተ ማይ ዝበሉ መሰረተ ልምዓት ናይ ምርካብ ዕድሉ ዝተሓተ ይኸውን። ነዚ እውን እዩ ኣብ ልዕሊ ኣፀጋሚ መልክዓ ምድሪ ዝነብሩ ክፋላት ሕብረተሰብ ተጠቀምቲ መሰረተ ልምዓት ኣብ ምኧን ዓብይ ፀገም ዝርአ። ነዚ ዛዕባ ዘልዓልናዮ ኣብ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ዘሎ ሕፀረት ፅሩይ መስተ ማይ ምስምምላእ መሰረተ ልምዓት ስለዝዛመድ እዩ። ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ እትርከብ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ልዕሊ 105 ሽሕን በዝሒ ህዝቢ ዝሓዛ 17 ጣብያታት ኣለዋ።

ህዝቢ እታ ወረዳ፣ ቅድሚ ፅንተታዊ ኲናት ማለት እውን ኣብ 2012 ዓ/ም ዝጥቀመለን "ሻለው ዌል፣ ሃንድ ዌል፣ ዲፕ ዌል፣ ስፕራንግ" ዝበሃላ 522 ትካላት መስተ ማይ ነይረንኦ። ኣብቲ ዓመት ብብርኪ ወረዳ ዝነበረ ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ ድማ 53 ምኢታዊ በፂሑ ነይሩ። ይኹን እምበር ኣብ 2013 ዓ/ም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ካብ ዝነበራ 522 ትካላት መስተ ማይ እተን 387 ብወረርቲ ሓይልታት ተሰሪቐንን ዓንየንን ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ኾይነን እየን። ብምኽንያት እዚ ድማ ሽፋን መስተ ማይ እታ ወረዳ ካብ ዝነበሮ 53 ምኢታዊ ናብ 23 ነጥቢ ሰለስተ ምኢታዊ ከምዝወረደ መተሓባበሪ ቀረብ መስተ ማይ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ኣይተ ካሕሳይ ገብረመስቀል ይሕብሩ።

ድሕሪ ኲናት ፅንተት ካብ 2015 ዓ/ም ክሳብ 2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ምምሕዳር እታ ወረዳ ምስትካላት ገበርቲ ሰናይ ስጡም ርክብ ፈጢሩ ትካላት መስተ ማይ እታ ወረዳ ክፅገናን ሓደሽቲ ክስርሓን ፀኒሐን እየን። ናይዚ መርኣዩ "ኦክስፋም" ዝበሃል ገባሪ ሰናይ ትካል ንክልተ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ዝነበራ ብፀላእቲ ዝተቓፀላ ፀጊኑ ንተጠቀምቲ ኣረኪቡ እዩ። ከምኡ እውን መንበረ ሰላማ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ላዕለዋይ ቤተ ክርስትያን ትግራይ ሓሙሽተ ትካላት መስተ ማይ ብምፅጋን ግቡኦም ፈፂሞም እዮም። ብተመሳሳሊ "ኣይ ኦ ኤም" ዝበሃል ትካል ገበሪ ሰናይ ንሸውዓተ ትካላት መስተ ማይ እንትፅግን፣ "ዙኣ" ዝበሃል ገበሪ ሰናይ ድማ 12 ትካላት መስተ ማይ ብምፅጋን ናብ ተጠቀምቲ ክሰጋገራ ገይሩ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ "ኬር ኢትዮጵያ" ዝበሃል ትካል ገባሪ ሰናይ ክልተ ሓደሽቲ ትካላት መስተ ማይ ብምህናፅን 10 ትካላት መስተ ማይ ብምፅጋንን ኣበርክቶ ገይሩ ከምዘሎ ኣይተ ካሕሳይ ይገልፁ። ማሕበር ቀይሕ መስቀል ብወገኑ 20 ትካላት መስተ ማይ፣ "ሴቭ ዘቺልድረን" 112 ትካላት መስተ ማይ ብምፅጋን ህዝባውነቶም ተዋፂኦም እዮም። ማረት ከዓ ኣርባዕተ ሓደሽቲ ትካላት መስተ ማይ ብምህናፅ፣ 23 ከምብሓዱሽ ማየን ብምፅራግ ኲለንተንኦን ብምሕዳስ 50 ትካላት መስተ ማይ ከምዝፀገነት እቶም መተሓባበሪ የረድኡ።

እዞም ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ብገንዘብ እንትትመን፣ ማረት ልዕሊ ሽዱሽተ ሚልዮን ብር ዝግመት ዘውፅኦት እንትትኸውን፣ ብጠቕላላ ኲሎም ትካላት ገበርቲ ሰናይ ንፅገናን ሓደሽትን ትካላት መስተ ማይ ዘውፅእዎ እንትድመር ልዕሊ 25 ሚልዮን ብር እዩ። በዞም ትካላት ዝተዓመሙ ስራሕቲ ፅሩይ መስተ ማይ ከዓ 19 ሽሕን 538 ህዝቢ ተጠቃሚ ፅሩይ ዝስተ መስተ ማይ ኾይኑ ከምዘሎ ኣይተ ካሕሳይ ይገልፁ።

... እቶም ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ዝነኣዱ ኾይኖም ክመሓየሹ ዝግበኦም ፀገማት ከምዘለዉ ድማ ኣይተ ካሕሳይ ኣዋጊዖምና። ንኣብነት፣ እተን ትካላት ማይ ቆፃሪ ስለዘይብለን ብኽነት ማይ ብምኢታዊ ንምቕማጥ ኣፀጋሚ ይኸውን ኣሎ። እቲ ካልእ ክፍተት፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘሎ ዘይምትሕሓዝ መሓውር ጣብያን ወረዳን ዝፈጠሮ ግቡእ ክትትል ስለዘየለ ብኽነት ማይ እናጋጠመ ይርከብ። እቲ ካልእ ፀገም ብብርኪ ወረዳ ኣብ መንጎ ጣብያታት ዘሎ ዘይፍትሓዊ ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ ምህላው እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ጣብያ ምጉላት ክልተ ናቑጣ መስተ ማይ ጥራሕ እንትህልዋ 70 ናቑጣ መስተ ማይ ዘለወን ጣብያታት ኣለዋ። ብፍላይ ኣብ ጣብያታት ምጉላት፣ መርጋሕያ፣ ፃዕዳት ሓምሎን ሃገረ ሰላምን ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ተጓዒዝካ ፅርየቱ ዘይሓለወ ማይ ብምጥቃም ሕብረተሰብ ንማይ ወለድ ሕማማት እናተሳጠሐ ይርከብ።

ብቢሮ ማይን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እታ ወረዳ እንትርአ ድማ ዕለታዊ ድጋፍን ክትትልን ከምዘሎ ኮይኑ፣ ምስመንግስቲ ፌደራል ብምትሕብባር ዝበፅሐ ዕንወት መፅናዕቲ ኣብ ምክያድ መሪሕ ግድኡ ልዑል ከምዝነበረ ካብቶም መተሓባበሪ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። እቲ ቢሮ ክልተ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ዝነበራን በቲ ኲናት ዝተቓፀላን ዓሞቕቲ ጎዳጉዲ (RPS) ሰብ ሞያ ብምምዳብ ኣብ ምፅጋን ዕውት ስራሕ ሰሪሑ እዩ። ተወሳኺ ስራሕ እቲ ቢሮ ኣርባዕተ ተሓቆንቲ ትካላት ፅሩይ መስተ ማይ ናብ ሶላር ብምቕያር ሕብረተሰብ እታ ወረዳ ሓጊዙ እዩ።

ብመሰረቱ፣ ኣመራርሓ መስተ ማይ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ምስኲሎም ኣብታ ወረዳ ኣብ መስተ ማይ ዝነጥፉ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምርድዳእ ኣብ 2017 ዓ/ም ሽፋን መስተ ማይ እታ ወረዳ ናብ ቅድሚ ፅንተታዊ ኲናት ዝነበረ 53 ምኢታዊ ንምብፃሕ ትልሚ ሒዙ ናብ ስራሕ ኣትዩ እዩ። እቶም ትካላት ገበርቲ ሰናይ ድማ ነቲ ዕንወት ዝበፅሖ ንምፅጋንን ሓደሽቲ ንምህናፅን ኣጠናኺሮም ብምስርሖም ቁፅሪ እተን ትካላት ናብ 528 ክበፅሕ ክኢሉ እዩ። በዝሒ እተን ትካላት እንተወሰኻ እኳ ግልጋሎት ዝህባ ዘለዋ ትካላት መስተ ማይ ግና 454 እየን። ካብ 528 ትካላት መስተ ማይ እተን 74 ትካላት መስተ ማይ ፅገና ስለዘድለየን ፅገና እንትግበረለን ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ እታ ወረዳ ዝውስኽ እኳ እንተኾነ ክሳብ መወዳእታ 2017 ዓ/ም ዘሎ ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ ግና 49 ምኢታዊ ከምዝኾነ ኣይተ ካሕሳይ የረድኡ።

ሕብረተሰብ እታ ወረዳ ቅድሚ እዘን ትካላት ማይ

ኣይተ ኣበበ ሃይሉ ነባሪ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ጣብያ ድብላ

ምስርሐን ክፍቲ ካብ ዝኾና ዒላታት፣ ፍልፍላት፣ ወሓዝቲ ሩባታት ወዘተ ክሳብ ክልተ ኪሎ ሜትር እናተጓዓዘ እዩ ዝጥቀም ነይሩ። ሕዚ ብብርኪ ወረዳ ዘሎ ርሕቐት ብማእኸላይ ናብ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ቀኒሱ ኣሎ። ኣብ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ጣብያ ድብላ ስዔት፣ ቑሸት ድብላ፣ ፍሉይ ቦታ ማይ ኣውሊዕ ነባሪ ዝኾኑ ኣይተ ኣበበ ሃይሉ፣ ቅድሚ እዘን ትካላት ማይ ምስርሐን ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ካብ ዝርከብ ጎዳጉዲ ይጥቀም ብምንባሩ ኣደዳ ማይ ወለድ ሕማማት ይኸውን ከምዝነበረን ይዛረቡ። ነባሪት እቲ ቑሸት ወ/ሮ ፀጋ ገብረስላሴ ብወገነን፣ ቅድሚ እዘን ትካላት መስተ ማይ ምስርሐን ካብ ዘዕቐረ ዓሚቕ ቦታን ብውልቀ ሰባት ዝተኹዓታ ጎዳጉድን ይጥቀም ስለዝነበረ ሕብረተሰብ ብሕማማት ይጥቃዕ ምንባሩ ይገልፃ። ሕብረተሰብ ካብ ገዝኡ ተላዒሉ ማይ ሒዙ ክሳብ ዝምለስ እውን ከባቢ ሓደ ሰዓት ዝጓዓዝ ምንባሩ ወ/ሮ ፀጋ ይሕብራ። ሕዚ ዝጥቀሙላ ዘለዉ ትካል ማይ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቒቓ መሊእኻ እትምለሰሉ ኣብ ኣፍ ደገ ገዝኦም ተሰሪሐሎም ከባቢ 35 መራሕቲ ስድራ ብዘይፀገም ፅሩይ ማይ እናተጠቐሙ ምኧኖም የረድኣ።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ እቶም ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ዝነኣዱ ኾይኖም ክመሓየሹ ዝግበኦም ፀገማት ከምዘለዉ ድማ ኣይተ ካሕሳይ ኣዋጊዖምና። ንኣብነት፣ እተን ትካላት ማይ ቆፃሪ ስለዘይብለን ብኽነት ማይ ብምኢታዊ ንምቕማጥ ኣፀጋሚ ይኸውን ኣሎ። እቲ ካልእ ክፍተት፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዘሎ ዘይምትሕሓዝ መሓውር ጣብያን ወረዳን ዝፈጠሮ ግቡእ ክትትል ስለዘየለ ብኽነት ማይ እናጋጠመ ይርከብ። እቲ ካልእ ፀገም ብብርኪ ወረዳ ኣብ መንጎ ጣብያታት ዘሎ ዘይፍትሓዊ ሽፋን ፅሩይ መስተ ማይ ምህላው እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ጣብያ ምጉላት ክልተ ናቑጣ መስተ ማይ ጥራሕ እንትህልዋ 70 ናቑጣ መስተ ማይ ዘለወን ጣብያታት ኣለዋ። ብፍላይ ኣብ ጣብያታት ምጉላት፣ መርጋሕያ፣ ፃዕዳት ሓምሎን ሃገረ ሰላምን ካብ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ተጓዒዝካ ፅርየቱ ዘይሓለወ ማይ ብምጥቃም ሕብረተሰብ ንማይ ወለድ ሕማማት እናተሳጠሐ ይርከብ።

ካሊእ ካብ ፍልፍላት (ስፕሪንግ) ዝተሃነፃ ትካላት መስተ ማይ እንትበላሸዋ ንዕኦን ዝፅግኑ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዘይምርካብ እዩ። ቅድሚ ፅንተት ኲናት ትግራይ ናይ መሃንዲሳት፣ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር፣ መስኖ፣ ዳታ ሎግ፣ ዝበሃላ ኮምፒተራትን ኢንተርኔትን ምሉእ መማረፂ ስለዝነበራ ስራሕቲ ማይ ንምስራሕ ቀሊል ነይሩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ሓንቲ ኮምፒዩተር ጥራሕ ስለዘላ ስራሕቲ መስተ ማይ ብኣግባቡ ንምውጋን የፀግም ኣሎ። ከምኡ እውን ካብ ሰራዊት ትግራይ ዘይተመለሱ ሰራሕተኛታት መስተ ማይ ስለዘለዉ ብዓል ሞያ ዘይብለን ጣብያታት ምስሰብ ሞያ ወረዳ ዘለወን ርክብ ዝተበታተኸ እዩ።

ብመሰረቱ መሰረተ ልምዓት ዝስራሕ ተጠቃምነት ህዝቢ ንምርግጋፅ እዩ። ህዝቢ ድማ ዝለዓለ ተሳትፎ ክገብር ኣለዎ። ብመሰረት እዚ እንትርአ ህዝቢ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ኣብ ህንፀት ትካላት መስተ ማይ ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ እናገበረ ይርከብ። ንኣብነት፣ ሓዱሽ ናቑጣ መስተ ማይ ኣብ ዝህነፀሉ ሕብረተሰብ ሑፃ (ሓሸዋ)፣ ፀፀር (ጃህያ)፣ ንሰብ ሞያ ብጉልበት ምሕጋዝ፣ ሓፁር ምሕፃር፣ ፅሬት እተን ትካላት መስተ ማይ ምክትታል፣ ከይስረቓ ምሕላው፣ ንፅገና ዝውዕል ገንዘብ ምዕቛር ዝመሳሰሉ ስራሕቲ ይሕግዝ እዩ። እዚ ከምሓደ እወንታ ዝውሰድ ኮይኑ፣ ሕብረተሰብ መንግስቲ ወይ ትካላት ገባሪ ሰናይ ሓንቲ ትካል ማይ ሰሪሖም ንተጠቀምቲ እንተኣረኪቦም ሓላፍነት ናይቲ ተጠቃማይ ሕብረተሰብ ምኧኑ ዝሓሸ ግንዛበ ኣብ ምፍጣር ክፍተት ኣሎ። እዚ እውን እታ ትካል መስተ ማይ እንትትበላሾ ንመፀገኒ ተባሂሉ ብዘዋፅኦ ገንዘብ ባዕሉ ኣብ ክንዲ ዘፅግን "ብመንግስቲ ይፀገነልና" ምባል ኣሎ። ኣብዝሓ ኮሚቴ ማይ በቢወርሑ ዝእከብ ገንዘብ ኣብ ትካል ማይክሮ ፋይናንስ ደደቢት ወይ ካልኦት ባንኪ የቐምጥ እዩ። ውሑዳት ግና ነቲ ኣብ እዋን ዕፅዋን ከባን ዝነበረ ካብ ባንክታት ገንዘብካ ዘይምርካብ ኩነታት መበገሲ ገይሮም ኣብ ኢዶም ብምሓዝ ዘጠፋፍኡን ተኸሲሶም ዝመለሱን ኣለዉ።

ጥቕልል ኣቢልኻ እንትርአ፣ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ቀረብ ፅሩይ መስተ ማይ ንምምላእ ዓበይቲ ስራሕቲ እናዓመመ መፂኡ እዩ፣ ሕዚ እውን ዓበይቲ ስራሕቲ እናወገነ ይርከብ። ካብዚ ዝቕዳሕ ፖሊሲ ተሓንጊጡ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ መስተ ማይ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም እውን ብፀላእቲ ዝዓነዋ ትካላት መስተ ማይ ኣብ ምፅጋንን ሓደሽቲ ኣብ ምህናፅን እናነጠፈ ይርከብ። ኮይኑ ግና ሕዚ እውን ቀረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ስለዘይተማልአ ዝለዓለ ስራሕ ይጠልብ። ብፍላይ መሰረተ ልምዓት ኣብ ዘይተማለአለን ጣብያታት ተወለድትን ሰብ ሃፍትን እቲ ከባቢ ብምትሕብባር ምስ ኣብ ፅሩይ መስተ ማይ ዝነጥፉ ትካላት ጥቡቕ ርክብ ብምግባር ነቲ ከባቢ ብዝምጥን ስራሕ ክሰረሐሉ ኣለዎ። ተወለድትን ሰብ ሃፍትን እተን ከባቢታት ከዓ ሃፍትኹም ዋጋ ዝህልዎ ሕብረተሰብኩም ተረባሓይ ዝገብር ስራሕ እንትሰርሑ እዩ እሞ ልክዕ ከምቶም ኣብ ተጠቃምነት ህዝቢ ዝረበቡ ትካላት ኲሉ ካባኹም ትፅቢት ዝግበር ተግባር ክትፍፅሙ ይግባእ።

መጋባእያ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ካብ ክልል ዓፋር (ሓራ መሬት ፀላኢ) ዝተመለሱ ተጋደልቲ

ሌ/ጀነራል ፍስሃ ኪዳኑ (ፍስሃ ማንጁስ) ሓላፊ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ

"ነንባዕልና ኣይንዳመን፤ ናብ ህዝብና ኣይንትኩስን!"

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዓለም ካብ ዝነበሩ ኣርባዕተ ሓያላትን ጥንታዊ ስልጣነታትን (ግሪክ፣ ኣክሱም፣ ፐርሽያን ቻይናን) ዝስራዕ መበቆላዊ ታሪኽ፣ ስነ መንግስትን ስርዓተ ምሕደራን ዝነበሮ ህዝቢ እዩ። እዚ ህዝቢ ኣብ መዋእሉ ንዝኾነ ህዝቢ ወሪሩን ጨፍጪፉን ኣይፈልጥን። እኳ ደኣስ ብወራርን ጨፍጫፍን ተሰዲዶም ንዝመፁ ዑቕባን ከለላን ዝኾነን ህዝቢ ምዃኑ ሰነዳት ታሪኽ ይሕብሩ። ይኹን እምበር ካብ ውሽጢ ይኹን ደገ ከጥፍእዎን ክጭፍጭፍዎን ንዝመፁ ወረርቲ ተምበርኪኹ ኣይፈልጥን ጥራሕ ዘይኮነ ከከምኣመፃፅኣኦም መኪቱን ስዒሩን ህልውንኡ እናውሓሰ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ብፈተናን ሓደጋን ዝተላዕጠጠ ናይ ኣሽሓት ዘበናት ታሪኹ ድማ ኣብ ሓድነቱ ዝፍጠሩ ምልሕላሓት ከቢድ ዋጋ እናኸፈልዎ መፂኦም እዮም።

ኣብዚ ሕዚ ዘለናዮ መዋእል ልፍንታውያን ፀላእቲ ዙርያ መለሽ ከቢቦም ወራር ፅንተት እንትፍፅሙሉ ህዝቢ ትግራይ ቆፍኡ ከምዝተተንከፈ ንህቢ ብሓድነት ሰሚሩ ተቓሊሱ ህልውንኡ ብምውሓስ ሓይልታት ፅንተት ከይፈተዉ ናብ ውዕሊ ሰላም ክኣትዉ ኣገዲዱዎም እዩ። ይኹን እምበር ድሕሪ ኲናት ኣብ ውሽጢ መሪሕነት ውድብ ህወሓትን ግዝያዊ ምምሕዳርን ብዝተፈጠረ ስርገት ፀላእቲ ኣብ ትግራይ ውሽጣዊ ቅልውላው ክፍጠርን ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ክልሕልሕን ምኽንያት ኮይኑ እዩ። እቲ ካብ ልኡኽ ህዝቢ ትግራይ ወፂኡ ፈፃሚ ልኡኽ ፀላኢ ኮይኑ ዝፀንሐ ጠላም ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ፈፂሙ ቀንዲ ስርሑ ዓቕምታት መኸተ ምብታን እዩ ነይሩ። በዚ ድማ መኸተ ህዝቢ ትግራይ ንድሕሪት ንክምለስን ፀላእቲ ብኲናት ዘየዐወትዎ ዕላማ በቲ ዝኸሓደ ሓይሊ ኣቢሎም ከፈፅሙ ብዙሕ ርሕቐት ከይዶም። ነዚ ብኣጋ ዝተረድአ ውድብ ህወሓት ውሽጡ ብምፅራይ ነቲ ልኡኽ ፀላኢ ተሸኪሙ ንህዝቢ ትግራይ ዝሕምስ ዝነበረ ሓይሊ ክሕደት ተጎሲሉ ክወፅእ ገይሩ። ብኡ ግን ኣየብቀዐን።

ሓይሊ ብሄራዊ ክሕደት "ኣነ እንተሞይተላ ዳንዴር ኣይትብቆላ" ከምዝብሃል ሕዚ እውን ሰላምን ሓድነትን ህዝቢ ትግራይ ንምዝራግ ምስፀላኢ ተዋዲዱ ይሰርሕ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ከባብታት ዓፋርን ኣምሓራን ብዝተፈላለየ መንገዲ ዘደናገሮም ተጋሩ መናእሰይ ብምውዳብን ብምዕጣቕን ንወገኖም ክወግኡ ድፍኢት እናገበረ ይርከብ። ነዚ "ገረብ ብሓኸላ!" ዝብል ኣምር ዝተኸተለ ውዲት ፀላእቲ ኣፀቢቑ ዝተገንዘበ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ነንባዕሉ ከዳመ ከምዘይብሉ ዘሎ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ብዘተ ክፍታሕ፤ ብምድንጋር ናብ በረኻታት ዓፋር ዝኸዱ ወገናት መሳርሒ ፀላእቲ ከይኾኑን ብሰላም ናብ ዓዶም ክምለሱን ተደጋጋሚ ፃውዒት ከምዝገበረ ይፍለጥ። ካብዚ ዝብገስ ነቲ ፃውዒት ተቐቢሎም ብርክት ዝበሉ ወገናት ናብ ዓዶም እናተመለሱ ይርከቡ። ነዞም ወገናት ድማ ላዕለዎት ሓለፍቲ ግዝያዊ ምምሕዳርን ሓይሊታት ፀጥታን ትግራይ ኣብ ዝተረኸብሉ መድረኽ እንኳዕ ደሓን መፃእኹም ተዳልዩ ሰፊሕ ዘተን ምርድዳእን ተገይሩ እዩ።

ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ሓላፊ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ሌተናንት ጀነራል ፍስሃ ኪዳኑ (ፍስሃ ማንጁስ)፣ ነቶም ፃውዒት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ተቐቢሎም ናብ ዓዶም ዝተመለሱ ወገናት እንኳዕ ደሓን መፃኹም ድሕሪ ምባል ዝተፈላለለየ ቅሬታታት ዋላ ይሃሉ መበገሲኡ ብዘየገድስ ኣብ ህልውናን ድሕንነትን ዓድናን ህዝብናን ምፍራድን ኣብ ጭርሖ ፀላእቲ ምዕሳልን መሕፈሪ ተግባር ምዃኑ ይገልፅ። መስተንክራዊ ጅግንነት ሰሪሑ ውዕሊ ፕሪቶርያ ክፍረም ዝገበረ ሓይሊ ጨራ ሰላም ምስተፈጠረ ፈረኽረኽ ክብል ኣይግብኦን። ብኲናት ከፅንቱና ዘይከኣሉ ፀላእቲ ሓድነትና ኣላሕሊሕና ድላዮም ንክገብሩ በሪ ክንከፍተሎም የብልናን። ሰላም ናይ ህዝቢ ትግራይ ቆዋሚ ፖሊስን ስትራቴጅን እምበር ታክቲክ ኮይኑ ከምዘይፈልጥ ድማ የረድአ። ሌተናን ጀነራል ፍስሃ፣ ንውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ክንፍርም እንከለና ዘላቒ ሰላም ንምምፃእ እኳ እንተነበረ ዛጊድ እቲ ስምምዕነት ብምሉእነት ክትግበር ከምዘይከኣለ የዘኻኽር። ሕሉፍ ሓሊፉ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ኣጋጣሚ እዚ ተጠቒሙ ቢልዮናት በጀት መዲቡ ዕጥቅና ብውሻጣ ውሽጢ ክሸየጥ፣ ንሕድ ሕድ ተጋዳላይና ገንዘብ እናኸፈልካ ንክፈርስ ተሃቂኑ ብተግባር ብዙሕ ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ የገንዘብ።

ሌተናንት ጀነራል ፍስሃ፣ "ናብዚ መፂእኹም ክትወቕሱና ክንወቕሰኩም እሂን ምሂን ክነበሃሃል፤ ናይ ዝኾነ ኣፈላላይ መፍትሒኡ ሰላማዊ ቃልሲ እዩ ዝብል ብግብሪ ስለዘረጋገፅኩም ምምፃእኹም ብጣዕሚ ኣሐጒሱኒ እዩ። ካልኦት እውን ክስዕብዎ ዘለኒ እምነት ፅኑዕ እዩ። ብኣንፃሩ ድማ ኣብዚ ኮነ ኣብ ዓፋር ተሪፉ ዘሎ ተጋዳላይ ኣብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኮነ ኣብዚ ናይ ሎሚ መኸተ ድፋዕ ኣፍርስ ኢልካዮ ዘፍርስ፣ ክባ ፈንፅሕ እንተተባሂሉ ዝፍንፅሕ፣ ፀላኢ ኣርኪብካ ደምስስ ተተባሂሉ ዝድምስስ ተባዕ፣ ቆራፅን ጅግናን ዝነበረ ናብቲ ዝሰዓሮ ፀላኢ ከይዱ ክሰግድ ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ከምተጋዳላይ ዘሕፍር ነገር የለን። በዚ ድማ ሓዚነ እየ" ይብል። ከምተጋዳላይ "ንስኻ ትረፍ ኣነ ክስዋእ" ዝብል ብፃይነትን ሓልዮትን ተረሲዑ ገንዘብን ስልጣንን ኣማራፂ ክኸውን ምርኣይ መሕዘኒ ምዃኑ ድማ ይገልፅ።

ፀላእቲ ኣብ ጉዕዞ ታሪኽና ዝተርኣያ ሓደ ሓደ ክፍተታት መሰረት ገይሮም ነንባዕልና ንክንባላዕን ክንበታተንን ይሰርሑ ምህላዎም ዝገለፀ ሌተናንት ጀነራል ፍስሃ፣ መጥቃዕቲ ንምፍፃም ሽኸት ኮነ መጋለ ንሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ርሑቕ ኣይነበረን እንተኾነ ግና ከምመራሕቲ ዘጨነቐናን ዘሕሰበናን ጉዳይ ነንባዕልና ክንታኾስን ክንዳመን ስለዘይግባእ ምዃኑ የገንዝብ። ስለዝኾነ መኸተ ወራር ፅንተት ብሓድነትን ፅንዓትን ተቓሊስና ከምዘዐወትናዮ ሕዚ እውን ነታ ገመድ ሓድነት ከምሓዊን ክነጠንክራ እንተኾይንና ዘላ እንኮ መማረፂት ኣብ ሓድነትና ምዕሳል ጥራሕ ምዃና ይገልፅ። ካብዚ ዝብገስ ድማ ፀላእቲ ኩሉ ግዜ ውዳበታትና ከፍርሱ እዮም ዝሰርሑ። ፖለቲካውን ወታደራውን ውዳበታትና እንተፈሪሱ ህዝቢ ትግራይ ክብተን፣ ክስደድ፣ መሬቱ ክቆራረስን ድሕሪ ምግባር ንሶም ኮረቻኦም ኣደላዲሎም ቸቸ ክብልዎ እዩ ሕልሞም። ስለዚ ወፍሪ ኣሉላ መድፍዕ ወይ ድሮን ሒዝና ኣየዐወትናዮን። ሓድነትናን ወታደራዊ ጥበብና ተጠቒምና ኢና ኣዐዊትናዮ። ነዚ ብውነ ተረዲእና ሓድነትና ከፍርሱ ላሕ ዝብሉ ንዘለዉ ፀላእቲ ዕድል ክንህቦም ከምዘይግባእ ሌተናንት ጀነራል ፍስሃ የተሓሳስብ።

ካሊእ ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸበ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ትግራይ ሜጀር ጀነራል ዮሃንስ ወ/ጆወርግስ (መዲድ) ብወገኑ፣ "ሰራዊት ትግራይ ህዝቢ ትግራይ ህልውንኡ ንምጥፋእ ዝተኣወጀ ወራር ፅንተት ንምምካት ዝወደቦ ብምዃኑ ናይ ሓድነትና፣ ሰዓራይነትና፣ ጅግንነትናን ፅንዓትናን ምልክት እዩ" ክብል ይገልፆ። ሰራዊት ትግራይ ኩሉ ዓይነት ፀገምን መከራን ተፃዊሩ ምእንቲ ህላወ ህዝቢ ትግራይ ክባር መስዋእቲ ዝኸፈለ ዉሉድ ህዝቢ ትግራይ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ናይ ሰላምና፣ ህልውናና፣ ታሪኽናን ቀፃልነትናን ዋሕስ እዩ። ብዕላምኡን፣ መትከሉን ኮታስ ብክብርን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ዘይደራደር፣ ኩሎም ፈተናታትን ፀገማትን ትሕቲ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ሰሪዑ ዝቃለስን መስዋእቲ ዝኸፍልን ሓይሊ እዩ። ነዚ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅ ዓቕሚ ዝፈጠረ ሰራዊት ክብትን፣ ከመራስሕ፣ ክናሹ መልሓሱን ኣፉን ዝኸፍት ዝኾነ ሰብ ብህልውና ህዝቢ ትግራይ ዝቖልድ እዩ። ከምቶም ኣብ መንገዲ ሸተተት እናበሉ ብጥቕሚ ዝታለሉ፣ ገንዘብን ስልጣንን መምዘኒኦም ዝኾነ፣ ብውልቃዊ ጥቕሚ ንትግራይ ክሸጥዋ ዝደልዩ ዘይኮነስ ምስሰራዊትናን ህዝብናን ኮይንካ እቲ መኸተ ብዓወት ከምዝዛዘም ኣስሚሩሉ።

ደጀን ፀላእትና ደጀን ህዝቢ ትግራይ ክኸውን ከምዘይኽእል ዝሓበረ ሜጀር ጀነራል ዮሃንስ፣ ምኽሪ ፀላእትና ሰላም ዘምፅእ ዘይኮነስ ምኽሪ ሰይጣን ምዃኑ ይገልፅ። ቀንዲ ዕላማን ድልየትን ፀላእትና ተጋሩ ብጉጅለን ከባብን ተመቓቒልና ነንባዕልና ክንዳመን ክንቃተልን እዩ። እዚ ካብ ጌጋና እናተኣረምና ክነወግዶ ኣለና። ስለዝኾነ ዕላማ እዚ መድረኽ ቂም ወይ ቅሬታ ሒዝካ ንምጥቕቓዕ ዘይኮነስ ንምርድዳእን እሂን ምሂን ተባሂሂልና ኣፈላላያትና ናብ ሓደ እነምፀኣሉን ፀገማትና ከይድገሙ ሓቢርና ንሰርሐሉን እዩ። "ዝኸድኩሞ ቦታ ኣንፃር ህልውና ህዝቢ ትግራይ ምዃኑ ፈሊጥኩም፣ ዝኸድኩሞ መንገዲ መንገዲ ጥፍኣት ምዃኑ ተገንዚብኩም ኣብ ቀፃሊ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ናይ ምርግጋፅ ጉዕዞ ተሳተፍቲ ክትኮኑ ወሲንኩም ብምምፃእኹም ክትምስገኑ ይግባእ" ክብል መደረኡ ዛዚሙ።

ኣብ ሓራ መሬት ፀላኢ ነይሮም ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘቕረበሎም ፃውዒት ተቐቢሎም ናብ ዓዶም ዝተመለሱ ወገናት ብወገኖም፣ "ዕላማ ዘይብሉ ጉዕዞ ከይድና፣ ፀረ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ሰባት ኣጋግዮም ኣሰሊፎምና ግን ድማ ቀልጢፍና ስሕተት ምዃኑ ፈሊጥና ብህልውና ህዝቢ ትግራይ ድርድር የለን ኢልና ናብ ዓድና መፂና" ይብሉ። "ልዕሊ ኣርባዕተ ቢልዮን ቅርሺ መዲቦም ነንባዕልና ከዋግኡና ተሊሞም ይሰርሑ ኣለዉ። ሕዚ እውን "ክነጥፈኣኩም ኢና!" ይብሉና ኣለዉ። ንሶም ምስኢትዮጵያ ኮይንኩም ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ተቓለሱ እዮም ኢሎምና። ንሕና ድማ ንህዝቢ ትግራይ ኣይንጠልምን፣ ኣንፃር መኸተና እውን ኣይቃለስን ብምባል ኢና መፂና። ህዝቢ ትግራይ መሰላቱ ክረጋገፅሉ፣ ሰላም፣ ፍትሕን ዳግመ ህንፀትን ልምዓትን ክረክብ እምበር ዳግም ናብ ኲናት ክኣቱ ኣይንደልን። ስለዚ ፀረ ህዝቢ ትግራይ ክንኮን ኣይንኽእልን። ዉሑዳት ግን ፀረ ህዝቢ ትግራይ ዝተልዓሉ ኣካላት ኣለዉ እዮም። ትግራይ ከምፌስታል ክጭብጥዋ ዝደልዩ ዘለዉ እቶም ካባና ዝኸዱ ፀረ ህዝቢ ትግራይ ዝተሰለፉ ተጋሩ እዮም። ስለዚ እቲ ዝነበረ ክፍተት ምስህዝቦምን መራሕቶምን ተዛቲዮም ብምፍታሕ ምስህዝቦም ኮይኖም ንምቅላስ ከምዝወሰኑ እዮም ዘረድኡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ህዝቢ ትግራይ ብሓድነት ፀኒዑ ጠጠው ኣብ ዝበለሉ መዋእል ብዝኾነ ይኹን ናይ ደገን ውሽጥን ፀላእቲ ክስዓር ከምዘይኽእል ፍሉጥ እዩ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ፀላእቲ ኩሉ ግዜ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምፍራስን ብኡ ኣቢልካ መሊኣኻ ንምብትታን ነንባዕልና ንምድማይን ኣብ ታሪኽና ብዙሕ እናሰርሑ ዝመፁሉ ኲነታት ኣሎ። ሎሚ እውን ህዝቢ ትግራይ መሊኦም ካብ ምድረገፅ ንምጥፋእ ዝሓንፀፅዎ ፕሮጀክት ጥፍኣት ብኲናት ከዕወተሎም ስለዘይከኣለ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ብዝተፈጠረ ሓጓፍ ኢዶም ኣእትዮም ንስንሳትና ናብ ጎንፂ ክንኣቱ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ይኹን እምበር ዘይከምቲ ዝሓሰብዎ እቲ ዝወደብዎ ትግራዋይ ሓይሊ ዕላማ ጥፍኣቶም ምስተረድአ "ነንባዕልና ኣይንዳመን ናብ ህዝብና ኣይንትኩስን!" ብምባል ናብ ዓዱ ይምለስ ኣሎ። እዚ ብእወንታ ዝውሰድ ኮይኑ ሕዚ እውን ግን ዝተረፉ ወገናትና ኣለዉ እዮም። ፀላኢ እውን ነዞም ኣብ ክልል ዓፋር ዓርሶም ሓራ መሬት እናበሉ ኣብ ዝፅውዕዎ (ሓራ መሬት ፀላኢ) ተሪፎም ዘለዉ ወገናትና ገንሸል መጋበርያ ጥፍኣቱ ክገብሮም ይሸባሸብ ኣሎ። ስለዝኾነ ቀልጢፎም ነቒሖም ናብቲ ትኽክለኛ ደጀኖም ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ክምለሱን ዓርሶም ካብ ጥፍኣትን መዝገብ ፀሊም ታሪኽን ከድሕኑ ይግባእ ንብል።

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጦፈኛ

ትግራይ ሰባ ትእኩብ ኣላ!

ልፍንታውያን ሓይልታት፤ ህዝቢ ትግራይ ንምምብርካኽን ካብ ገፅ ምድሪ ንምጥፋእን ዓሊሞም ኣብ 2013 ዓ/ም ዝኸፈትዎ ዕላዊ ኲናት ሳላ ስሙር ሓድነትን ሕቡር ቅልፅምን ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ዝተኣልመ ድግስ ተመኪቱ እዩ። ነቲ ኲናት ፅንተት ብዝገርም ፅንዓት፣ ጅግንነትን ሓድነትን ብምምካቱ ድማ ንሰላም ዝገበርናዮ ፃውዒት ተሓሲሞም ኲናት ዝኸፈቱልና ፀላእቲ፤ ናብ ዘተ ሰላም ክመፁን ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ክፍርሙን ተገዲዶም እዮም።

ይኹን እምበር ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ኣብ ውሽጢ ህወሓት ብዝተፈጠረ ጉጅለ ክሕደት ፖለቲካ ትግራይ ናብ ቅልውላው ክኣትው ክኢሉ እዩ። ስርዓት ብልፅግና ብወገኑ፤ ኣብ ክንዲ ነቲ ውዕሊ ብኣግባቡ ምፍፃም ነቲ ኲነታት ከም ዕድል ተጠቒሙ እቲ ብኲናት ዘይረኸቦ ዓወት ንኽብፅም ብዝሓድሩ ጠላማት ኣቢሉ ሓድነትና በታቲኑ ናብ ረብሕኡ ንምቕያር እናፀዓረ መፂኡን ኣሎን።

እቲ ሕድሪ ሰማእታትን ህላወ ህዝብናን ንጎድኒ ገዲፉ ተልእኾ ፀላእቲ ተሓንጊጡ ውዳበታት ኣፍሪሱ፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝዘርግ ዝነበረን ዘሎን ጉጅለ ክሕደት ብሰላማዊ ቃልሲ መላእ ህዝቢ፣ ኣባልናን ሰራዊትናን ምስ በርዐነ፤ ኣሰላልፍኡ ግልፂ ገይሩ ናብ ስርዓት ብልፅግና ተሓዊሱ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ጉጅለ ክሕደት ሕዚ እውን ባዕሉን ብተለኣኣኽቱን ኣቢሉ ኣብ ውሽጢ ህዝብናን ሰራዊትናን ዝፈጠሮ ፅልዋ ብቐሊሉ ዝርአ ከምዘይኮነን ቐፃሊ ቃልሲ ዘድሊ ምዃኑን ተዓዚበ።

ካብቶም ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝተዓዘብኩዎም ነጥብታት ብዋናነት ምእንተ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ኢልካ ንመስዋእቲ ድልው ኮይንካ ብዙሕ ዋጋ ከፊልካ እንትተብቅዕ፤ ብግዝያዊ ጥቕሚ ተደሊልካ ዝተቓለስካሉ ዕላማ ክሒድካ ምስ ፀላኢ ብምስላፍ ኣብ ዓፋር ኮይንካ ኣንፃር ህዝብን ሰራዊትን ትግራይ ብረት ምልዓል ዋና ትዕዝብተይ እዩ። በዚ መንገዲ እዚ ኣቢሉ ብውልቀ ሰባት ዝፍፀም ክሕደት ክዕዘብ እንተለኹ እቲ ተግባር ንውልቀ ሰብ ካብ ምዃን ሓሊፉ ንህዝቢ ትግራይ ዘዋርድ ተግባር ይመስለኒ። እዚ ተግባር ብዋናነት እቶም ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀሙ ውልቀ ሰባት ዝመርሕዎ ኮይኖም፤ ብኣፃብዕቲ ዝቑፀሩ ገለ ኣባላት ሰራዊት ትግራይን ኣባላት ምልሻን እውን ኣብዚ ቀረባ እዋን ደድሕሪኦም ስዒቦም "ካብ ሓራ መሬት ትግራይ" እናበሉ እንትፍክሩ ተዓዚበ። እዚ ዓብይ ውርደት እዩ። ፅባሕ ናብ ቀልቦም ምስተመለሱ ከሕፍሮም እዩ። ኮይኑ ግና ሕዚ እውን ካብ ጌግኦም ተማሂሮም ንህዝቦም ይቅርታ ብምሕታት ናብ ትግራይ ዝምለስሉ ዕድል ኣሎ። ግዘ ከይወሰዱ ከተግብርዎ ድማ ምኽረይ ይልግሰሎም።

ብርግፅ እዞም ወገናት ገሊኦም ዝተፈላለዩ ገበናት ዝፈፀሙ፤ ገሊኦም ድማ ብውልቃዊ ስምዒታትን ፅልኢታትን ከምኡ እውን ብምድንጋር ዝኸዱ ምዃኖም ካብ ኣንደበቶም ምርዳእ ይከኣል። ግን ድማ እዞም ወገናት መብዛሕቲኦም ተናሲሖም በብመዓልቱ ናብ ህዝቦም ዝመፁ ዘለዉ ምዃኖም ክዕዘብ እንተለኹ፤ ከምሓደ ትግራዋይ ንቅድሚት ዓብይ ተስፋ ይርኣየኒ። ብመሰረቱ እዞም ወገናትና ክርድእዎ ዝግባእ፤ ፀላእትና ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምዝራግን ንምብርካኽን ሃቂኖም ብውሽጥን ደገን ተዋዲዶም ይሰርሑ ከምዘለው እዩ። ነዚ ተረዲኦም ናብ ቀልቦም ክምለሱ ድማ ገዳዲመ ይምዕዶም። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ መሰረታዊ ጉዳይ፤ ነዞም ዝተፈላለዩ ፀገማትን መሰናኽላትን ብኣግባቡ ተረዲእኻ ሰላምናን ብሄራዊ ሓድነትናን ናብ ንቡር ንምምላስ ውድብ ህወሓትን

ካብ ዓፋር ናብ ህዝቦም ካብ ዝተመለሱ ተጋደልቲ ትግራይ ብኸፊል

ግዝያዊ ምምሕዳርን ዝወሰድዎ ተበግሶ ይበል ዘብል ምዃኑ እዩ።

እቶም ንፁር ዕላማ ዘይብሎም ብሓይልታት ፅንተት እናተዓሰቡ ክሳብ ሕዚ ክምለሱ ዘይከኣሉ ኣብ ዓፋር፣ ፀለምትን ካልኦት ከባብታትን ዝርከቡ ወገናትና ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፍካ ከንቱ ሞት ካብ ምሟት ኣሰር ኣሕዋቶም ተኸቲሎም ይቅርታ ሓቲቶም ብሰላም ናብ ዓዶምን ህዝቦምን ክመፁ ትግራይ ትፅውዖም ከምዘላ ክፈልጡ ይግባእ። ብዘይምኽንያት ምስ ዝጨፍጨፈካን ጀኖሳይድ ምስ ዝፈፀመልካን ሓይሊ ተሰሊፍካ ትማሊ ምእንቲ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኢሎምክቡር መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጀጋኑ ሰማእታት ረሲዕኻ ኣንፃር ህዝብኻ ብረት ኣልዒልካ ሰላም ትግራይ ምዝራግ ናብ ውሉድ ወለዶ ዝሓልፍ ታሪኻዊ ውርደትን ገበንን ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ብታሪኽ እውን ተሓታቲ ዝገብር እዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ክሳብ ሕዚ ብስርዓት ብልፅግና ዝተመዛበለ ህዝብናን ዝተወረረ መሬትናን ኣብ እዋን መኸተ ዝነበረ ሓድነትናን ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ መላእ ዓለምን ዝርከብ ትግራዋይ ዘለውዎ ኣፈላላያት ንጎድኒ ገዲፉ ኣብ ብሄራዊ ረብሓታትና ዓሲልና ናብ ዝሓሸን ዝለዓለን ብራኸ ንምስግጋር ትግራይ ዝተበታተነ ሰባ ክትእክብ ከምውድብን ግዝያዊ ምምሕዳርን ዝግበር ዘሎ ፃዕሪ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ ከመሓላልፍ ይደሊ።

ሶሻል ካብ መቐለ

ነቕሰገ ... ካብ ገፅ 13 ዝዞረ

ነቕሰገ ተመሊሱ። ፀላኢ በዝሒ ሰራዊትን ኩሉ ዓይነት ዘመናዊ ኣፅዋርን ነይርዎ። ማይ ማዕዶ ኾይኑ ብመድፍዕን ካልኦት ከበድቲ ኣፅዋራትን ብኣልማሚት ምድብዳብ ጀመረ። ነዚ ተጠቒሙ ነቕሰገ ዝኣተወሉ ዕድል ምስረኸበ ህዝቢ ኣጋፊዑ፣ ቀቲሉ። ሃፍትን ንብረትን ዘሪፉ፣ ኣዕንዩ። ብዙሕ እንስሳት ቀቲሉ። ዝረኸበን ጤለ በጊዕ ሓሪዱ በሊዕወን። ኣብ መንገዲ ዝረኸቦ ሰብ ረሺኑ። እኽልን ካልእ ንብረትን ከም ድልየቱ ወሲዱ። ዝቃፀል ኣቃፂልዎ።

ብድሕሪኡ ብልሽ፣ ገዲዲፎም እንድርቃንን ዓዲ ኮክሒን ኣብ ዝብሃሉ ቦታታት ከበድቲ ውግኣት ከምዘካየዱ ወያናይ ኣሚነዮ ኣዋጊዑና። ኣብዞም ቦታታት ዝተኻየዱ ውግኣት ብርክት ዝበለ ሰራዊት ፀላኢ ቁሱልን ምውትን እንትኸውን ብዙሕ ኣፅዋር ድማ ተማሪኹ። ኣብ ሕድሕድ ውግኣት መስዋእቲ እናኸፈለ ንፀላእቱ እናምበርከኸ እንትጓዓዝ ዝበዝሐ ምልሻን ወያናይን ነቕሰገ ካብ ጥቅምቲ 2014 ዓ/ም ጀሚሩ ናብ ሰራዊት ትግራይ ተፀምበረ።

"ህዝቢ ነቕሰገ መሬቱ መዐንደሪት ፀላኢ ከምዘይትኸውን ኣቕዲሙ ወሲኑ ዝሓደረ ህዝቢ ብምዃኑ ደቁ እውን ናብቲ ቃልሲ ተፀምበሩ። ኣባላት ምልሻ ወረዳ ነቕሰገ ልፍንታውያን ወረርቲ ቅሉዕ ኲናት ክሳብ ዝጅምሩ እዚ ዝብሃል ዕጥቂ ኣይነበሮምን። ሓንቲ ክላሽን ንሽውዓተን /ሸሞንተን ሰባት ዝጥቀምሉ ኩነታት ነይሩ። ነዚ ከም ኣማራፂ ዝወሰደዎ ኣብ ሕድሕድ ግጥም ብዝኸፈልዎ መስዋእቲ ኣቢሎም ካብ ፀላኢ መንዚዕኻ ምዕጣቕ ዝብል ኣማራፂ ሒዞም ተንቀሳቒሱ። ጅግና ወያናይ ኣሚነዮ እንትቕፅል "ኣነ ንባዕለይ ከላሽን ኣይነበረንን። ኣብ እምበጋ ኣብ ዝተገበረ ውግእ ምስብዖተይ ኣትየ ተዋጊአ ክላሽን ሒዘ ወፂአ" ይብል። ካልኦት ወየንትን መናእሰይን እውን ብተመሳሳሊ መንገዲ ከምኡ ገይሮም ከምዝተዓጠቑ የረድእ።

መንእሰይ ነቕሰገ ተራእዩን ተሰሚዑን ብዘይፈልጥ መልክዑ ገሊኡ ጥርሑ ገሊኡ ባህላዊ መሳርሒ ሒዙ ናብ ውግእ ኣትዩ ክላሽን፣ ብሬን፣ ስናይፐርን ካልኦት ኣፅዋራትን ማሪኹ እዩ" ብምባል ጅግንነት መናእሰይ ነቕሰገ ዘዘንተወልና ድማ ተጋዳላይ ሓየሎም ካሳየ እዩ። ተጋዳላይ ሓየሎም ብምቕፃል "እዚ ከም ኣብነት ንምጥቃስ እምበር ብዙሕ ተኣምራዊ ጅግንነት እዩ ተሰሪሑ" ይብል። እዚ መንእሰይ ምስ ምልሻን ወየንትን ነቕሰገ ተሰሊፉ ፀላኢ እናመከተ ድሕሪ ምፅናሕ ናብ ሰራዊት ትግራይ ተፀምቢሩ። ከም ውፅኢቱ ድማ ፀላኢ ዝምክሓሉ ኣብ ዝነበረ ድፋዕ ወልድያ ብሰራዊት ትግራይ እንትስበር መንእሰይና እውን ናብቲ ውግእ ኣትዩ ብምስታፍ ታሪኽ ሰርሐ። ተጋዳላይ ሓየሎም ሽዕኡ ኣብ ዝተገበረ ውግእ ሓደ ዓይኑ ስለዝተወቕዐ ብድሕሪኡ ኣብ ደጀን ኮይኑ ንክቃለስ ብክብሪ ተሰናበተ።

ተጋዳላይ ሓየሎም ነቲ ሕሉፍ ናይ ወራር ኲነታት እንትገልፆ፣ "መንእሰይ ነቕሰገ ብዙሕ ግፍዒ በፂሕዎን ርእዩን እዩ። ኣዴታቱን ኣሕዋቱን ብፀላእቲ ተሓሪደንን ተደፊረንን እየን። ኣብ ማህፀነን ከም ሚስማርን ካልእ ባእድ ነገርን ኣእትየሙለን እዮም። ነዚ ዝረኣየ መንእሰይ ከይወዓለ ከይሓደረ ሓሪኑ። ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቡ ንምርግጋፅ ስልጡና ከይወሰደ ናብ ውግእ ኣትዩ ተኣምራዊ ጅግንነት ፈፂሙ። ሓሙሽተ ምስ 50፣ ሓሙሽተ ምስ ምኢቲ፣ ካብኡ ዝዛየደ እውን ምስ 500 ሰራዊት ፀላኢ ጥራሕ ኢዱ ገጢሙ መስተንክራዊ ስርሒት ፈፂሙ ተዓዊቱ እዩ። ክቕፅል እዩ።

ፍልፍል ሓበሬታ፡- ካብ መፅሄት ወይን ሕታም ቑፅሪ 66 ዝተወሰደ

ትኪ ዓፊንካ... ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

ናብ ግጭት ዝደፋፍእ ተግባራዊ ምንቅስቓሳት ብጭቡጥ እኒህዉ። እዚ ድፍኢት መማረፅን ፍትሕን ዝስኣነ ህዝቢ ድማ ካልእ ኣማራፂ ካብ ምውሳድ ዓዲ ስለዘይውዕል ትፅቢቶም ናብታ ዘዳለዉልና መፃወድያ ኲናት ንኽንኣቱ ዝገብር እዩ። ይኹን እምበር ክፍለጥ ዘለዎ ሓደ ሓቂ ህዝቢ ትግራይ፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ህወሓት፣ ሰራዊት ትግራይ፣ ካልኦት ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ይኹን ካልእ ኣብ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ዘሎ ትግራዋይ ብፍፁም ኲናት ኣይንደልን። ናይዚ መርኣዩ ህወሓት መወዓዕልቲ ሰላም ኮይኑ እንትብቅዕ፣ ኣፍልጦኡ ተሰሪዙ እናሃለወ እኳስ "ውዕሊ ፕሪቶሪያ ፈሪሱ እዩ፤ ይኣኽለኒ" ኣይበለን።

ኩሎም ዓቕምታትን ምልኣትን ህዝቢ ትግራይ እውን እታ ሰላማዊ ቃልሲ ብዝኾነ ምኽንያት ክትሸራረፎ ኣይደልን። ምኽንያታት ፈጢሮም ዝሓስብዎ ክሳብ ዝገብሩ እታ ዕድል ዋላ ነጠብጠብ ትኹን ፀንቂቑ ንምጥቃም እዩ ዝፅዕር ዘሎ። ብመሰረቱ እውን "ውዕል ፕሪቶሪያ ይተግበር" ካብ ዝብል ሕቶ ወፃኢ ናብ ግብዒ፣ ኤርትራ ይኹን ፋኖ ክንከድ ኢና ኣይበልናን። ካብ ፍትሓዊ ሕቶ ወፃኢ ምስ ካልኦት ሓይልታት ኮይንካ ኢትዮጵያ ንምፍራስ ዝግበር ምንቅስቓስ ኣብ ትግራይ የለን። እንታይ ድኣ እዩ ከምዚ ዝገብሮም ዘሎ? ኢሉ እንትሓስብ ከምቲ ፈለማ "ሰሜን እዝ ወቒዖም" ተባሂሉ ምኽንያት ዝተፈጠረልና ሐዚ እውን ውዕሊ ፕሪቶሪያ ንዘይምትግባር፣ ዘይሕቶናን ዘይገበርናዮን እናደርደሩ ናብ ዳግማይ ኲናት ንምድፋእ እዩ። ብኣና ወገን ግን ፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር፣ ኣመራርሓ ውድብ ህወሓት ይኹን ካልኦት ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ ወግሐ ፀብሐ መግለፂ ዘውፅኡሉ ዘለው፣ ሰራዊት ትግራይ ብተደጋጋሚ ዝጠልቦን ዝሓቶን ዘሎ "ሰላም ንፍጠር" ዝብል እዩ። ሰላም ዝፍጠር ግን እታ ሓቢርና ዝፈረምናያ ውዕሊ ፕሪቶሪያ እንትትግበር ጥራሕ እያ። ካብዚ ወፃኢ ዘሳንን ዘረዳድእን ኣይኸውንን። ብቐፃሊ ምፍርራሕ ዝፈረምናሉን ዝፈረምዎን ውዕሊ ከምዘይግደፍ እውን ክፈልጡ ይግባእ።

ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

ደምዳሚ ኣዋጅ ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ህዝቢ ትግራይ!!

ዋሓስ ድሕንነትን ህላወን ትግራይና - ፅኑዕ ሓድነትና !!

ሀ. መእተዊ

ንሕና ብሄረሰባት ኲናማን ኢሮብን ሓዊስካ ካብ ኩሎም ወረዳታት፡ ጣብያታትን ከተማታትን ትግራይ፡ በቢከባቢና ብህዝብና ዝተመረፅና ተወከልቲ ህዝቢ ትግራይ፣ ከምኡ እውን ኩሎም ብሄራዊ ትካላት ትግራይና ማለት እውን ብሄራዊ ፖለቲካዊ ውድባት፣ ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ፣ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብ፡ ትካላት ሃይማኖትን ሲቪክ ማሕበራትን ዝወከልና ብድምር 3067 ደቂ ትግራይ፣ "ህዝባዊ ኮንፈረንስ ንብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ " ብዝብል ዝተሰየመ መድረኽ ቃልሲን "ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ" ብዝብል መራሒ ሓሳብን ብጥምረት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ውድብ ህወሓትን ካብ መስከረም 24-25/2018 ዓ/ም ዝተመርሐ ኣኼባ፤ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ሰሙናት ኣብ መላእ ትግራይ "ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት" ቴማ ናይዝተኻየዱ መድረኻት መዛዘሚ ዝኾነ ኣኼባና ብሓዱሽ መንፈስን ወነን ውዑይ ምይይጥ ኣብ ዘካየድናዮ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ህዝቢ ትግራይና ብሄራዊ ሓድነትና ብዝበለፀ ከም ሓፂን ብዘጠናኽር ኣገባብ ደምዲምና ፃንሒትና ብዓወት ዛዚምና ኣለና።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ቀዳማይ ሚልንዮም መዋዓልትን መወዳደርትን ብስልጣነ ቀዳሞትን ጠንካራ ወታደራዊ ዓቕምን ካብ ዝነበሮም ስልጣነታት ከምኡ እውን ብሄራዊ መንነቶምን ክብሮምን ናብ ዋጋ ዕዳጋ ኣቕሪቦም ዘይደራደሩ ብሄራዊ ህዝብታት ዓለምና ሓደ ከምዝኾነን ትግራይና ድማ ማህፀን ጀጋኑ ከምዝኾነትን ዓለም ብዓለሙ ደጋጊሙ ዘዘንትዎ ዘሎ ህያው ሓቂ እዩ። ማለት እውን ወናኒ ረዚን ታሪኽ፣ ዓመ¤ቕ ባህሊ፣ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም ቋንቋታት (ኲናማ፣ ሳሆ፣ ግእዝን ትግርኛን) ብዓል ቤት ምዕቡል ስልጣነ ይሓ፣ ፑንት፣ ድኣማት፣ ማይ ኣድራሻ፣ ኣኽሱም ወዘተ ከምኡ እውን ካብቶም ፈላሞት ፈጠርቲ፣ ኣርባሕትን ተጠቀምትን ስነ-ዘራእቲ ሓደ ዝኾነ ከምኡ እውን ቀዳሞት ፈላስፋታትን ብዙሕ ዘይተዘረበሉ ተመራመርቲ ስነ-ከዋኽብትን ዝፈጠረ ህዝቢ ከምዝኾነ ፅሓፍቲ ታሪኽን ተመራመርትን ዘረጋግፅዎ ጉዳይ እዩ።

ይኹን ድኣ እምበር ናይ ውሽጢ ዓድን ወፃኢን ወረርቲ ሓይልታት ካብ ቀደም ጀሚሮም መቋረፂ ዘይብሉ ኲናት ኣብ ልዕሊ ህዝብና ስለዘካየዱ፣ ትግራይና ግዳይ ድኽነት፡ ድሕረትን ድንቁርናን ገይሮምዋ እዮም። እዞም ወረርቲ ስልጣነ ታሪኽን ባህሊን ትግራይ ንምጥፋእ ዝፈፀምዎ ስርቅን ዘመተን ከምኡ እውን ብቃላት ንምግላፅ ዘፀግሙ ዘካየድዎም ባርባራዊ ግፍዕታት፤ ማለት እውን ካብ ደቂቀ እስጢፋኖስ ክሳብ ሕዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኻየዱ ኣረሜናዊ ጀኖሳይድ፣ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ዋላ እኳ ሓደ ሺሕ ዓመት ከምሽንቲ ግመል ንድሕሪት ክጉተት እንተገበርዎ ኣብ ብሄራዊ መንነቱን ክብሩን ግና ኣብ ኩሎም ዘበናትን መዋእላትን ንፃት እውን ከምዘይደራደርን ከምዘይምብርከኽን ናይቀዳሞት ወለድና ታሪክ ጅግንነት ብምዝንታው ዝግለፅ ጥራሕ ከይኮነስ ሕዚ ዘሎ ሓዱሽ ወለዶ ትግራይና እውን ዝፀሓፎን ይፅሕፎን ዘሎ ተደማሪ ቅያን እንነብረሉ ዘለና ህያው ኩነታትን ምዃኑ ንኩሉ ግሁድ እዩ።

እንተኾነ፤ ናይ ድሑር ኣተሓሳስባታትን ኣረመኔዊ ተግባራትን ዝወረሱ ብመንግስቲ ብልፅግና ዝምርሑ ናይ ሎሚ ዘበናዎት ጀኖሳይዳዊ ወረርቲ ሓይልታት፤ ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ኩርምቶም ቀርቂሮም ሒዞም ሎሚ እውን መሊኡ ሓራ ከይወፅእ ኩሉ ዓይነት መናውራን ግፍዕታትን ይፍፅሙ ኣለው። ብምኳኑ እንተኸኢሎም ንህዝቢ ትግራይ ካብ ገፀ ምድሪ ትግራይና ድማ ካብ ካርታ ዓለም ንምጥፋእ፣ እንተዘይኪኢሎም እውን ብዕፅዋን ክባን ሰንሰን ኣቢሎም፣ "100 ዓመት ንድሕሪት ክንመልሶ ኢና" ዝበልዎ እኩይ ትምኒቶም ተግባራዊ ብንምግባር ይፅዕሩ ኣለው። ህዝብና ከም ጓል ዛግራ ፋሕ ብትን ንክብል ዝሓልሙ ኣረመኔታት ዘካይድዎን የካይድዎን ካብ ዘለው ፅዕፁዕ ስነ ልቦናዊ ኲናት ሓሊፎም ኣብዚ እዋን ክሳድካ ክንቅንጥበካ መፃእናካ ወሓጥናካ ብምባል ወግሐ ፀብሐ ምውጥዋጥ ነጋሪት ኲናት እናስምዑ ህዝብና ቀሲኑ ዕለታዊ ጣጥኡ ከይውግን ኩሉ ዓይነት መናውራታት ይፍፅሙ ኣለው። ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ፀገም ኣዐርዩ ተሓላሊኹ ዘሎ ብናይ ደገ ወረርቲ እኩይ ተግባር ጥራሕ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፤ ካብ ህዝቢ ትግራይ ተፈጢሮም፣ ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀሙ ተጐጅሎም ዝሰለሙ ናይጥፍኣት ሓይልታት እውን እዩ።

እዚ ብምኳኑ፤ ስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይና ብሓባር ዘውፅእዎ ትልሚ መሰረት ብምግባር፣ ብጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ህወሓትን እናተመርሑ ቅድም ኢሎም ናይዝተኻየዱ መድረኻት መዛዘሚ ኣብ ዝኾነ ክልላዊ ብሄራዊ ኮንፈረንስ እንሳተፍ ዘለና ተወከልቲ ህዝብን ኣካላትን ዘለናሉ ወድዓዊ ኩነታት ድሕሪ ምግምጋም እቲ ዘይተገማታይ መድረኽ ንምስጋር እንኮ መማረፂ ብሄራዊ ሓድነት ምጥንኻር ምዃኑ ደምዲምና ኣለና። ስለዚ ሕዚ ኣብ ግንባርና ተገቲሩ ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህላወ ከቢስና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወጣወጥ ዘሎ ነጋሪት ኲናት ብምትራፍ ሰላም ንምንጋስ ዝኽእሉ መደምደምታ ዝበፃሕናሎምን ዝወሰንናዮምን 13 ዓበይቲ ጉዳያት ብመልክዕ ደምዳሚ ኣዋጅ ከምዝስዕብ ዕላዊ ገይርና ኣለና።

ለ. መደምደምታታት፣ ውሳነታትን ፃውዒታትን ደምዳሚ ኣዋጅ

1) ህዝቢ ትግራይ ካብ ቀደም ካብ ጥንቲ ብረት ኣፈሙዝ ኣልዒሉ ዝወግኦ ህዝብን ወሪሩ ዝገበቶ ናይ እማቱ መሬትን ከምዘየለ ታሪኽ ምስክር እዩ። ትማሊ፣ ሎሚ ይኹን ፅባሕ ባህግን መትከላዊ እምነትን ህዝቢ ትግራይን ተሳተፍቲ እዚ ብሄራዊ ኮንፈረንስን ሰላም ጥራሕን ጥራሕን እዩ። ሕዚ ኣብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዘለዉ ፖለቲካዊ ኣፈላላያትን ፀገማትን ድማ ዘላቒ ፍታሕ ዝረኽቡ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ምዃኑ ንኣምን። ስለዝኾነ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ህዝቢ ትግራይ፣ ቀንዲ ዝዘተናሉ ጉዳይን ዝበፃሕናዮ መደምደምታን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣንፀላልዩ ዘሎ ሓደጋ ኲናት ምትራፍ ምዃኑ፣ ንኩሉ ደላይ ሰላምን ዓለምለኽ ማሕበረሰብን ብዕሊ እንትነፍልጥ፣ እዚ ፅኑዕ መትከላዊ እምነትና ናብ ነገራዊ ሓይሊ ንምቕያር ኩሉ ዓይነት ፃዕሪ ንምግባር ድልዋት ምዃንና ነረጋግፅ።

2) ጥቅምቲ 23/2015 ዓ/ም፡ ኣብ መንጎ ውድብ ህወሓትን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተፈረመ ስምምዕ ፕሪቶርያ ሰለስተ ዓመት ኣቑፂሩ ኣሎ። ይኹን ዳኣምበር ዓበይትን መሰረታውን ጉዳያት እቲ ስምምዕ ኣይተፈፀሙን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብኣንፃሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ዓለምለኽ ማሕበረሰብ፣ ክፍለ ኣህጉራዊ ትካላትን ደላይ ሰላም መድረግቲ ኣካላትን ኣብዝተረኽብሉ ነቲ ስምምዕ ዝፈረመን ልዕሊ 50 ዓመታት ዘቑፀረን ውድብ ህወሓት ኣፍልጦ ሕጋዊ ሰርትፊኬት ከልኪሉን ብብሄራዊ ቦርድ መረፃ ክስረዝ ገይሩን እቲ ስምምዕ ከምድልየቱ ብተደጋጋሚ እናጠሓሶ ይርከብ። ስለዝኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስምምዕ ፕሪቶርያ ንንኒ ገዲፉ፣ ንህወሓት ኣግሊሉን ሰሪዙን የካይዶ ዘሎ ኩሉ ዓይነት ምንቅስቓስ ብጥብቂ ከምእንቃወም ነፍልጥ። ዋላ እኳ ህወሓት ቕድሚ 50 ዓመታት ሕጋዊ ኣፍልጦ ዝረኸበ ብወረቐት ከይኮነስ ብምልኣተ ህዝብናን ሕዚ እውን ካብ ልቢ ህዝቢ ትግራይ ምፍሓቕ ዘይከኣል ምዃኑ ብተግባር ዝተመስከረሉ እንተኾነ፣ ኣፍልጦ ሕጋዊ ሰውነት ህወሓት ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ንዕውዕ።

3) ኣብዚ እዋን ቀንዲ ውራይ ህዝቢ ትግራይ፤ ንዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ብፀሓይ፣ ንፋስ፣ ቁሪ፣ ሓያል ዝናብ ክራማት፣ ኣብ ዝተበጣጠሰ ኣረጊት ቴንዳ ክነብር ተገዲዱ ዘሎ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ተመዛባላይ ህዝብና፣ ኣብ ሱዳን ተሰዲዱ ከርፋሕ ናብራ ዝደፍእ ዘሎ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑፀር ህዝብና ከምኡ እውን ወረርቲ ገቢቶም ኣብዝሓዝዎም ልዕሊ 40% (ኣርብዓ ምኢታዊ) ላዕላዊ ግዝኣት መሬትና ብምሒር ብሄራዊ ሉኣላዊ ይሳቐይ ዘሎ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስን ሓራ ክወፅእን ምግባር እዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብዚ እዋን ናይ ትግራይ ናይ ፅባሕ ተስፋ ዝኾነ ተመዛባላይ ህፃን ወድና ኣብ ዝሓለፉ መዓልትታት ብዝብኢ ተበሊዑ ስነ-ልቦና ህዝብና ሰይሩ እዩ። ነዚ ስቓይ ህዝብና ዝሸከም እንግድዓን ስነ-ልቦናን ድሕሪ ሕዚ ፈፂሙ ክህልወና ኣይግባእን። ብምኳኑ፣ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተመዛበለን ኣብ ስደት ይሳቐይ ዘሎን ህዝብና ድሕንነቱ ተሓልዩ ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ተጎቢጡ ኣብ ትሕቲ ብሄራዊ ዕብለላ ዝነብር ዘሎ ህዝብና ሓራ ክወፅእን ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ሉኣላውነትና ንኽኸበርን ብሄራዊ ሓድነትና ኣደንፊዕና ከምእንረባረብ ቃል ንኣቱ። ኣብዚ መዳይ ካብ ኣፍልጦ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ወፃኢ ዝተፀገመን ዝተመዛበለን ህዝብና ብምድንጋርን ብሽርሕን ንምምላስ ዝግበር እኩይ ምንቅስቓሳት ተቐባልነት ዘይብሉ ምዃኑ እናፍለጥና ኣብዚ መናውራ ኢዶም ዘእተው ሓይልታትን ኣካላትን ካብ ከምዚ ዓይነት ተግባሮም ክቑጠቡ ብጥብቒ ነተሓሳስብ።

4) ንሕና ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተሰብን ኣካላትን ዝወከልና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ፣ ዘለና ፖለቲካዊ ኣፈላላይ፣ ትሕቲ ትግራይናን ህዝቢ ትግራይን ምዃኑ ኣሚንና፤ ሕዚ ዘለናሉ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን ተኻሳሓይን ዘይተገማታይን ንኡስ መድረኽ ምስጋር ዝከኣል ብሄራዊ ሓድነትና ኣጠናኺርናን ከምኣርቓይ ረቢብናን ጥራሕ ምዃኑ ደምዲምና ኣለና። በዚ መሰረት ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ንምድልዳል ብውነን ወነን ንምፍፃም ከምእንረባረብ ቃል ንኣቱ።

5) ስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይና ቅድም ክብል ዝወሰንዎም ውሳነታት ዓቕምና ዘጠናኽሩን ወቕታውን ብምዃኖም ብህፁፅ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ንምቕያር ኣብ ዝግበር ርብርብ እጃምና ከምእነወፊ ቃል ንኣቱ።

6) ካብዞም ዝሓለፉ ልዕሊ ሽውዓተ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ትግራይናን ህዝቢ ትግራይን ዝተኻየደን ሎሚ እውን ብዘይድምፂ ጥይት ብሰላሕታ ዝካየድ ዘሎን ህዝብና መሊኡ ዘጥፍእ ጀኖሳይዳዊ ኲናት፤ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘብፅሖን የብፅሖን ዘሎ ስነ-ልቦናዊ ማህሰይቲ፣ ስነ-ኣእምራዊ ስምብራትን ዓመ¤ቕ ኩሉ መዳያዊ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ቅልውላውን ህዝብና ወዲብና ዓቕሚ ብዘፍቕዶ ናብ ዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ንምእታው ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ዓይነት ፃዕርታት ከምእንገብር ነረጋግፅ።

7) ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመት ብሓፈሻ ኣብ ውሽጥና ዝነበረ ሕማቕ ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ብዋናነት ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ብዝፈፀሞ ጥልመት ምኽንያት ተፈጢሩ ዘሎ ስርዓት ኣልቦነት፣ ኣንሳእሪሮም ብዘለው ኣካብነት ኪራይ፣ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር፣ ከምኡ እውን ፀገማት ፍትሕን ምምሕዳራዊ ውሳነታትን ብብላዕ ኣብ እንዕድገሉ ብጣዕሚ ኣሰካፊ ኩነታት በፂሕና ኣለና። ብሓፂሩ ሎሚ ይረኣይ ዘሎ ዓሞቕቲ ምሸርሻር ክብርታት ትግራይ ሓዊስካ በዞም ኩሎም ፀገማት ህዝብና ኣንፀርፂሩን ተስፋ ቆሪፁን ውዕይ ቃልሲ ከይገብር ዝሑል ማይ ብምኽዓው ሓደጋ ብሄራዊ ህልውናና ጫፍ ገደል ክበፅሕ ገይሮምዎ ኣለው። ስለዚ እዞም ፀገማት መሊኦም ሕድሕድና ክንባላዕ ዝገብሩ ምዃኖም ተረዲእና፣ በብኣካልና ውዳባታትና ብምጥንኻር ኣብ መንበሪና እውን ብመልክዕ ኮሚኒቲ ፖሊሲንግ ተወዲብና ህዝብና ቀሲኑ ብሰላም ክኣቱን ክወፅእን እጃምና ብምውፋይ ትግራይና ንናይ ውሽጢ ዘመትቲ ይኹኑ ንናይ ደገ ወረርቲ ዓዲ እምቢታ ንምግባር ወሲንና ኣለና። ብፍላይ ኣብዚ እዋን ዘሎ ተሓዋዊስካ ናይ ምኳድ ጉዕዞ በቢኣካልና ብገምጋምን ተግባርን ንምዕራይ ከምእንረባረብ ነፍልጥ። ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይን ብሓፈሻ ምስ ህዝብና ብፍላይ ምስ መናእሰይ ትግራይና ተዋዲዶም ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈላለዩ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ዝፍፅሙ ዝነበሩ ገበነኛታት ካብ ዝተሓብእዎ ሽጓጦ እናውፅኡ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ምውዓል ምጅማሮም ተነፃፃሪ ለውጢ ይርኣይ ስለዘሎ ነዚ እወንታዊ ቅዱስ ተግባር ንምብራኽ እጃምና ንምውፋይ ቃል ንኣቱ።

8) ኣብዚ እዋን ብሓፈሻ ስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይን ብሄራዊ ትካላትን፣ ብፍላይ ዋልታን ማእገርን ህዝብና ዝኾነ ሰራዊት ትግራይና ንምብታን፣ ብዋናነት ከቢድ ኩለ መዳያዊ መስዋእቲ ዝተኸፈሎን ህዝቢ ትግራይ መሊኡ ከይጠፍእ ዝገበሩን ዓወታት ህዝባዊ መኸተና ዘመራስሑ ከምኡ እውን ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ወታደራውን ፖለቲካውን መራሕቲ ትግራይና ዝግበር መፀለምታ ሓሶት ፣ ትግራይ ብዘይኣመራርሓ ጥራሕ ኢዳ ኣትሪፍካ ትግራይን ህዝብን ነበረያ ነበረ ንምግባር፤ ወረርቲ ሓይልታትን ሓሻኽሮምን ዝኮኑ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን ዝኣለምዎ እኩይ ውዲት ብጥብቒ ንኹንን። ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ እውን እዞም ነውርን ንቡርን ዘይፈልጡ ኣካላት ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ብሄራዊ ትካላትና፡ ብዋናነት ኣብ ስትራተጂክ ኣመራርሓ ትግራይና፣ ብፍላይ ድማ በቢመድረኹ ባዕለን መስደመም ቅያ ሰሪሐን ጀጋኑ ዋዕሮታትን ሓየታትን ዝፈጠራ፣ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይና ብቐንዱ ድማ ኣብ ልምዓት ጉጅለና ዝፈፀምዎ መሕፈራይ ግፍዕታት ኣጥቢቕና ንኹንኖ። ሕዚ እውን ብውልቀ፣ ብውዳበ፣ ብሚድያን ስውር ኔትዎርክን ዝነዝሕዎ ዘለው መዕነዋይ ናይ ጥፍኣት ፀለመን ኩለ መዳያዊ ጥቕዓትን ብሕጋዊ መንገዲ ስርዓት ንምትሓዝ "ግምት" ዝወስዶም ስጉምትታት ብምድጋፍ እጃምና ከም እነወፊ ቃል ንኣቱ።

9) ቅድሚ ኣዋርሕ ህዝቢ ትግራይ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ጀሚሩዎ ዘሎ ርክብ ናይክልቲኦም ህዝብታት ድሌትን እንኮ ሕርያን ሰላም ምዃኑ ንፈታውን ፀላእን ብግልፂ ኣርእዩ እዩ። ስለዚ፣ እዚ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ሕውነት፣ ምሕዝነትን ሓቢርካ ምዕባይን ዘጠናኽር ዝተቐደሰ ተግባር ብምዃኑ ዘለና ናእዳን ድጋፍን እናገለፅና ተጠናኺሩ ናብ ዝለዓለ ብራኽ ንክሰጋገር እጃምና እነወፊ ምዃንና ነፍልጥ። ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ምስህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ ከይኮነስ ብሓፈሻ ምስኩሎም ብሄር፣ ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ፣ ብፍላይ

☞

ምስጎራብቲ ህዝብታት ዓፋር፣ ኣገው፣ ኣምሓራ ከምኡ እውን ካብ ዝሓለፉ ብዙሕ ዓመታት ጀሚሩ መዕቆብን ሓብሓቢን ህዝብና ዝኾነ ርህሩህ ህዝቢ ሱዳን ርክብና ብዝበለፀ ንምሕያል ዓቕምና ዘፍቀዶ ኩሉ ንምግባር ወሲንና ኣለና።

10) ሉኣላውነት ምርግጋፅ እንተብሃል ግዝኣታዊ ሓድነት ብምምላስ ጥራሕ ዝግለፅ ኣይኮነን። ናይ ህዝቢ ናይ ምውሳን ስልጣን ህያው ምግባር ማለት እውን እዩ። ስለዚ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ህዝቢ ትግራይ ብምግቢ ባዕሉ ክኸእል ኣለዎ። ሕዚ ብዝናብ ክረምቲ ቦቐሉ ዘሎ ዝራእቲ ኣብ ቆፎ ሓረስታይ ክሳብ ዝኣትው ዘሎ ከይዲ ብፍላይ እዋኑ ብዘይሓለወ ዝናብ፣ ብዝተፈላለዩ ባልዓትን ሓሳኹን ከይጥቃዕ፡ ከምኡ እውን ህዝብና ብኽነት ዝዕድሙ ወፃኢታት ክቕንስ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ በብኣካሉ ዘሎ ኣባልና ወዲብና ኣድላይ ሓገዝ ከምእንገብርን ሓረስታይና ቀልጢፉ ናብ ናይ መስኖ ስራሕቲ ክኣቱን እናዘኻኸርና ሰብ ሃብቲ ትግራይን ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ኣብዚ መዳይ ግቡእ ሓገዝ ክገብሩ ንፅውዕ።

11) ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ተፈጢሩ ዝነበረ ሕማቅ ፖለቲካዊ ኩነታት፣ ኣብ ልዕሊ ዲያስፖራ ትግራይና እውን ኣሉታዊ ፅልዋ ብምሕዳር ፣ ውዳበታቱ ክፈርስን ሕድሕዱ ተኸፋፊሉ ብዓይኒ ማዕዶ ክረኣኣይን ገይሩ እዩ። እንተኾነ ሕዚ እቲ በታናይ ኣረኣእያ ተሰይሩ፣ ብሄራዊ ሓድነትና እናጠጠዐ ዝጉልብተሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ስለዚ ዲያስፖራ ትግራይና እውን ዘውዎ ብካልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ኣፈላላያት ንጎኒ ኣወንዚፉ፣ ከምወትሩ ብሄራዊ ሓድነቱ ኣጠናኺሩ፣ ብሓዱሽ ቅኒት ዝገብሮ ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓስ ዓለም ዝመስከረሉ ስጡም ሓድነቱ ዓቒቡ፣ ኣብ ምውሓስን ምርግጋፅ ህልውና ትግራይናን ክረባረብ ፃውዒትና ነቕርብ።

12) ኣብ ትግራይ ናይ ሓሳብን ፖለቲካውን ኣፈላላይ ምህላው ንቡርን ቕቡልን እዩ። እንተኾነ እቲ ዘሎ ኣፈላላይ ሕገ መንግስቲ፣ ካልኦት ሕግታትን ክብርታትን ህዝቢ ትግራይ መሰረት ገይሩ ብዝሰልጠነን ሰላማዊ ኣገባብን ክፍፀም ይግባእ። ካብዚ ወፃኢ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ኣለኒ ብዝብል ጉልባብ ድሌትኻ ብሓይሊ መልጢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንምፅዓን ብረት ኣፈሙዝ ናብ ህዝብናን ሰራዊት ትግራይናን ምቕናዕ ቀይሕ መስመር ምሕላፍ ምዃኑ ክስመረሉ ይግባእ። ስለዚ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ብገርሂ ይኹን ብጉርሒ "ገረብ ብሓኽላ" ብዝብል ብሂልን ብመትከል ከፋፊልካ ምግዛእን መሳርሒ ወረርትን ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን ኮይንኩም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ሰራዊት ትግራይን ጥቕዓት ንምፍፃም ትገብርዎ እኩይ ምንቅስቓስ ብጥብቂ ንኹንን። ብኣንፃሩ ብረት ኣፈሙዝ ኣልዒልኩም ዝነበርኩም ደቂ ትግራይ ስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይና ዘቐረብልኩም ፃውዒት ተቐቢልኩም እቶም እኪይ ድሌቶም ንምርዋይ ክብሉ ኣደናጊሮም ኣዋፊሮምኹም ዝነበሩ ከዳዓትን ጠላማትን ሸርሒ ተረዲእኩም ናብ ዓድኹም ትግራይ ምምላስኩም እናነኣድና ኣብኡ ዝተረፍኩም ድማ ፀሊም ታሪኽ ፅሒፍኩም ካብ እትሓልፉ ሕዚ እውን ኣይረፈደን ኢልኩም ናብ ህዝብኹም ክትምለሱ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ብስም ህዝቢ ትግራይ ደጊምና ፃውዒትና እንትነቕርብ ውዲት ፀላኢን ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን በጣጢስኩም ከምእትምለሱ ተስፋ ብምግባር እዩ።

13) ብደምን ኣዕፅምትን ህዝቢ ትግራይ ዝተጠረያ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘለዋ ሚድያታት ትግራይ፤ ኣብ ወፃኢ ኮይኖም ብሳተላይት ዘመሓላልፉ ሚድያታትን ብውልቀን ብጉጅለን ተወዲብኩም ህዝባዊ መኸተና ኣብ ምዕዋት ዝተረባረብኩም ዩቲበራትን ነጠፍቲ ኦን ላይን ሚድያን ደቂ ትግራይ ከምኡ እውን ሰብ ሙያ ስነ-ጥበብን ስነ-ኪነትን ትግራይ ዝተፃወትክምዎን ትፃዎትዎን ዘለኹም መተካእታ ዘይብሉ ተራ ኣብ ታሪክ ህዝቢ ትግራይ ናይ ባዕሉ ፍሉይ ቦታ ሒዙ ወለዶታት እናተቐባበልዎ ዝነብር ህያው ተግባር እዩ። ሕዚ እውን ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህላወ ንምኽባስ ዕዙዝ ተራ ከም እትፃወቱ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ንተኣማመን ኢና። ብኣንፃሩ፣ ካብ ዕባሕ ስምምዕ ፕሪቶርያ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ ኣንፃር ረብሓ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ጠጠው ኢልኩም ህዝቢ ትግራይ ብከባብያውነት ተኸፋፊሉ ሕድሕዱ ክጨፋጨፍን ብሄራዊ ትካላትና ንክፈርሱን ብቐንዱ ዓወታት ህዝባዊ መኸተና ፀለሎ እናለኸኹም ብምንሻው መርዛም ዘረባ ፅልኢት ትነዝሑ ሚድያታት ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ በሰላ ተዕርፉ ከምዘለኹም ተገንዚብኩም ካብዚ ተግባርኩም ክትቑጠቡ ንፅውዕ። ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ድማ ኣብተን እንኮ ጥሪት ህዝቢ ትግራይ ዝኾና ሚድያታት ቅልጡፍ ምትዕርራይ ንኽግበር ግቡእ ኣመራርሓ ብምሃብ እዘን ሚድያታት ኣብ ጎኒ ዘይተዛዘመ ህዝባዊ መኸተና ክሰለፋን ሙያዊ ስነ ምግባር ጥራሕን ጥራሕን ተኸቲለን ክሰርሓን ኣድላይ ዘበለ ፃዕሪ ክገብር፤ ብኣንፃሩ ኣብ ናይ ጥፍኣት እከይ ተግባር ተሸኺሎም ብስም ነፃነት ሚድያ መዕነዊይ ተግባሮም ንምቕፃል ኣብ ልዕሊ ዝወሰኑ ኣካላት ሚድያ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይና ዝወስዶ ሕጋዊ ስጉምቲ ብምድጋፍ እጃምና ከምእነወፊ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ቃል ንኣቱ።

ሐ. ፃውዒት ንዝተፈላለዩ ኣካላት !!

ፃውዒት ንህዝቢ ትግራይ !!

ኣብ ውሽጢ ዓድን ዝተፈላለዩ ወፃኢ ሃገራትን እትነብር ህዝብና፤ ኣብ ዝሓለፉ ናይ ሞትን ሕውየትን፡ ልዕሊ ሽውዓተ ዓመታት ዘጋጠሙኻ ብቃላት ንምግላፅ ዘፀግሙ ማእለያ ዘይብሎም ፀገማት ተፃዊርካ ንፃት እውን ከይተንበርከኽካ ምዝላቕካ፤ ሕዚ እውን ንሕና ተሳተፍቲ እዚ ብሄራዊ ኮንፈረንስ፣ ደጊምና እንኳዕ ካብዚ ህዝቢ እዚ ተፈጠርና እንትንብል ሓበን ይስመዓና። ብምዃኑ ንዓኻ ወኪልና ዝወሰንናዮም ውሳነታት ዓትዒትካ ሒዝካ ከይውዓለ ከይሓደረ ከምወትሩ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ከምእትቕይሮም ኣየጠራጥርን። ኣብ እትገብሮ ርብርብ ድማ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ግንባር ቀደም ኮይንና እጃምና ከምእነወፊ ነረጋግፀልካ ንፈቱ። በዚ ኣጋጣሚ ብጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ጅሆ ተታሒዝካ ዝነበርካ ነባራይ ዞባ ደቡብ ትግራይ ህዝብና ካብ መስመርካ ፈተኽ ከይበልካ ብዝገበርካዮ መሪር ቃልሲ ሓራ ብምውፃእኻ፤ ኣብ ስደትን ኣብ ትሕቲ ወረርትን ኮይንካ ብፅንዓት ትቃለስ ዘለኻ ነባራይ ዞባ ምዕራብ ትግራይ እውን ህዝብና ንእትገብሮ ዘለኻ ተጋድሎ ዘለና ኽብሪ እንትንገልፅ ሓበን ይስመዐና።

ፃውዒት ንሰራዊ ትግራይ!

ብሓፈሻ ዋልታን ማእገርን ትግራይናን ህዝብናን ዝኾንካ ሰራዊት ትግራይና፤ ኣብዞም ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመት ቁሪ፣ ሃሩር፣ ንፋስ፣ ጥምየት፣ ዕርቃን ብሓፂሩ ተፈጥራውን ሰራሕ ሰብን ፀገማት ከይፈትሑኻ፤ ዕማማት ህዝባዊ መኸተና ብዓወት ከይተኸምበቱ ወይከ ፈተኽ ኢልካ እትጥውሮም ስድራ ቤት ገዲፍካ፤ ብሓፈሻ መርዓን ደርዓን ድሕሪ ዓወት ኢልኩም ኣብ መስርዕኹም ዘለኹም ወለድና፣ ኣሓትናን ኣሕዋትና ዋዕሮታትናን ሓየታትን ደቂ ትግራይና፤ መዘና ኣልቦ ፅንዓትኩምን ጅግንነትኩምን ብኣግባቡ ብዝምጥን ቃላት ንምግላፅ ዋላ ዘፀግም እንተኾነ፣ ሎሚ እውን ከም ትማሊ ብኣኹም ከም እንተኣማመን እንትንገልፅ ክብሪ ይስመዓና። ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ትግራይ ኣብ ጎንኹም ተሰሊፍና ዓቕሚ ብዘፍቀዶ ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ከምእንገብር ቃል እንትንኣቱ በብደረጅኡ ዘሎኹም ኣመራርሓ ዋዕሮታትን ሓየታትን ሰራዊት ትግራይና ድማ ውሳነታትና ብግቡእ ተረዲእኹም ተግባራዊ ከም እትገብርዎ ንተኣማመን።

ፃውዒት ንግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ !!

ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝተውሃብዎ ዓበይቲ ዕማማት ዓትዒቱ ሒዙ ብጊዜ የለን መንፈስ ክፍፅም እናሓተትና ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ብሄራዊ ትካላትና ማለት እውን ከምትእምትን ማሕበር ልምዓት ትግራይን ሓዊስካ ብስትራተጂክ ዓቕምታት ትግራይና ዝተወሰኑ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ጉዳያት ብእዋኑ ስለዘይተፈፀሙ ሓደጋ ብሄራዊ ህላወና ንኸጋደድ ምኽንያት ይኾኑ ኣለው። ስለዚ፤ ንግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ እቶም ውሳነታት ብጊዜ የለን መንፈስ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ክቕይሮም ንፅውዕ።

ፃውዒት ንውድብ ህወሓት !!

ኣብ ዝሓለፉ 50 ናይ ፅንዓት፣ ቃልስን ዓወትን ዓመታት ህወሓት ምልኣተ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኑ ኣዕሲሉ ንዘልኣለም እናተዘንተወ ዝነብር ኩለ መዳያዊ ታሪክን መስተንክር ቅያን ከም ዝሰርሐ ህያው ምስክር እዩ። እንተኾነ ብሓፈሻ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብፍላይ ካብ ፅባሕ ምፍራም ስምምዕ ፕሪቶርያ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ተሸጉጡ ብዝነበረ ከዳዕ ሓይሊ ኣብ ጫፍ ምብትታን በፂሑ ነይሩ። ይኹን ድኣ እምበር ህዝባዊ መስመሩ ዓትዒቱ ሒዙን ወናኒ እቲ ውድብ ዝኾነ ካብ መትከሉ ፈተኽ ዘይብል ፅኑዕ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉን ናይ ሞትን ሕየትን መሪር ቃልሲ ገይሩ ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤኡ ህልውንኡ ኣረጋጊፁ ካብ ጠቕሊልካ ምፍራስ ድሒኑ እዩ። እንተኾነ ሕዚ እውን ኣብ ኣመራርሕኡን ኣባላቱን ዝረኣዩ ማለት እውን ኣካብነት ኪራይ ሓዊስካ ኩሎም ዓይነት ሕመቓት ብዘይምሕረት ተቓሊሱ እዚ ታሪኻዊ ውድብ ክልተ ስጉሚ ንቕድሚት ንክምርሽ ውሽጣዊ ቃልሱ ኣጠናኺሩ ንክቕፅል ንፅውዕ።

ፃውዒት ንብሄራዊ ውድባት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ዲያስፖራ ትግራይን !!

ኣብ ህዝባዊ መኸተና ግቡእኹም ዝፈፀምኩም ብሄራውያን ውድባት ትግራይ፣ ትካላት ሃይማኖት፣ ስቪክ ማሕበራትን ዲያስፖራ ትግራይን ከምቲ ትማሊ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ትግራይና ካብ ሙሉእ ጥፍኣት ዘድሐና ሕዚ እውን ገጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህላወ ንምኽባስ ንሕና ተሳተፍቲ ህዝባዊ ኮንፈረንስ ንብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ዝበፅሓናዮም መደምደምታታትን ውሳነታትን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣንፀላልዩ ዘሎ ኲናት ንምትራፍ ምዃኑ ተረዲእኹም እጃምኩም ክተወፍዩ ንፅውዕ።

ፃውዒት፡ ንብሄር፣ ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ !!

መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይን ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ ህዝቢ ትግራይን ሰላም እዩ። እንተኾነ ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ ሰላም ስለዝበለ ሰላም ኣይነግስን። ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፉ ልዕሊ ሽውዓተ ዓመታት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሰላም ሓሪምዎም፤ ኣብ ዝኸፍእ ሕሱም ናብራ ጥሒሎም ይርከቡ። ብሓፂሩ ኣብዚ እዋን ብሄር፣ ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ግዳይ ሞት፣ ስደት፣ ጥምየትን ሕማምን ኮይኖም ሓሰራ መከራ ክበልዑ ተገዲዶም ዘለውሉ ቀንዲ ምኽንያት መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኩሉ ከባቢታት እታ ሃገር መሰሉ ንዝሓተተ ህዝቢ ብወታደራዊ ግጥም ህዝቢ ንምንብርካኽ መሪፁ መዕለቢኡ ዘይፍለጥ ባርዕ ሓዊ ወሊዑ ይቕፅል ስለዘሎ እዩ። ብምዃኑ ብሄር፣ ብሄረ ሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ፤ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት እታ ሃገር የካይዶ ዘሎ ኲናት ብህፁፅ ጠጠው ኣቢሉ ፀገማት ብዘተ ንምፍታሕ ጥጡሕ ባይታ ንክመቻቹ ድምፅኹም ክተስምዑ ንፅውዕ።

ፃውዒት ንመንግስቲ ኢትዮጵያ !!

ህዝቢ ትግራይ፣ ሰራዊት ትግራይ፣ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተፈራረመ ውድብ ህወሓት፣ ኣብ መኸተ ዝተሳተፉ ብሄራዊ ፖለቲካዊ ውድባት ትግራይ፣ ትካላት ሃይማኖት ሓዊስካ ኩሎም ናይ ስቪክ ማሕበራትን ዲያስፖራ ትግራይን ስምምዕ ፕሪቶርያ ፅባሕ ድሕሪ ዕባሕ ክትግበር እዩ ብምባል፣ ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ብጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን መሻርኽቱን ዝበፅሖምን ይቕፅል ዘሎን ማእለያ ዘይብሉ ዕፅዋን ክባን፡ ዝተነዝሐ ፀለመን ዝተፈተነ ፃሕታራይነት ኲናትን ተፃዊሮም ዓመታት ዘሊቖም ኣለው። እንተኾነ ግና ነዚ ብትዕግስትን ፀዋርነትን ዝሓልፍዎ ዘለው ፀገም ከም ድኽመት ብምቑፃር፡ ፀሊም ደበና ክረምቲ ዝመስል ነጋሪት ኲናት ኣብ ልዕሊኦም ብምንፅልላይ፣ ህዝብና ናብ ሻቕሎት ክኣትው ይግበር ኣሎ። ብወገን ትግራይ ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስ ምእንተ ሰላም ኲናት ንምትራፍ ምዃኑ ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ እንትንገልፅ፤ መንግስቲ ኢትዮጵያ እውን ኣፈሙዝ ብረቱ ንቑልቑል ኣፉ ደፊኡ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ንፖለቲካዊ ዘተ ቅሩብ ክኸውን ንፅውዕ።

ፃውዒት ንህዝቢ ኤርትራ !!

ኣብዚ እዋን ተጀሚሩ ዘሎ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ተጠናኺሩ ንክቕፅልን ናብ ዝለዓለ ብራኸ ንክሰጋገርን ንሕና ተሳተፍቲ ብሄራዊ ኮንፈረንስ እጃምና ከምእነወፊ እንትንገልፀልካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን ኤርትራን ኣንፀላሊዩ ዘሎን ቀርኒ ኣፍሪካ ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ሕምስምስ ዘእቱን ሓደጋ ጥፍኣት ኲናት ብርሕቑ ንምትራፍ ብወገና ዝከኣለና ፃዕሪ ከምእንገብር እንትነረጋግፀልካ ብወገንካ እውን ዋዕ ኢልካ ድምፅኻ ብምስማዕ እጃምካ ክተወፍን ንሰላም ሓቢርና ክንሰርሕን ፃውዒትና ነቕርብ።

ፃውዒት ንዓለምለኸ ማሕበረሰብን ክፍለ ኣህጉራውያን ትካላትን !!

ስምምዕ ፕሪቶርያ ንክፍረም ዝገበርክምዎ ዘይተሓለለ ፃዕሪ ታሪኽ ንዘልኣለም እናዘንተዎ ዝነብር ዓብይ ፍፃመ እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ምፍርራም እቲ ስምምዕ ዘርኣኽምዎ ሓላፍነት ዝተመልኦ ተበግሶን ተወፋይነትን ኣብ ኣተገባብርኡ ክትደግምዎ ኣይከኣልኩምን። ብምዃኑ ህዝብና ግዳይ ሞት፣ ሕማም፣ ጥምየት፣ ማእሰርትን መግረፍትን ካብ ምዃን ሓሊፉ ኣደዳ ድራር ዝብኢ ዝኾነሉ ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ። ካብዚ ብምብጋስ፤ መንግስቲ ሕቡራት መንግስትታት ኣሜሪካ፣ ትካላት ሕቡራት መንግስታት፣ ሕብረት ኣውሮጳ፣ ሕብረት ኣፍሪካ፣ ኢጋድን ዝምልከተኩም ኩለኹም ደለይቲ ሰላም መድረግቲ ኣካላትን ተዓዘብትን ሓሰራ መከራ ህዝብና ንከብቕዕ ሰለስተ ዓመት ዘቑፀረ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምሉእ ብምሉእ ንክትግበር ፖለቲካዊ፣ ሕጋዊ፣ ሰብኣውን ሞራላውን ሓላፍነትኩም ክትዋፅኡ ፃውዒት እንትነቕርብ፤ ናይ ቃል ከይኮነስ ተግባራዊ ምላሽ ብምሃብ ካብ ብታሪኽ ተሓታትነት ንምድሓን ከምእትንቀሳቐሱ ተስፋ ንገብር።

ኣብ መወዳእታ፤ ብሄራዊ ኮንፈረንስና ደሚቑ ብዕውት ኣገባብ ንክዛዘም ከየንቲ ትግራይ፣ ኣካላት ሚድያን ዝሓገዝኩምና ኩለኹም መድረግቲ ኣካላትን ዘለና ናእዳ እናገለፅና፣ ንሕና ተሳተፍቲ ህዝባዊ ኮንፈረንስ ንብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ፣ ሕዚ ኣብ ትግራይና ዝፍጠር ዘሎ ሓድነት ኣበሪኽና፣ ዝወሰናዮም ኩሎም ውሳነታት ቆፂርና ሒዝና፤ ተግባራዊ ንክኾኑ እጃምና ብምውፋይ ትግራይናን ህዝቢ ትግራይን ናብ ምዕራፍ ዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ከምዝሰጋገር ዘለና እምነት ዝለዓለ እዩ። ኣብ ውሽጢ ዓዲን ዝተፈላለዩ ወፃኢ ሃገራትን ዝነብር ህዝብና ድማ ኣብዚ ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ብዝለዓለ ናይ ቃልሲ መንፈስ፣ ብወነን ብውነን ተረባሪቡ ተወሳኺ ሓዱሽ ታሪኽ ከምዝፅሕፍ ብምትእምማን እዩ። ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ሰናይ ናይ ቃልስን ዓወትን ዓመት ክኾነልና ድማ ንምነ።

ዘለኣለማዊ ክብሪ ንኩሎም ስውኣት ደቂ ትግራይ!!
ብሄራዊ ሓድነት - ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይና !!
ትግራይ ትስዕር!!

ተሳተፍቲ 'ህዝባዊ ኮንፈረንስ ንብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ'

25 መስከረም 2018 ዓ/ም
መቐለ

ማህደር ፎቶ

ከተማ መቐለ ኣዳራሽ ሓወልቲ ሰማእታት!

ዞባ ሰሜን ምዕራብ (ብሄረሰብ ኩናማ)

ዞባ ማእኸል (ከተማ ኣኽሱም)

ኮንፈረንስ ዞባ ደቡብ ትግራይ

ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!